# ታሪኽ ህይወተይ

Los Angeles, California, USA

59-0419A

1 ንፀሎት ንሓፂር ግዜ ርእስና ነድንን፡፡

ፀጋ ዝተመላእኻ ሰማያዊ ኣቦና ብሓቂ ንዓኻ ከም ኣምላኽናን መድሓኒናን ክንቀርበካ ዝተውሃበና ፍሉይ መሰል እዩ፡፡ ነዚ ክንደይ ዓቢ ኢኻ ዝብል መስተንክር ዝኾነ መዝሙር ምስማዕና፡ዓብዪ ምኽንካ ስለ ዝፈለጥና እዩ ዘሐጉሰና፡፡ ሎሚ ድሕሪ ቀትሪ፣ ኣብዚ ንዛረበሉ ዘለና እዋን ዕብየትካ ከም ብሓድሽ ክግለፀልና ንፅሊ ኣለና፡፡ ከምኡ'ውን ጎይታ፣ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ንመጀመርታ ግዜ፣ ናብ ሕሉፍ ህይወት ተመሊሰ ከዛረብ ዕድል ስለዝረኸብኩ፣ ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ሓይልን-ከምኡ'ውን ዘድልየኒ ካልእን፣ክትህበኒ እፅሊ ኣለኹ፡፡ ከምኡ ድማ ኣብ ህይወት ዝትጓነፉኒ ኩሎም ጌጋታተይ ንኽልኦት ናባኻ ዘቐርቦም መደያይቦ ጥራይ ይኹን፡፡ ጎይታ ከምኡ ክኾን ፍቓድካ ይኹን፡፡ ሓጥኣን ኣሰር ሕሉፍ ግዜ ብምርኣይ፡ ናባኻ ይመርሑ፡፡ እዚ ብስም ጎይታ ኢየሱስ ንልምኖ፡፡ ኣሜን፡፡

ኮፍ ክትብሉ ትክእሉ ኢኹም፡፡

2 [ሓው ግላሽር ከምዚ ኢሉ፡ "ቅድሚ ምጅማርካ ንዘን መንዲላት ክትፅልየለን ትኽእል ዲኻ?"—ኣዳላዊ] ደስ ይብለኒ ፡፡ ["ዝፅለየሎም እዜኦምን እቲኦምን ኣለዉ፡፡"] ፅቡቕ፡ የቐንየለይ፡ ኩቡር፡፡ እዙ ሕዚ ንገለ ዓመታት ዝፈልጦ ሕያዋይ ሰብ ሓው ግላሽር፡ ትማሊ ምሸት ንእተወሰነ እዋን ምስኡ ናይ ምኽን ፍሉይ ዕድል ረኺበ ነይረ፡፡ ንቐሩብ ግዜ ዕረፍቲ ወሲዱ እልይ ኢሉ ከምዝነበረ ድማ ነጊሩኒ፡፡ ሕጂ ድማ ወዲ ሰብዓን ሓሙሽተን ዓመት በዓል ፀጋ ዕድመ ኮይኑ ናብ ኣገልግሎት ጐይታ ይምለስ ኣሎ፡፡ ከምቲ ቅድሚ ንዙይ ምስማዐይ ዝነበርኩ ፍርቂ ዝኸውን ድኻም እኳ የብለይን፡፡ ደኺመ መሲሉኒ ነይሩ፡ ኣነ ግን—ከም ዝደኸምኩ ኣይኣምንን እየ፡፡ በቃ ኣብዚ ገለ መንዲላት ኣቐሚጡለይ ኣሎ፣ ብመልክዕ ፖስታን ካሊእን፣ ኣብ ውሽጢ ዘለዉን ድሮ ዝተገምጠሉን፡፡

3 ሕዚ ዝኾነ ካባኻትኩም ብራድዮ እትሰምዑ ዘለኹም ፡ ወይ ኣብዙይ ዘለኹም፡ ሓደ ካብዞም መንዲላት ዝደሊ፣ ንስኻትኩም ድማ...ቤተ መቕደስ ኣንጀሉስ ብቐፃሊ፡ ኩሉ ግዜ ይሰድዎም፡፡ ልክዕ ናብዚ ናብ ቤተ መቕደስ ኣንጀሉስ ኢልኩም ክትፅሕፉ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ንሳቶም ድማ ክፅልዩሉ እዮም፣ ምኽንያቱ ኣብ ቃል ኣምላኽ ፅሑፍ ምኽኑ ከረጋግፀልኩም እፈቱ፡፡ ናይ እግዚኣብሄር መብፅዓ እዩ፡፡

ከምኡ ውን ኣነ ኣብ ልዕሊኡ ክፅልየሉ ትደልዩ እንተኾይንኹም፡ ከመይሲ፡ ባህ እናበለኒ ክገብሮ እየ፡፡ በቃ ናብ ፖስታ ቤት ሳፁን 3-2-5፣ 325፣ ጀፈርሰንቪል፣ ኢንዲያና፣ ኢልኩም ፀሓፉለይ፡፡ ወይ ድማ ብዛዕባ ናይ ፖስታ ቤት ቁፅሪ ሳንዱቕ ክትዝክርዎ እንተዘይክኢልኩም፡ "ጀፈርሰንቪል" ጥራይ ኢልኩም ብምፅሓፍ ለኣኽዎ፡፡ ንእሽተይ ከተማ እያ፡ ብዝሒ ህዝባ ኣስታት ሰላሳን ሓሙሽተን ሽሕ እዩ፡፡ ኣብኡ ኩሉ ሰብ እዩ ዝፈልጠኒ፡፡ ስለዚ ድማ ኣብቲ መንዲል ፀሊና ናባኹም ክንሰደልኩም ሕጉሳት ኢና፡፡

4 ከምኡ'ውን፡ ሕዚ፡ ነዚ ኣብ ምግባር ዓብዪ ዓወት ረኺብና ኣለና፡ ምኽንያቱ... ምስኡ ንእሽተይ ናይ ደብዳበ ቅጥዒ ክትህልወኩም እያ፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ሰባት ኩሉ ግዜ ንግሆ ሰዓት ትሽዓተ፡ ሰዓት ዓሰርተው ክልተን ሰዓት ሰለስተን ይፅልዩሉ እዮም፡፡

ከምኡ'ውን ፣ ኣብ ዙርያ ዓለም፣ ነዚ ፀሎት ንምግባር ኣብ ኣየናይ ሰዓት ናይ ለይቲ ይለዓሉ ከም ዘለዉ ክትግምትዎ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ስለዚ እዞም ኩሎም ዓሰርተታት ኣሽሓት፡ ከምኡ'ውን ኣሽሓት ግዜ ኣሽሓት፡ ኣብ ጎኒ እዚ ኣገልግሎት ኮይኖም፡ ንሕማምካ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ናብ ኣምላኽ ፀሎት ይልእኹ እንተኾይኖም፡ ኣምላኽ በቃ ነዚ ክነፅጎ ኣይክእልን እዩ፡፡ ስለዚ ድማ ሕዚ ንሕና፣ ከምቲ ዝብሎ፣ ገንዘብ ክንእክብ ኢልና እንካይዶ መደብ የብልናን፡ ዋላ ሓንቲ ሳንቲም ገንዘብ ኣይንደልን ኢና፡፡ በቃ...ኣብዙይ ዘለና ናኣኹም ክንሕግዝ ኢልና ኢና፡፡ ንሕና ድማ... ሓደ ሰብ ካልእ እኩብ መንዲላት ሒዙ ይመፅእ ኣሎ፡፡

5 ሕዚ፡ ክትሰድዎ እትደልይዎ መንዲል እንተዘይብልኩም፡ድሓን፡ ብዝኾነ ፀሓፉልና፡፡ ንሕዚ ዘየድልየኩም እንተኾይኑ ፡ ኣብ መፅሓፍ ቅዱስ፡ መፅሓፍ ግብሪ ሃዋርያት፣ መበል 19 ምዕራፍ ኣቕምጥዎ፡፡ ንእሽተይ ፃዕዳ ሪባን እትመስል ክትስደደልኩም እያ፡ ከምኡ ውን ብመጀመርታ ከመይ ጌርካ ሓጢኣትካ ክትናዘዝ ከምዘለካ ዝገልፅ መምርሒታት ክስደደልኩም እዩ፡፡ ከምኡ ውን (የቐንየለይ) ከመይ ጌርካ ሓጢኣትካ ከም እትናዘዝ፡፡ መጀመርታ ምስ ኣምላኽ ቅኑዕ ከይኮንካ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ነገር ክትረክብ ፈፂምካ ክትፅዕር የብልካን፡፡ ተረዲእኩም ዶ? ኣብ ከምዙይ ዝበለ ንንረባብትኻ ከምኡ ድማ ንፓስተርካ ክትፅውዕ መምርሒ ተዋሂቡ እዩ፡፡ ኣንፃር ዝኾነ ሰብ ኣብ ልብኻ ነገር እንተሎ፡ብመጀመርታ ከይድኻ ኣዐሪኻዮ፡ ተመለስ፡፡ ደሓር ከኣ ፀሊ፣ ኣብ ገዛኻ ናይ ፀሎት ኣኼባ ግበር፣ ነዛ መንዲል ድማ ኣብ ትሕቲ ከዳንካ ግበራ፣ ድሕሪኡ ኣምላኽ ከም ዝሰምዐካ እመን፡፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት ሰለስተ ድማ ኣብ መላእ ዓለም ዝፅልዩ ሰባት ኣለዉ እዮም፥ ኣብ መላእ ዓለም ናይ ፀሎት ሰንሰለት ኣሎ፡፡

6 ሕዚ ድማ ናትኩም ግደ እዩ፣ ፍፁም ብነፃ ስለዝኾነ፡ ምስዳድ ጥራይ እዩ ዘለኩም፡፡ ከምኡ'ውን- ሕዚ'ውን፡ ንዓኻትኩም ንምድናቕ ወይ ገለ ዘለና መደብ ክንነግረኩም ኢልና ኣይክንፅሕፈልኩምን ኢና፡፡ ንመደብ ክትድግፉዎ ንደሊ ኢና፡ ግን ኣይብልናን-ንስኹም ክትድግፍዎ ዘድሊ መደብ የብልናን፡፡ ግልፂ ድዩ? ስለዚ ንስኻትኩም...ኣድራሻኻትኩም ንምርካብ ደሊና ኣይኮነን፣ በቃ ንኣኻትኩም ንምስትእንጋድን ናይ ጎይታ ኣገልግሎትን ጥራይ ስለዝኾነ እዩ ክንቅፅሎ እንፍትን ዘለና፡፡

ሕዚ ርእስና ነድንን፡፡ እቶም ብራድዮ እትከታተሉ እንተሃሊኹም ድማ መንዲልኩም ኣብኡ ዘርግሕዎ፡ እናፀለና ከለና ኢድኩም ኣብ ልዕሌኡ ኣንብሩ፡፡

7 በዓል ብዙሕ ፀጋ ዝኾንካ ጎይታ ንዘን ናብ ሕሙማትን ኣብ ስቓይ ናብ ዝርከቡን ዝስደዳ ኣናእሽተይ ቁርፅራፅ ዓለባ ናባኻ ነቕርበን ኣለና፣ ምናልባት ገሊኣን ንእሽተይ ናይ ህፃን ክዳን ዝመስላ እየን፣ ወይ-ወይ ገለ ንእሽተይ ትሕቲ ስረ ዝግበር ናይ ውሽጢ ዓለባ፣ ወይ ምናልባት ንእሽተይ ፅምዲ ካልሲ፣ ወይ-ወይ ገለ ነገር፣ መንዲል፣ ክመስላ ይኽእላ እየን፡፡ ጎይታ ከምዚ እንገብር ዘለና ከም ቃልካ እዩ፡፡ መንፈስካ ኣብ ልዕሊ እቲ ሰብኣይ ከም ዘሎ ስለ ዝኣመኑ፡ ካብ ኣካል ባርያኻ ጳውሎስ መንዲልን ኣፓሮንን ከም ዝወሰዱ ኣብ መፅሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ነንብብ፡፡ ርኹሳት መናፍስቲ ድማ ካብ ሰባት ወፁ፡ ንሳቶም ስለ ዝኣመኑ ስቓይን ሕማምን ድማ ሓዲግዎም፡፡ ሕዚ ድማ ጎይታ ቅዱስ ጳውሎስ ከምዘይኮንና ተረዲእና ኣለና፣ ግን ንስኻ ዘይተለወጥካ ኢየሱስ ከም ዝኾንካ ንፈልጥ ኢና፡፡ እምነት ናይዞም ሰባት ከተኽብር ድማ ንፅሊ ኣለና፡፡

8 ሓደ እዋን ድማ እስራኤል ንኣምላኽ ክእዘዙ ኣብ ዝፈተኑሉ እዋን ኣብ መፃብብ ምስ ኣተዉ፡ ባሕሪ ኣብ ቅድሚኦም ኣሎ፡ የማነ - ፀጋም ኣኽራን ኣሎ፣ ሰራዊት ፈርኦን ድማ ይቐርብ ነበረ፡፡ ሓደ ድማ ከምዚ ኢሉ ኣሎ፣ "ኣምላኽ በቲ ዓንዲ ሓዊ ኣቢሉ፣ ብቑጥዐ ኣዒንቲ ንታሕቲ ጠመተ፣ ባሕሪ ድማ ፈሪሑ ንድሕሪት ተመሊሱ፣ ንእስራኤል ናብ ምድሪ ተስፋ ዝሰግረሉ መንገዲ ገበረ፡፡"

ኦ ጎይታ፡እዞም ቁራፃት ዓለባ እዚኣቶም ንመዘከርታ ህያው ቃልካ ኣብ ልዕሊ ኣካላት እቶም ሕሙማት ምስተነብሩ፡ እንደገና ንታሕቲ ጠምት። እቲ ሕማም ድማ ምእንቲ ክፈርሕሲ፡ምእንቲ እዚ ንምትዕራቕ ኢሉ ብዝሞተ ብደም ወድኻ ኢየሱስ ርኣዮ። ፀላኢ ድማ ፈሪሑ ይህደም፣ እዞም ሰባት እዚኣቶም ድማ ናብቲ ናትካ ድልየት ዝኾነ “ልዕሊ ኩሉ” “ብጥዕና ክንስስን” ዝብል መብፅዓ ይሰጋገሩ። ኣቦይ፡ ከምኡ ሒዝና ኢና እንሰዶ — እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ኣብ ልብና ሒዝና ኢና እንሰዶ እሞ ከመኡ ክኸውን ፍቓድካ ይኹን። ዕላማና ድማ ንሱ እዩ። ብስም ኢየሱስ ክርስቶስ ሰዲድናዮ ኣለና። ኣሜን።

የቐንየልና ሓው ግላሸር። የቐንየልና ኩቡር።

9 ሕዚ ሎሚ ምሸት መዕፀዊ ናይዚ ክፋል ተሃድሶ ብምዃኑ ክፍኖ ድዩ ኣይክፍኖን ኣይፈለጥኩን፡ ግን (እንተዘይኮይኑ) ብራድዮ ንዝከታተሉ ክብሎም ዝፈቱ፡ እዚ ሓደ ካብቶም ንኣዝዩ ብዙሕ ዓመታት ዝገበርክዎም ብሉፃት ኣኼባታት ምዃኑ እዩ። ንነዊሕ እዋን ካብ ዝፀናሕኹዎ ረዚን፡ ድሙቕ፡ ኣዝዩ ፍቕራዊ፡ ምትሕብባር ዝመልአ ኣኼባ እዩ።

10 [ሓደ ሓው ከምዚ ኢሉ “ክሳብ ሰዓት ኣርባዕተን ርብዒን ኣብ ኣየር ኣለና ሓወይ። ንሳቶም ድማ ፣ ኣብ መላእ ደቡባዊ ካሊፎርንያ፣ ናብ ደሴታት ወፂኦም፣ከምኡ ድማ ኣብ መራኽብ ኮይኖም ይሰምዑኻ ኣለዉ። ካብኦም መልእኽቲ ንረክብ ኣለና። ስለዚ ድማ ብኣሽሓትን ዓሰርተታት ኣሽሓትን ዝቖፀሩ ሰማዕቲ ረኺብካ ኣለኻ።”—ኣዳላዊ] የቐንየለይ ኩቡር። ብጣዕሚ ፅቡቕ እዩ። ንዙይ ብምስማዐይ ደስ ኢሉኒ። እግዚኣብሄር ንኹልኹም ይባርኽ።

ብርግፅ ድማ ንቤተ መቕደስ ኣንጀሉስ፡ ንሙሉእ ወንጌል ኢየሱስ ክርስቶስ ደው ዝበሉ ብምዃኖም፣ ወትሩ ኣብ ልበይ ውዑይ ቦታ ነይሩኒ እዩ። ከምኡ'ውን፡ ሕዚ፡ ንሱ- ሕዚ ዝያዳ ናይ ባዕለይ ኮይኑ ይስመዐኒ ኣሎ። ከምዚ ይመስል፣ ምስ ኩሉ ሰብ ድሕሪ ምርኻበይን ፅቡቕ መንፈሶም ምስ ረኣኹን፡ ካብቲ ዝነበርክዎ ንላዕሊ ሓደ ካባኻትኩም ጥራይ እየ ዝመስል። እግዚኣብሄር ይባርኽኩም ፀሎተይ እዩ። ከምኡ'ውን... [ተዓዘብቲ የጣቕዑ —ኣዳላዊ] የቐንየለይ፡ ብሕያውነት።

11 ሕዚ፡ ሎሚ ብገለ መልክዑ ቁሩብ ክዛረበኩም ደልየ ዘለኹ ብዛዕባ ታሪኽ ህይወተይ እዩ። እዚ ሓደ-ንኣይ ከቢድ ነገር እዩ። ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ከቕርቦ ዝፍትን እዚ ንመጀመርታ ግዜ ክኸውን እዩ። ከምኡ'ውን ገለ ክፋሉ ጥራይ እዩ እምበር ብዝርዝር ክኸይድ ግዜ ኣይክረክብን። ከምኡ'ውን፡ ኣብዙይ፡ ብዙሕ ጌጋታት ፈፂመ፣ ብዙሕ ጌጋ ዝነበረ ነገራት ፈፂመ እየ። ኣነ ድማ ንስኻትኩም እቶም ብራድዮ እትከታተሉን ኣብዙይ ዘለኹምን፣ ንጌጋታተይ ከም መዐንቀፊ-እምኒ ዘይኮነስ ናብ ጎይታ ኢየሱስ ከቕርበኩም ዝኽእል መሰጋገሪ-እምኒ ጌርኩም ክትወስድዎ ተስፋ ኣለኒ።

12 ድሕሪኡ፡ ሎሚ ምሸት፣ እተን ንኣገልግሎት ፈውሲ ዝኾና ናይ ፀሎት ካርድታት ክወሃባ እየን። ሕዚ ብዛዕባ ናይ ፈውሲ ኣገልግሎት ክንዛረብ ከለና፣ ንሓደ ሰብ ክንፍውስ ማለት ኣይኮነን። “ንሓደ ሰብ ክንፅሊ” ማለት እዩ። ፈውሲ ኣምላኽ እዩ ዝገብሮ። በቃ ኣምላኽ ነኣይ ፀሎተይ ዝምልስ ኣዝዩ ለዋህ እዩ።

ኣብዚ ገለ ቅድሚ ቁሩብ ግዜ ምስ ናይ ሓደ ፍሉጥ ወንጌላዊ ሓላፊ ድማ ይዛረብ ነይረ፣ ከምኡ'ውን—እዚ ወንጌላዊ ስለምንታይ ንሕሙማት ዘይፀለየ ተባሂሉ ድማ ተሓቲቱ። እቲ ወንጌላዊ ድማ ተመሊሱ ነቲ-እቲ ኣካያዲ ኣኼባታተይ፡ “እንተ...” በለ እዚ ወንጌላዊ ኣብ መለኮታዊ ፈውሲ ይኣምን እዩ። ንሕሙማት ክፅሊ እንተዝጅምር ግን ብቤተክርስትያናት ስለዝምወል ኣገልግሎቱ ምተቛረፀ። ብዙሓት ኣብያተ ክርስቲያናት፡ ብዙሓት ካብኣተን ድማ ብመለኮታዊ ፈውሲ ኣይኣምናን እየን።

ስለዚ ንቱ ወንጌላዊ ክብርን ኣኽብሮትን ኣለኒ፣ ምኽንያቱ ንሱ ቦታኡ፡ ናይ ግቡእ ስልጣኑ ይሕሉ ኣሎ። ምናልባት ክኸውን ይኽእል እዩ...ኣነ ኣብ ክንድኡ ክሕዝ ፈፂመ ኣይክእልን እየ፡ ንሱ ድማ ኣብ ቦታይ ክሕዝ ይኽእል ድዩ ኣይኽእልን እጠራጠር። ኩላትና ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ቦታ ኣለና። ኩላትና ብሓባር ተፀንቢርና ኢና። ዝተፈላለየ ውህበት፡ ግን ከኣ ሓደ መንፈስ።ክብሎ ዝደለኹ፥ዝተፈላለየ ምግላፃት፡ ግን ሓደ መንፈስ።

13 ከምኡ'ውን፡ ሕዚ፡ እዚ ናይ ሎሚ ምሸት ኣገልግሎት ክጅምር'ዩ...እቲ ናይ መዝሙር ምረኢት ሰዓት ሽዱሽተን ሰላሳን ይጅምር ዝበሉ ይመስለኒ። ከምኡ'ውን፡ ሕዚ፡ እቶም ብራድዮ እትከታተሉ ዘለኹም፡ ንዙይ ስምዕዎ። ንሱ እዩ...ፅቡቕ ክኸውን እዩ፣ ኩሉ ግዜ ፅቡቕ እዩ።

ደሓር ከኣ ኣብዙይ እንተ ሃሊኻን ናይ ፀሎት ካርድ እንተደሊኻን ድሕሪ እዚ ኣገልግሎት እዙይ፡ እተን ናይ ፀሎት ካርድታት ብቕፅበት ክወሃባ እየን ክብል እደሊ፣ ልክዕ እዚ ኣገልግሎት ምስ ተዛዘመ። ቅድሚ ቁሩብ ደቓይቕ፡ ወደይ ወይ ኣይተ መርሲየር ወይ ኣይተ ጎድ፡ ናይ ፀሎት ካርድ ክህቡ ከም ዝኾኑ መምርሒ ተዋሂቡኒ ነይሩ። ኣብ መንበርኩም ጥራይ ፅንሑ። እቲ ኣገልግሎት ምስ ተዛዘመ፡ እቶም ኣወዳት ብመስመር ኣቢሎም ወሪዶም ነተን ዝወሃባ ናይ ፀሎት ካርድታት ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፎም ምእንቲ ክእክብወን፡ ኣብ መንበርኩም ጥራይ ፅንሑ። እዚ ኣብ ሰገነት ወይ ኣብ መሬት፡ ኣብ ዝኾነ ቦታ፡ ኣብ ታሕተዋይ ደርቢ ወይ ኣብ ዝሃለኹምዎ ቦታ ሃልዉ፡ ኣብ መንበርኩም ጥራይ ፅንሑ እሞ እቶም ኣወዳት ኣብዚ ንፀሎት ካርድ ከም ዝመፃእኹም ክፈልጡ እዮም። ደሓር ከኣ ሎሚ ምሸት ንሕሙማት ክንፅሊ ኢና። ጎይታ ሓሳባተይ እንተዘይቀይሩ ድማ ሎሚ ምሸት ብዛዕባ እቲ “ንኣቦ እንተ ኣርኢኻና ከዕግበና እዩ” ዝብል ኣርእስቲ ክሰብኽ እደሊ ኣለኹ።

14 ሕዚ ንሎሚ ድሕሪ ቀትሪ ዝኸውን ጥቕሲ ከንብብ ይደሊ ኣለኹ፣ ንቱ ታሪኽ ህይወት ንመጀመሪ ዝኸውን ጥራይ ፣ ኣብ መፅሓፍ እብራውያን መበል 13 ምዕራፍ ዝርከብ ኮይኑ፡ ኣብዚ ንጀምር ብዛዕባ...ብዛዕባ መበል 12 ጥቕሲ ዘሎ ክብል እየ።

ኢየሱስ እውን ንህዝቢ ብደሙ ምእንቲ ኽቕድስ፡ ኣብ ወፃኢ እታ ኸተማ መከራ ተቐበለ። እምበኣር ንሕናውን ንሱ ዝተቐበሎ ውርደት ፆይርና ናብ ወፃኢ ሰፈር —-ንኺድ። ነታ እትመፅእ ደኣ ንፅበ ኣለና እምበር ኣብዙይ ነባሪት ከተማ የብልናን።

ሕጂ ከምኡ ዓይነት ፅሑፍ እዩ። ምኽንያቱ፡ ርኢኹምዎ ኣለኹም፡ ዛንታ ህይወት እንተኾይኑ፣ ወይ ንወዲ ሰብ ዝምልከት ዝኾነ ነገር እንተኾይኑ፣ ንሱ ኣይነኽብሮን ኢና፣ ብፍላይ ድማ ናይ ሰብ ሕሉፍ ፣ እሞ ኸኣ ከምቲ ናተይ ዝበለ ዝነበረ ፀልማት እንተኾይኑ። ኣነ ግን፡ ነቲ ፅሑፍ እንተ ኣንቢብናዮ፡ ኣምላኽ ነቲ ፅሑፍ ክባርኾ እዩ ኢለ ሓሲበ። ሓሳበይ ድማ፡-

ነታ እትመፅእ ደኣ ንፅበ ኣለና እምበር ኣብዙይ ነባሪት ከተማ የብልናን።

15 ሕዚ፡ ንሎስ ኣንጀለስ ኣዚኹም ከም እትፈትውዋ ፈሊጠ ኣለኹ። ከምኡ ክትግብሩ ሓቅነት ኣለኩም። ዓባይ፣ ፅብቕቲ ከተማ እያ። ዒግታ፣ ፃዕቕን ከመኡ ዝመሰለን ኣለዋ፣ ከምኡ ኮይናውን ፅብቕቲ ከተማ እያ፣ ፅቡቕ ኩነታት ኣየር ኣለዋ። እዛ ከተማ ግን ክትቅፅል ኣይትኽእልን እያ፣ መወዳእታ ክህልዋ እዩ።

ኣብ ሮምን (እቶም ዓበይቲ ሃፀያት ዝነበሩላ) ኣብተን ክሃንፅወን ከለዉ ከም ዘይሓልፉ መሲለነኦም ዝነበራ ከተማታትን ተረኺበ ርእየ ነይረ፣ ሎሚ ፍራሰን ንምርካብ እኳ ክሳብ ዒስራ ጫማ ንታሕቲ ምኹዓት የድሊ።

ፈርዖናት ዓበይቲ ንግስነቶም መስሪቶሙሉ ኣብ ዝነበረ ቦታ ከይደ ርእየ ኣለኹ፣ እቶም ዓበይቲ ፈርኦናት ዝገዝኡሉ ቦታ ክትረክብ ድማ ኣብ መሬት ምኹዓት የድልየካ።

ኩላትና ብዛዕባ ከተማናን ቦታናን ክንሓስብ ንፈቱ። ግን፡ ኣስተውዕሉ፣ ነባሪ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

16 ንእሽተይ ወዲ ከለኹ ናብ ሓንቲ ዓባይ ኦም ሜፐል እኸይድ ነይረ። ኣብ ዓደይ ብዙሕ ተሪር ዕንጨይቲ ኣለና። ደሓር ከኣ እዚ ኦም ሜፐል፡ ሽኮር ሜፐልን እቲ “ተሪር ሜፐልን” “ልስሉስ ሜፐልን” ኢልና እንፅውዖን ነይሩና። እዛ ዓባይ ግዙፍ ኦም፡ እታ ዝፀበቐት ኦም እያ ነይራ። ካብ ግራት ክኣቱ ከለኹ ድማ፡ ኣብ ሓሰርን-ከምኡ'ውን ቀውዒታትን ክሰርሕ ውዒለ፡ ናብዛ ዓባይ ኦም ክኸይድን-ኣብ ትሕቲኣ ድማ ኮፍ ኢለ-ንላዕሊ ክጥምትን ደስ ይብለኒ ነበረ። ዓበይቲ ሓያላት ጨናፍራ ድማ ኣብ ንፋስ ክወዛወዙ ይርኢ ነይረ፣ ዓብዪ ገዚፍ ጉንዲ። ኣነ ድማ ንባዕለይ “ትፈልጥ ዶ፡ እዛ ኦም እዚኣ ንኣማኢትን ኣማኢትን ዓመታት ኣብዚ ከም እትፀንሕ እኣምን እየ” በልኩ። ቅድሚ ነዊሕ ዘይኮነ እዋን ነታ ኣረጊት ኦም ርእየያ ነይረ፡ ብደዋ ነቒፃ እያ ረኺበያ።

“ኣብዚ ነባሪት ከተማ የብልናን እሞ።” ኣይፋልን፣ ኣብዚ ምድሪ እትርእዮ ነገር ኣይቅፅልን እዩ። መወዳእታ ክህልዎ ኣለዎ። ኩሉ መዋቲ ዝኾነ ንዘይመውት መንገዲ ክህብ ኣለዎ። ስለዚ ፅርግያታትና ክሳብ ክንደይ ፅቡቐ ንሃንፅ፡ መዋቕራትና ክሳብ ክንደይ ፅቡቕ ጌርና ንሰርሕ ብዘየገድስ፡ ኩሉ ክኸይድ ኣለዎ፡ ምኽንያቱ ኣብዚ ክቕፅል ዝኽእል ነገር የለን። እቲ ዘይርአ ጥራይ እዩ ዝቕፅል።

17 እታ እንነብረላ ዝነበርና ገዛ ይዝከረኒ፣ ብጭቃ ዝተሸፈነት ናይ ቀደም ናይ ዕንጨይቲ ገዛ እያ ነይራ። ኣነ...ምናልባት ብዙሓት ብጭቃ ዝተሸንከረ ገዛ ርእዮም ኣይፈልጡን ይኾኑ። ኩሉ ግን ብጭቃ ተሸንኪሩ ነበረ፣ እቲ ኣብቲ ናይ ቀደም ገዛ ዝነበረ ዓበይቲ ገዘፍቲ ዕንጨይቲ ብምርኣይ ድማ፣ እታ ገዛ ንኣማኢት ዓመታት ደው ክትብል እያ ኢለ ሓሲበ ነይረ። ግን፡ ትፈልጡ ዲኹም ! ሎሚ እቲ ገዛ ደው ኢሉሉ ዝነበረ ቦታ ፕሮጀክት ኣባይቲ እዩ። ኣዝዩ ዝተፈለየ እዩ። ኩሉ ይቕየር ኣሎ። ግን...

18 ኣነ ድማ ኣቦይ ይርእዮ ነይረ፣ ንሱ ቁሩብ ሓፂርን ስጡምን ሰብኣይ እዩ ነይሩ፣ ኣዝዩ ሓያል እዩ ነይሩ፣ ካብቶም ዝፈልጦም ሓያላት ኣናእሽተይ ሰብኡት ድማ ሓደ እዩ። ምስ ኣይተ ኩትስ፡ ኣብ ዕንጨይቲ ዝሰርሓሉ ዝነበረ መተዓይይቱ ተራኺበ፡ ንሱ ቆራፂ ዕንጨይቲ እዩ ነይሩ፡ ኣይተ ኩትስ ድማ ኣዝዩ ንፉዕ ዓርከይ እዩ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ቀዳመይቲ መጥምቀ መለኮት ቤተክርስትያን ዲያቆን እዩ፡ ቅድሚ ሓደ ዓመት ኣቢሉ ድማ—-ንሱ ድማ “ቢሊ፡ ናይ ብሓቂ ሓያል ሰብ ክትከውን ይግባእ” በለኒ። ኣነ ድማ “ኣይፋልን ኣይኮንኩን ኣይተ ኩትስ” በልክዎ።

ንሱ ድማ “ናይ ኣቦኻ እንተትሕዝስ ምኾንካ” በለኒ። “ኣነ ሚእትን ኣርብዓን ፓውንድ ዝምዘን ሰብኣይ፡ ትሽዓተ ሚእቲ ፓውንድ ዝምዘን ዕንጨይቲ በይኑ ኣብታ ጋሪ ኺፅዕን ርእየ” በለ። እወ፣ ኣቦይ ከመይ ጌሩ ከም ዝገብሮ ይፈልጥ ነይሩ። ሓያል እዩ ነይሩ። ድራር ክበልዕ ኣደይ ምስ ፀውዐቶ ናብቲ ቦታ ክኣቱን ክሕፀብን ከሎ ይርእዮ ነይረ።

19 ከምኡ'ውን ኣብ ቅድሚት መረባና ሓንቲ ነባር ኦም ኣፕል ነይራትና፡ ድሕሪኡ ድማ ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ኣናእሽትይ ኣብ ጎድኒ ናብ ድሕሪት ገዛና ነበራ። ልክዕ ኣብታ ማእኸለይቲ ገረብ ድማ ሓደ ናይ ቀደም ዝመስል መስትያት ነበረ፣ ተሰቢሩ ነበረ፣ መስትያት፣ ዓብዪ እዩ። ብገለ መሳምር ድማ ኣብታ ኦም ክስመር ተገይሩ ነበረ። ከምቲ ገለ ካባኻትኩም ፀረብቲ ክዛረቡ እትሰምዕዎም “መንጠልጠሊ ካቦት” ከም እትብልዎ ዓይነት ማለት እዩ። ነቲ መስትያት ኣብ ቦታኡ ንምሓዝ እታ ምስማር ተጠውያ ነበረት። ሓደ ናይ ቀደም ካብ ሓፂን ዝተሰርሐ መዘርገፍ ድማ ነበረ። ክንደይ ትኾኑ ናይ ቀደም ካብ ሓፂን ዝተሰርሐ መዘርገፍ...እቲ ናይ ቀደም ካብ ሓፂን ዝተሰርሐ መዘርገፍ ርኢኹም እትፈልጡ? በቃ ክርእዮ ይኽእል እየ።

ደሓር ከኣ ንእሽተይ እንሕፀበላ ጣውላ ነበረት፡ ኣብ ትሕቲኣ ንእሽተይ ዝቐይነነት እግሪ ዘለዋ ንእሽተይ ፀፍሒ ጥራይ ዘለዋ ነበረት፡ ኣብታ ኦም ከኣ ተጣቢቓ ነበረት። ኣብኡ ንእሽተይ ነባር ማይ ቀዲሕና እነውፅኣላ መቕድሒት ነበረት፡ ኣብ እግሪ እዛ ነባር ኦም ድማ ንሕፀብ ነበርና። ማማ ድማ ካብ ተረፈ እኽሊ ወሲዳ ፎጣ ትሰርሕ ነይራ። ካብ ተረፈ እኽሊ ዝተሰርሐ ፎጣ ተጠቒሙ ዝፈልጥ ሰብ ኣሎ ድዩ? ፅቡቕ ሕዚ ዳርጋ ኣብ ገዛይ ከምዘለኹ ኮይኑ ከም ዝሰምዓኒ ርግፀኛ እየ። እተን ዓበይቲ ዝበለያ ሓርፋፋት ፎጣ ድማ! ንኣና ኣናእሽተይ ቆልዑት ክትሓፅበና ከላ ድማ፡...ኣብ ነፍሲ ወከፍ እትሓፅበሉ እዋን ነቲ ቆርበትና ትገፎ ዝነበረት ኮይኑ ይስምዓ ነይሩ። ንታ ብላይ ካብ ተረፈ እኽሊ ዝተሰርሐት ፎጣ ድማ ይዝከራ። ገለ ካብቲ ፈትሊ ድማ ስሒባ ኣውፂኣ፡ ኣናእሽተይ ዝራረት ብምስራሕ ክተመላኽዖ ትፍትን ነይራ።

20 ክንደይ ትኾኑ ኣብ ልዕሊ ካብ ሓሰር ዝተሰርሐ ፍርናሽ ደቂሶም ትፈልጡ? ፅቡቕ፡ ክብሎ እየ—ክብል እየ! ክንደይ እዮም ብቆርበት ዝተሸፈነ መተርኣስ እንታይ ምዃኑ ዝፈልጡ? ፅቡቕ፡ ግላሽር ሓወይ፡ ሕዚ ኣብ ገዛ ከምዘለኹ ርግፀኛ እየ! ካብ ሓሰር ዝተሰርሐ ፍርናሽ፡ ፅቡቕ፡ ኣነ ካብ ከምኡ ዝበለ ካብ ዝወፅእ ነዊሕ ኣይኮነን፡ ንሱ ድማ...እዋይ፡ ንሱ-ፅቡቕ መደቀሲ እዩ፡ ዝሑል። ሽዑ ኣብ እዋን ክረምቲ ነቲ ናይ ቀደም ሓርፋፍ ዓራት ወሲዶም ኣብ ልዕሊኡ ይድቅሱ፣ ትፈልጡ ኢኹም፣ ድሕሪኡ ድማ እቲ በረድ ኣብቲ—እቲ—ኣብቲ ገዛ ዝነበረ ስንጥቆታት ስለ ዝኣቱ ኣብ ልዕሊና ቁራፅ ሽራ ከንብሩ ኣለዎም፣ ትፈልጡ ኢኹም፣ እቲ ናይ ቀደም መሸፈኒ ናሕሲ ንላዕሊ ዝቕልቀለሉ፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ እቲ በረድ ድማ ብእኡ ዝፀርግ። ከምኡ'ውን፡ ኣየ፡ ነዚ ኣፀቢቐ ክዝክሮ እኽእል እየ።

21 ደሓር ከኣ ኣቦይ መላፀዩ ዝኸውን ብራሽ ነይርዎ። ኣነ...ሕዚ እዚ ክርደኣኩም ደልየ እየ። ካብ ናይ ዒልቦ ሱማ ዝተሰርሐ ኮይኑ፡ ካብ ናይ ዒልቦ ሱማ ዝተሰርሐ ናይ መላፀዩ ብራሽ እዩ። ነቲ ኣደይ ዝሰርሐቶ ሳሙና ወሲዱ፡ በቲ ካብ ናይ ዒልቦ ሱማ ዝተሰርሐ ናይ መላፀዩ ብራሽ ገይሩ ኣብ ገፁ ኣንቢሩ የዕፍሮ፡ ብዓብዪ ነባር ቀጥ ዝበለ መላፀ ገይሩ ይላፅዮ። ሰንበት ድማ ነቲ-እቲ- ቁራፅ ወረቐት ይወስዶ፣ ኣብ ኳሌታኡ ይጣበቕ፣ ሴሉሎይድ ኮላር ተኸዲኖም ኣብ ዙርያ ኳሌታ ከምዚ ጌሮም የቐምጥዎ፣ እቲ-እቲ-እቲ ዓፍራ ኣብ ኳሌታ ሽሚዙ ከይኣቱ። ከምኡ ክግበር ርኢኹም ትፈልጡ ዲኹም? ስለምንታይ፡ ዝገርም ዝገርም!

22 ኣብ ትሕቲ ገዛና ንእሽተይ ነባር ዓይኒ ማይ ከምዝነበረት ይዝከረኒ፣ ዝስተ ማይ ክነምፅእ ንኸይድ ኔርና፣ ማይና ድማ ካብ ነባር ዓብዪ ሓምሓም ንቐድሕ ነይርና። ክንደይ እዮም ማይ መቕምጢ ሓምሓም ርእዮም ዝፈልጡ? ደሓን ክንደይ እዮም ካባኻትኩም ካብ ኬንታኪ ዝኾኑ፡ ብዝኾነ? እወ ፅቡቕ፡ ኣብዚ ኬንታኪውያን ጥራይ እዮም ዝረኣዩ ዘለዉ። ፅቡቕ፡ ናተይ፡ ኣነ ኣለኹ-ልክዕ ኣለኹ ኣብ...ኣብዚ ዘሎ ኩሉ ኦኪስን ኣርኪስን መሲሉኒ ነይሩ፡ ግን ኬንታኪ ኩላ ኣትያ ዘላ ትመስል። ፅቡቕ፡ ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ኣብ ኬንታኪ ነዳዲ ወቒዖም ነይሮም፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ስለዚ ምናልባት ገለ ካብኣቶም በዚ መንገዲ ዝመፅእ ዘሎ ክኸውን ይኽእል እዩ።

23 ደሓር ከኣ ይዝከረኒ ኣቦይ ኣትዩ ድራር ንምብላዕ ክሕፀብ፡ እጅገኡ ይጥቕልል፡ ኣብኡ ድማ ኣናእሽተይ ሓፀርቲ ዝሓበጡ ዝመስሉ ቀላፅሙ ይረኣዩ። ከምኡ'ውን ንኽሕፀብ ቅልፅሙ ንላዕሊ ምስ ሰሓበ፡ ነቲ ማይ ንላዕሊ ኣብ ገፁ ክድርብዮ ከሎ፡ እቶም ጭዋዳታቱ ኣብተን ኣናእሽተይ ቀላፅሙ ተገቲሮም ይረኣዩ። ኣነ ድማ ንባዕለይ “ትፈልጥ ኢኻ፡ ኣቦይ ሚእትን ሓምሳን ዓመት ክነብር እዩ” በልኩ። ኣዝዩ ሓያል እዩ ነይሩ! ኣብ ሓምሳን ክልተን ዓመት ዕድሚኡ ግን ሞይቱ። ርኢኹምዶ? “ኣብዚ ነባሪት ከተማ የብልናን።” ልክዕ ኢዩ። ክንቅፅል ኣይንኽእልን ኢና።

24 ሕጂ ንእሽተይ መገሻ ንግበር ኩላትና። ኣብዚ ኩሉኹም ኣለኹም ልክዕ ከምዚ ኣነ ዛንታ ህይወት ዘለኩም፡ ሓንሳብ ሓንሳብ ኣብ መስመር ዝኽሪ ምዝዋር ፅቡቕ እዩ። ከምኡ ኣይመስለኩምን ድዩ? ንድሕሪት ጥራይ ተመለሱ፡ ኩላትና ድማ ንዝተወሰነ ግዜ ንመለስ፡ ናብ ተመሳሳሊ ተመኩሮታት ንእስነትና ንመለስ።

ሕጂ ድማ ቀዳማይ ክፋል ታሪኽ ህይወት። ንእሽተይ ጥራይ ክተናኽፍ እየ፡ ምኽንያቱ ኣብ መፅሓፍ ስለዘሎ፣ ብዙሓት ካባኻትኩም ድማ እታ መፅሓፍ ስለዘላትኩም እያ።

25 ኣብ ሓንቲ ንእሽተይ ናይ ከረን ጎጆ እየ ተወሊደ፣ ኣብ ልዕሊ ኣኽራን ኬንታኪ እየ። ንሕና እንነብረላ ሓንቲ ክፍሊ ነበረትና፣ ኣብ መሬት ምንፃፍ ኣይነበረን፣ ኣብ መሬት ዕንጨይቲ' ውን ኣይነበረን፣ በቃ ዕርቃኑ ዝወፀ መሬት ጥራይ'ዩ ነይሩ። ከምኡ'ውን ሓደ ጉንዲ፡ ሰለስተ እግሪ ዘለዎ ዝተቖርፀ ጉንዲ፡ ንሱ'ዩ ናይ መኣዲ ጠረጴዛና ነይሩ። እቶም ኩሎም ኣናእሽተይ ብራንሃማት ድማ ኣብኡ ይእከቡ ነበሩ፣ ኣብ ቅድሚት ናይታ ንእሽቶ ኣረጊት ጎጆ ድማ ይእከቡ ነበሩ፣ ከምኡውን ይንከላልዉ፣ ኣብቲ ደገ ኣብ ሓመድ ዘንከላልዉ ዘለዉ ብዙሓት ኦፖሰምስ ይመስሉ፣ ትፈልጡ ኢኹም፣ ኩሎም እቶም ኣናእሽተይ ኣሕዋተይ። ትሽዓተ ኢና ኔርና፣ ሓንቲ ንእሽተይ ጓል ድማ፣ ኣብ መንጎ እቶም ብዙሓት ኣወዳት ድማ ብሓቂ ከቢድ ግዜ ኣሕሊፋ። ካብቲ ኣብቲ ግዜ እቲ ዝገበርናዮ ነገራት ሎሚ እውን ከነኽብራ ኣለና። ምሳና ናብ ዝኾነ ቦታ ክትከይድ ኣይትኽእልን እያ ነይራ፡ ንድሕሪት ናመለስናያ ነይርና፡ ጓል እያ ነይራ። ስለዚ ክትገብሮ ኣይከኣለት፡ ትፈልጡ ኢኹም። ስለዚ ነይሩና...ኩሎም ድማ...

26 ብድሕሪ እቲ ጠረጴዛ ክልተ መንበር ጥራይ ከም ዝነበረና ኣይትረስዑ፣ ካብ ቅርፊት ኦም ዝተሰርሑ እዮም ኔሮም። ዕንጨይቲ ሂኮሪ ጥራይ ብምትሕሓዝ ታሕተዋይ ክፋሎም ድማ ብልሕፂ ሂኮሪ ተኣሲሩ ዝተሰርሑ እዮም። ወንበር ቅርፊት ሂኮሪ ርእዩ ዝፈልጥ ሰብ ኣሎ ድዩ? እወ። ማማ እትዛረቦ ዝነበረት ድማ ክሳብ ሕጂ ክሰምዕ ይኽእል እየ። ኣየ፡ ድሒርና መሬቱ ናይ ዕንጨይቲ መንፀፍ ናብ ዘለዎ ቦታ ምስ ኣተና፡ እቶም ኣብ ደረታ ዝነበሩ ዕሸላት ከም... እዚ, ከምኡ 'ውን ነታ ኣረጊት መንበር ኣቐሚጣ ብምንቅስቓስ በቃ ኣብ መሬት ነነው፡ ነነው፡ ገው፡ ተብላ ነበረት። ከምኡ'ውን ንሳ ክትሓፅብ ወይ ገለ ክትገብር ከላ እቶም ኣናእሽተይ ካብ ገዛ ንደገ ከይወፁ እትገብሮ ዝነበረት እዝክር፣ መንበር ኣመሰቓቒላ ኣብቲ ኣፍደገ ማዕፆ ትሓፅሮ እሞ እቶም ኣናእሽተይ ምስ ወፅኣት ከይወፅኡ ከምኡ ገይራ ማይ ክተምፅእ ናብታ ዓይኒ ማይ ትኸይድ ነይራ።

ኣደይ ድማ ኣነ ክውለድ ከለኹ ጓል ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት እያ ነይራ፡ ባባ ድማ ዓሰርተ ሾሞንተ። ካብቶም ትሽዓተ ቆልዑ ድማ ቀዳማይ እየ ነይረ። ንሳቶም ድማ ኣብታ ዝተወለድኩላ ንግሆ ዝኾነ ነገሮምኒ...

27 ሕዚ፡ ኣዚና ድኻታት ኢና ነይርና፡ ካብ ድኻታት ከኣ ዝደኸና። ኣብዛ ንእሽተይ ጎጆ ድማ መስኮት እኳ ኣይነበረናን። ከም ንእሽተይ ዕንጨይቲ ትኽፈት ማዕፆ ነይርዋ። ከምኡ ርኢኹም ትፈልጡ ዶ ኣይትፈልጡን ይጠራጠር እየ። ኣብ ክንዲ መስኮት ዝኽፈት ንእሽተይ ዕንጨይቲ ማዕፆ እያ ዝነበረት፡ ቀትሪ ክፉት ጌርካዮ ትውዕል ለይቲ ድማ ትዓፅዎ። ኣብቲ ግዜ እቲ ናይ ኤሌክትሪክ መብራህቲ ክንውልዕ ወይ ነዳዲ ከነቃፅል ኣይንኽእልን ኢና ነይርና፣ “ግሪስ ላምባ” ዝበሃል እዩ ነይሩና። ሕዚ፡ ግሪስ ላምባ እንታይ ከም ዝነበረ ትፈልጡ ዶ ኣይትፈልጡን እንድዒ። ፅቡቕ እንታይ ትገብሩ...እሞ ገዚእኹም ከ ትፈልጡ ዲኹም... ዕንጨይቲ ፅሕዲኽ ኣቃፂልኩም ትፈልጡዶ? ምኽንያቱ ጥማር ዕንጨይቲ ፅሕዲ ወሲድካ ወሊዕካ ኣብ ልዕሊ መኽደኒ ጥራይ ኣቐምጦ፡ ክነድድ ይኽእል እዩ። ንሱ ድማ...ቁሩብ ትኪ ፈጢሩ፡ ግን ናይ ገዛ ኣቑሑት ኣይነበሮምን፡ ብዝኾነ፡ ንላዕሊ ይትኪ። ስለዚ በቃ...እታ ጎጆ መውፅኢ ትኪ ነይርዋ። ንቲ ትኪ ፅቡቕ ገይሩ እዩ ንላዕሊ ዘውፅኦ፣ ምኽንያቱ እቱ ናሕሲ ብዙሕ ትኪ ክሕልፍ ተኽእሎ ነይርዎ። ስለዚ ንሱ...

28 ኣነ ድማ ኣብ ዕለት ሚያዝያ —6, 1909 እየ ተወሊደ። ብርግፅ ትፈልጡ ኢኹም፡ እዚ ሕዚ ቁሩብ ልዕሊ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ይገብረኒ። ስለዚ ድማ፡ ኣብታ ዝተወለድኩላ ንግሆ፡ ኣደይ መስኮት ከም ዝኽፈትዎ ተዛሪባ። ሕዚ፡ ሓካይም ኣይነበሩናን፡ መሕረሲት ነበረት። በቃ ...እታ መሕረሲት ድማ እኖ ሓጎይ እያ ነይራ። ስለዚ ድማ ኣነ ምስ ተወለድኩን ናይ መጀመርታ ብኽያት ምስ ጀመርኩን፡ ከምኡ'ውን-ኣደይ ድማ ውላዳ ክትሪኦ ደለየት። ከምኡ'ውን-ንባዕላ ድማ ካብ ቆልዓ ንላዕሊ ኣይነበረትን። እታ ንእሽተይ መስኮት ምስ ከፈትዋ ድማ፡ ልክዕ ኣብ ዕረፍቲ መዓልቲ፡ ከባቢ ሰዓት ሓሙሽተ ይኸውን ነበረ። እቲ...ኣብ ጎኒ ንእሽተይ ቁጥቋጥ ኮፍ ኢሉ ዝነበረ ኣረጊት ሮቢን ነበረ። ከምቲ ኩልኹም ኣብ-ኣብ መፅሓፍ ዛንታ ህይወተይ ዝረኣኹምዎ። በቃ ሓደ ኣረጊት ሮቢን ኹሉ ኣብ ውሽጡ ዝነበረ እናዘመረ ኮፍ ኢሉ ነበረ።

29 ሮቢን ካብ ቀደም እየ ዝፈትዎም። ሕዚ ኣቱም ብራድዮ እትከታተሉ ዘለኹም ኣወዳት፡ ንኣዕዋፈይ ኣይትተኩሱሎም። ርኢኹም ዶ፡ ንሳቶም እዮም-ንሳቶም-ንሳቶም እዮም... ኣዕዋፈይ እየን። ኣፈ ታሪኽ ሮቢን ሰሚዕኩም ትፈልጡ ዶ? ከመይ ጌሩ ቀይሕ ኣፍ ልቢ ከም ዝረኸበ? ኣብዚ ቁሩብ ደው ክብል እየ። ከመይ ኢሉ ቀይሕ ኣፍ ልቢ ረኺቡ...ኣብኡ ንጉስ ነገስታት ሓደ መዓልቲ ኣብ መስቀል ይመውት ነበረ፣ ንሱ ድማ ይሳቐ ነበረ ናብኡ ዝመፅእ ሰብ ኣይነበረን። ዝሕግዞ ሰብ ኣይነበሮን። ሓንቲ ንእሽተይ ቡናዊት ዑፍ ድማ ካብ መስቀል እተን መሳምር ከተውፅአሉ ደለየት፡ ንሳ ድማ ናብ መስቀል እናነፈረት ከይዳ ንተን መሳምር ክትንቕንቕን ፈተነት። ንሳ ንቶም መሳምር ኽተውፅኦም ዓቕሚ ኣዝዩ ውሑድ ስለ ዝነበረ፡ እታ ንእሽተይ ኣፍ ልባ ምሉእ ብምሉእ ብደም ተቐቢኣ ቀያሕ ኮነት። ካብ ሽዑ ጀሚሩ ድማ ኣፍ ልባ ቀይሕ ኮይኑ። ኣወዳት ኣይትተኩስላ። ግደፍዎ ንሱ ነፃ ትኹን።

ብሸነኽ መስኮት ኮፍ ኢሉ፡ ኽምቱ እቶም ሮቢን ክዝምሩ ከለዉ ዝገብርዎ ገይሩ ይዝምር ነበረ። ከምኡ' ውን—ባባ ድማ ነቲ መስኮት ንድሕሪት ደፍኦ። ነታ ንእሽተይ ናይ መስኮት ማዕፆ ንድሕሪት ምስ ደፍእዋ ድማ፡ እታ ኣብ ስእሊ ትርእይዋ ዘለኹም ብርሃን ኣብ መስኮት እናተዘዋወረት መፂኣ ትብል ኣደይ፡ ኣብ ልዕሊ ዓራት ድማ ደው በለት። እኖ ሓጎይ እንታይ ክትብል ከም እትክእል ኣይፈለጠትን።

30 ሕዚ፡ ንሕና...ሃይማኖታዊት ስድራቤት ኣይነበረትናን። ህዝበይ ካቶሊክ እዩ። ኣነ ብኽልቲኡ ወገን ኣየርላንዳዊ እየ። ኣቦይ ብጥብቂ ኣየርላንዳዊ እዩ፥ ብራንሃም። ኣደይ ሃርቪ እያ፤ ጥራይ፡ ኣቦኣ ንሓቲ ቸሮኪ ህንዳዊት ተመርዕዩ፡ ስለዚ ነታ ንእሽተይ መስመር ደም ኣየርላንዳውያን ሰቢራታ። ኣቦይን ኣደይን ድማ ናብ ቤተ ክርስቲያን ኣይከዱን፣ ካብ ቤተ ክርስቲያን ወፃኢ ድማ ተመርዕዮም፥ ፈፂሞም ሃይማኖት ኣይነበሮምን። ኣብቲ ኣኽራን ድማ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን እኳ ኣይነበረትን። ስለዚ ካብቶም ቀዳሞት ሰፋሮ ዝመፅኡ እዮም፣ ክልተ ብራንሃም ኮይኖም መፂኦም፣ ካብኡ ድማ ምሉእ ወለዶ ብራንሃም ይበቁል፤ ዝብል ትውልዲ ስድራቤት እዩ።

31 ደሓር ከኣ ከፈተት...ነዚ መስኮት ከፊቶም እዚ ብርሃን ኣብኡ ደው ምስ በለ እንታይ ከም ዝገብሩ ኣይፈለጡን። ባባ ነዚ ምኽንያት ብምግባር

ፅምዲ ቱታ ገዚኡ ነይሩ (ማማ ትብል) ። ከምቲ ኣብቲ እዋን'ቲ እቶም ሰብ ዱርን ቀረፅቲ ዕንጨይትን ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ ንሱ ምስቲ...ቅልፅሙ ኣብ ሰደርያ ናይቲ ኣረጊት ቱታ ሒዙ ደው ኢሉ ነበረ። ፈሪሖም ድማ ነበሩ።

32 ፅቡቕ፡ ምናልባት ናይ ዓሰርተ መዓልቲ ዕድመ ምስ ኮንኩ፡ ወይ ገለ፡ ናብታ "ኦፖሰም ኪንግደም" እትበሃል ንእሽተይ ቤተክርስትያን ባፕቲስት፡ ኦፖሱም ኪንግደም ባፕቲስት ቤተክርስትያን ወሰዱኒ። እዚ ዝገርም ሽም እዩ። ሓደ ናይ ቀደም ሰባኺ ወረዳ ነይሩ፣ እቲ ናይ ቀደም ሰባኺ ባፕቲስት ኣብ ክልተ ወርሒ ኣስታት ሓደ ግዜ ብኡ ኣቢሉ ይመፅእ ነበረ። ኣብ ...እቶም ሰባት ብሓባር ንእሽተይ ኣገልግሎት ይነብራቶም፣ ገለ መዝሙራት ክዝምሩ ይኽእሉ ነይሮም፣ ግን ብቲ ናይ ወረዳ ሰባኺ ሳሕቲ ስብከት ይቐርበሎም ነይሩ። ዓመት ዓመት ብሓንቲ ካሻ ዱባን ውሑዳት ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራትን ይኽፍሉዎ ነበሩ፣ ትፈልጡ ኢኹም፣ እቲ ህዝቢ ኣዋፂኡ ይህቦ። እቲ ኣረጊት ሰባኺ ድማ መፅኣ፡ ኣብኡ ድማ ንእሽተይ ቆልዓ ኮይነ ፀሎት ኣቕረበለይ። ንመጀመርታ ግዜ ናብ ቤተክርስትያን ዝገበርክዎ መገሻ እዚ እዩ ነይሩ።

33 ኣብ ዕድመ ኣስታት...ቁሩብ ልዕሊ ክልተ ዓመት ዕድመ ምስ ገበርኩ፡ እቲ ቀዳማይ ራእይ ኣጋጠመኒ።

ፅቡቕ፡ እዚ ብርሃን ከም ዝኣተወ ኣብቲ ኣኽራን ዙርያ ተናጊሮም ስለ ዝነበሩ፡ ክፈልጥዎ ፈተኑ። ገለ ካብኣቶም ኣብቲ ገዛ ኣብ መስትያት ዘንፀባርቕ ዝነበረ ብርሃን ፀሓይ ክኸውን ኣለዎ በሉ። ኣብኡ ግን መስትያት ኣይነበረን። ፀሓይ ድማ ኣይነበረትን፡ገና ወጋሕታ እዩ፡ ሰዓት ሓሙሽተ። ደሓር ክኣ፡ ኣየ፡ በቃ ዕሽሽ ኢሎም ሓሊፎምዎ። ኣነ ድማ ኣብ ከባቢ... ንመበል ሰለስተ ዓመት ዕድመ ዝቐረብኩሉ እዋን...

34 ሕዚ፡ ሓቂ ክዛረብ ኣለኒ። ኣብዚ ክብሎ ዘይፈቱ ነገራት ኣለዉ፡ ንዕኡ ክሓልፎን ንክብሎን ዘይግደድ እንተዝኸውን ድማ ፅቡቕ ነይሩ። ግን ገና ሓቂ ንምዝራብ ኣብ ኑብስኻ ወይ ኣብ ህዝብኻ እንተኾይኑ ሓቂ ክትዛረብ ኣለካ። ብዛዕባኡ ብቕንዕና ተዛረብ፡ ድሕሪኡ ኩሉ ግዜ ሓደ ይኸውን።

ኣቦይ ሃይማኖታዊ ሰብ ካብ ምኺን ነዊሕ ርሕቀት ነይርዎ። ንሱ ፍሉጥ ወዲ ከረን እዩ ነይሩ፡ ብቐፃሊ ይሰቲ፡ ኩሉ ግዜ። ኣብ ባእሲ ድማ ኣብ ገለ ፀገም ኣትዩ ነበረ፣ ኣብ ገለ ዓይነት ድግስ ኣብ ላዕሊ ኣኽራን እናተባእሱን እናተታኾሱን ብካራ እናተቛረፁን ከለዉ ድማ ክልተ ሰለስተ ሰባት ዳርጋ ተቐቲሎም ነበሩ። ባባ ድማ ሓደ ካብቶም መራሕቲ ናይዚ ባእሲ እዩ ነይሩ፣ ምኽንያቱ ከምኡ ነይሩ እዩ።

ሓደ ዓርኩ ተንዲኡ ነበረ፣ ንሓደ ሰብ ድማ ብወንበር ወቒዑ ነይሩ። ከምኡ ድማ ነይርዎ...እቲ ሰብኣይ ካራ ኣውፂኡ በዛ ካራ ንዓርኪ ባባ ኣብቲ መሬት ልቡ ወጊኡ ክቐርፆ ነበረ፣ ባባ ድማ እጃሙ ወሰደ። ከምኡ'ውን ብሓቂ ዘስካሕክሕ ባእሲ ክኸውን ኣለዎ፣ ምኽንያቱ ንሳቶም፣ ካብ ርሑቕ፣ ማዕሮ ካብ በርክስቪል፣ ብዙሕ ማይላት ርሒቕም፣ ደድሕሪ ባባ ንላዕሊ ብፈረስ ፖሊስ ሰዲዶም።

35 ስለዚ እቲ ሰብኣይ ኣብ ሞት በፂሑ ነበረ። ገለ ካብ ሰቡ ዝሰምዑ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ስሙ ክፅውዕ እየ፡ ዊል ያርብሮ እዩ ነይሩ ሽሙ። ምናልባት...ገሊኦም ደቁ ኣብ ካሊፎርንያ ዘለዉ ይመስለኒ። ንሱ ግን ብርቱዕ፡ ዓብዪ፣ ሓያል ሰብ፡ ንገዛእ ወዱ ብሓፁር ባቡር ዝቐተለ እዩ። ስለዚ ንሱ —ኣዝዩ ሓያልን እኩይን ሰብ እዩ ነይሩ። ስለዚ ድማ ኣብ መንጎኡን ባባን ዓብዪ ናይ ካራ ባእሲ ተፈጥረ። ኣቦይ ድማ ነቲ ሰብኣይ ዳርጋ ቀቲልዎ ስለ ዝነበረ፡ ሃዲሙ ካብ ኬንታኪ ወፂኡ ነቲ ሩባ ሰጊሩ ናብ ኢንዲያና ክመፅእ ግድን ነበረ።

36 ከምኡ'ውን ሓደ ሓው ነበሮ፣ ኣብቲ እዋን'ቲ፣ ኣብ ሉዊስቪል፣ ኬንታኪ፣ ተሓጋጋዚ ተቖፃፃሪ ናይ ዉድ ሞዛይክ ሳው ሚልስ ኣብ ኬንታኪ፣ ኣብ ሉዊስቪል ነበረ። ስለዚ ድማ ባባ ንዓብዪ ሓዉ ክረክብ ከይዱ። ኣቦይ ካብ ዓሰርተ ሾብዓተ ቆልዑ፣ካብቶም ኣወዳት እቲ ዝነኣሰ እዩ። ስለዚ ድማ ንዓብዪ ሓዉ ክረኽቦ መፀ፣ ዳርጋ ዓመት ዝኸውን ድማ ፀንሐ። ሕጊ ይደልዮ ስለ ዝነበረ፡ ክምለስ ኣይከኣለን። ደሓር ክኣ ብኻልእ ስም እተፈረመት፡ ብደብዳቤ ካብኡ ምስ ሰማዕና፡ ግን ክኣ ንኣደይ ብኽምዙይ ካብኡ ክትሰምዕ ከም እትኽእል ነጊርዋ ነበረ።

37 ደሓር ክኣ ሓደ መዓልቲ እታ ፈልፋሊት (እዛ ንእሽተይ ጎጆ) ልክዕ ብድሕሪ እቲ ገዛ ከም ዝነበረት እዝክር። ከምኡ'ውን-ኣብቲ ግዜ'ቲ ድማ ድሕሪኡ...ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎ ምንኣሰይ ሓወይን ናይ ትሽዓተ... ዓሰርተ ሓደ ወርሒ ፍልልይ ኣሎ፡ ንሱ ድማ ገና ይንፈሓኽ ነበረ። ኣብ ኢደይ ድማ ዓብዪ እምኒ ሒዘ ነይረ፡ ነዚ እምኒ ኣብቲ ረግረግ ጭቃ ክሳብ ክንደይ ከም ዝድርብዮ ክርእዮ ይፍትን ነይረ፡ እቲ ዓይኒ ማይ ካብ መሬት ወፂኡ ነቲ መሬት ጭቃ ዝመልኦ ገበሮ። ሓንቲ ዑፍ ድማ ሰማዕኩ፡ ኣብ ገረብ ድማ ትዝምር ነበረት። ኣነ ድማ ናብታ ገረብ ንላዕሊ ጠመትኩ እሞ እታ ዑፍ ነፈረት፣ ምስ በረረት ድማ ሓደ ድምፂ ተዛረበኒ።

ሕዚ፡ ከምኡ ክሓስብን ክዝክርን ከም ዘይክእል ገይርኹም ከም እትሓስቡ እፈልጥ እየ። እቲ ፈራዲ ዝኾነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምድርን ሰማያትን ኩሉ ዘሎን፡ ግን ሓቂ ከም ዝዛረብዘለኹ ይፈልጥ እዩ።

38 እታ ዑፍ፡ ምስ ነፈረት፡ ካብቲ እታ ዑፍ ኣብታ ገረብ ዝነበረትሉ፡ ከም ንፋስ ኣብ ቁጥቋጥ ዝተታሕዘ ድምፂ መፅኣ፡ "ኣብ ጥቓ ኒው ኣልባኒ እትበሃል ከተማ ክትነብር ኢኻ" በለኒ። ኣነ ድማ፡ ካብ ወዲ ሰለስተ ዓመት ጀሚረ ክሳብ እዚ ግዜ እዚ፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ማይልስ ካብ ኒው ኣልባኒ፡ ኢንዲያና እየ ዝነብር ዘለኹ።

ኣትየ ንኣደይ ብዛዕባ እዚ ነገርክዋ። ፅቡቕ፡ ኣነ ጥራይ ዝሓልም ዘለኹ ወይ ገለ መሲልዋ።

ፀኒሕና ናብ ኢንዲያና ገዓዝና ኣቦይ ድማ ኣብ ሓደ ሰብኣይ ኣይተ ዋተን ዝበሃል ሃብታም ሰብኣይ ክሰርሕ ከደ። ንሱ ወናኒ ዋተን ዲስቲለሪስ እዩ። ንሱ ድማ ብዙሕ ብፅሒታት ዝወነነ እዩ፤ ንሱ ማልቲሚልዮነር እዩ፣ ከምኡውን ሉዊስቪል ኮሎነላት፣ ከምኡ ድማ - ቤዝቦል፣ ወዘተ። ድሕሪኡ ድማ ኣብ ጥቓኡ ንነብር ነበርና። ባባ ድማ ድኻ ሰብኣይ ክንሱ፡ ግና ብዘይ ምስታይ ክነብር ስለ ዘይከኣለ፡ ንሱ-ኣብ ሓደ-ኣብ ስቱር ዊስኪ ክሰርሕ ከደ።

ደሓር ክኣ ካብቶም ቆልዑ እቲ ዝዓበየ ስለ ዝነበርኩ ፀገም ፈጢሩለይ። እቶም ኮይላት ዊስኪ እናሰርሑ ክዝሕሉ ምእንቲ ኣነ መዒኣ ማይ ናብዚ ስቲል ክቕርብ ነይሩኒ። ድሕሪኡ ናብ ምሻጥ ኣትዩ፡ ድሕሪኡ ክልተ ወይ ሰለስተ ካብተን ስቲል ረኺቡ። ሕዚ፡ እቲ ክነግሮ ዘይፈቱ ክፋል ንሱ እዩ፡ እቲ ሓቂ ግን እዩ።

39 ሓደ መዓልቲ ድማ፡ ካብቲ መኽዚን፡ ናብቲ ገዛ እናበኸኹ እናደየብኩ፡ይዝከረኒ። ምኽንያቱ ኣብ ደገ ኣብ ድሕሪት እቲ ቦታ ቃላይ ነበረ፣ ንሱ...በረድ ዝቐርፁሉ ዝነበሩ እዩ። ብዙሓት ካባኻትኩም በረድ ቀሪፆም ኣብ ርሺ ክእትውዎ ከለዉ ትዝክሩ ኢኹም። ፅቡቕ፡ ኣይተ ዋተን ኣብ ደገ ኣብታ ሃገር በረድ ብኽምኡ እዩ ዝሕዞ ነይሩ። ኣቦይ ድማ ሓደ— ንዕኡ ሾፌር፡ ናይ ብሕቲ ሾፌር እዩ ነይሩ። ከምኡ'ውን እቲ...እዚ ቐላይ ዓሳታት ምስ መልኣን ነቲ በረድ ክይዶም ኣምፂኦም ብምቑራፅ ኣብቲ ርሺ ምስ ኣእተውዎን፡ ድሕሪኡ እቲ በረድ ኣብ ግዜ ሓጋይ እናመኽኸ ምስ ከደ ፈሳሲ ይኸውን፡ ገለ ፅሩይ እዩ ነይሩ ይመስለኒ። ፣ ዝያዳ ንበረድ ቃላይ ዝመስል፣ ንምስታይ ዘይኮነስ ማይ ንምዝሓል፣ ኣብ ዙርያኡ ሳንኬሎኦምን ፀባኦምን

ብምቕማጥ፣ ወዘተ ክጥቀሙሉ ይኽእሉ ነይሮም።

40 ሓደ መዓልቲ ድማ ካብቲ ብድሕሪት ዘሎ ፓምፕ ማይ ከምፅእ ነይሩኒ፡ እዚ ፓምፕ እዚ ኣስታት ወሰን ናይቲ ከተማ እዩ ነይሩ። ካብ ቤት ትምህርቲ ምስ መፂኤ ኩሎም እቶም ኣወዳት ዓሳ ክገፉ ናብቲ ቃላይ ወፂኦም ስለ ዝነበሩ፡ መን ከመኡ ዝበለ ድልየት ዘይብሉ ኣሎ ኢሉ እየ ይበኪ ነይረ። ዓሳ ምግፋፍ ጥራይ እየ ዝፈቱ ነይረ። ስለዚ ድማ ኩሎም ዓሳ ክገፍፉ ክኸዱ በቒዖም ብዘይካ ኣነ፣ ኣነ ድማ ነቲ ስቲል ዝኸውን ማይ ከምፅእ ግድን ነበረ። ብርግፅ ንኣይ፡ ኣይተፈቐደለይን፡ ክልኩል ነይሩ፡ ኣነ ድማ...ከምዚ ዝበለ ፀገም እዩ ነይሩ። ኣብኡ ድማ ኣፃብዕቲ እግረይ ተጀሊዐ ከም ዝመፃእኩ ይዝከረኒ፣ ሓመድ ንኽይኣትዎ ድማ ኣብ ትሕቲ ኣፃብዕተይ ብፈትሊ ዝተኣሰረ ሱማ ነይሩኒ። ከምኡ ጌርኩም ትፈልጡ ዲኹም? ኣብ ትሕቲ ኣፃብዕቲ እግርኻ ሱማ ጥራይ ኣእቱ ከም እዚ ኣብ ዙርያኡ ድማ ብፈትሊ ጠቕልሎ። ንእግርኻ ልክዕ ከም ርእሲ ዕንቅርቢት ዳርጋ ንላዕሊ ይሕዞ፣ ትፈልጡ ኢኹም፣ ንላዕሊ ተጣቢቑ። ኣብ ዝኸድክዎ ቦታ ክትከታተሉኒ ትኽእሉ ኢኹም፣ እዚ ሱማ ኣብ ትሕቲ ኣፃብዕቲ እግረይ ኣሎ፤ ኣበይ ከምዝተዓንቀፍክዎ ትፈልጡ ኢኹም። ዝገብሮ ጫማ ኣይነበረንን። ስለዚ ጫማ ገይርና ኣይንፈልጥን ኢና፣ ሓደ ሓደ ግዜ ንፍርቂ ክረምቲ። ንሕና እንተገበርና፡ ... በቃ ክህበና ዝኽእል ሓደ ሰብ እንትርከብ እዩ። ከምኡ ውን ክዳውንቲ እንረክብ ሓደ ሰብ፣ ወይ ግብረ ሰናይ እንተሂቡና እዩ።

41 ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ እዛ ገረብ ኣዕርፍ ኣቢለ፣ ኣብኡ ኮፍ ኢለ ድማ በቃ ምብካይ (ኣብ መስከረም እዩ ነይሩ) ምኽንያቱ ዓሳ ክገፍፍ ክኸይድ ስለ ዝደለኹ፣ ሓያሎ ጀሪካናት ማይ ብኣናእሽተይ ሻንኬሎታት ሞላሲ እናምፃእኹ ክመልአን ነይሩኒ፣ ዳርጋ እቲ ልዑል፡ ብፍርቂ ጋሎን፡ ምኽንያቱ ንእሽተይ ወዲ ሸውዓተ ዓመት ኣቢለ ጥራይ እየ ነይረ። ኣነ ድማ ኣብ ዓብዩ ጀሪካን ገምጢለዮም ድሕሪኡ ተመሊሰ ካልእ ክልተ ሻንኬሎ ወሲደ ማይ መሊአ ክምለስ ነይሩኒ። እቲ ዝነበረና ማይ ንሱ እዩ። ንሳቶም እቶም ሰባት ምስ ባባ ኮይኖም ድማ ሸው ምሸት ኣብቲ ላዕሊ ገዛ ሓደ ባች ናይ ዒልቦ ዊስኪ ከፍርዩ ነይሮም።

42 ኣነ ድማ ይበኪ ነይረ፡ ሽው ንሽው ድማ ሓደ ነገር ከም ሕምብሊል ዝብል ንፋስ ዝመስል ድምፂ ሰማዕኹ፡ ከምዚ ዝበለ (ሕዚ፡ ብዙሕ ዝርብሽ ከይኸውን ተስፋ እገብር)፡ ሁሽሽሽሽሽሽሽ፣ ሁሽሽሽሽሽሽሽ ዝብል፡ ከምኡ ዝበለ ድምፂ ጥራይ። ፅቡቕ፡ ኣዝዩ ፀጥታ ዝዓሰሎ እዩ ነይሩ፡ ንየው ነጀው ጠመትኩ። እንታይ ከምዝኾነ ትፈልጡ ዲኹም፡ ንእሽተይ ሕምብሊል ዝብል ንፋስ፣ ንእሽተይ ህቦብላታት ኢኹም ትብልዎም ይመስለኒ? ኣብ መወዳእታ ዓመት ኣብ ግራት ዒልቦ ይእከቡ እዮም፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ቆፅልን ካልእን፡ ኣብ ቀውዒ ኣብኡ፡ ቆፅሊ ገና ክነቅፅ ጀሚሩ ነይሩ። ኣነ ድማ ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ዓባይ ፃዕዳ ኦም ፖፐላር ነይረ፣ ኣብ መንጎ እቲ መኽዚንን እቲ—ገዛን ኣስታት ፍርቂ መንገዲ ደው ኢለ። እቲ ድምፂ ድማ ሰሚዐዮ። ኣነ ድማ ንየው ነጀው ጠመትኩ፣ ልክዕ ከምቲ ኣብዛ ክፍሊ እዜኣ ዘሎ ፀጥታ ነበረ። ኣብ ዝኾነ ቦታ ዝንቀሳቐስ ቆፅሊ ኣይነበረን፣ ወይ ዋላ ሓንቲ። ኣነ ድማ " እዚ ድምፂ ካበይ እዩ ዝመፅእ ዘሎ?" ፅቡቕ፡ "ካብዚ ርሒቕካ ክኸውን ኣለዎ" ኢለ ሓሰብኩ። ነገር ቆልዓ። እናወሰኸ እናወሰኸ ድማ ከደ።

43 ኣናእሽተይ ሻንኬሎታተይ ኣልዒለ ተወሲኺ ሓደ ክልተ ግዜ ዝኸውን በኽየ መንገደይ ጀመርኩ፣ ኣዕሪፈ እየ ነይረ። ካብኡ ድማ ሒደት ስጉምቲ ጥራይ ከይደ፣ ካብ ትሕቲ ጩናፍር ናይዛ ዓባይ ገረብ ወፂአ፣ ኣየ ናተይ ድማ፣ ሕምብሊል ዝብል ድምፂ ኣስመዐ። ኣነ ድማ ክጥምት ተጠውየ፣ ኣስታት ፍርቂ መንገዲ እታ ገረብ ድማ ካልእ ሕምብሊል ዝብል ንፋስ ነበረ፣ ኣብታ ገረብ ተታሒዙ በቃ እናተዘዋወረን እናተዘዋወረን ነቶም ቆፅሊ እናንቀሳቐሰ። ፅቡቕ፡ ብዛዕባ እዚ ሓድሽ ክስተት ገይረ ኣይሓሰብኩዎን፡ ምኽንያቱ ወቕታዊ ጥራይ እዩ፡ ቀውዒ ድማ እዩ፡ ስለምንታይ፡ እቶም ሕምብሊል ዝብሉ ንፋሳት ይመፅኡ እዮም። ኣናእሽተይ..."ሕምብሊል ዝብል ንፋስ" ንብሎም። ንሳቶምን —ንሳቶም ድማ ሓመድ ይእክቡ። ኣብ በረኻ ከምኡ ርኢኹምዎም ኢኹም። ተመሳሳሊ ነገር። ስለዚ ተፀበየ፡ ግን ኣይተቋረፀን። መብዛሕትኡ ግዜ ንሓፂር እዋን ቦኾኽ ኢሉ ድሕሪኡ ይኸይድ፡ ግን ድሮ ክልተ ደቓይቕ ወይ ልዕሊኡ ኣብኡ ፀኒሑ ነይሩ።

44 ፅቡቕ፡ እንደገና መንገዲ ጀመርኩ። መሊሰ ክጥምቶ ድማ ግልፅ በልኩ። ከምኡ ምስ ገበርኩ ድማ ልክዕ ከምዚ ናተይ ዝስማዕ ድምፂ፥ ድምፂ ሰብ ብዝመስል ከምዙይ በለ፡ "ፈፂምካ ኣይትስተ፡ ኣይተትክኽ፡ ወይ ብዝኾነ ይኹን መገዲ ንኣካላትካ ኣይተርክስ። ምስ ዓበኻ ክትሰርሖ ዘለካ ስራሕ ኣሎ እዩ።" ስለምንታይ፡ ናይ ሞት ፍርሓት ተሰሚዑኒ! ንእሽተይ ቆልዓ ከመይ ከም ዝስምዖ ክትግምቱ ትኽእሉ ኢኹም። ነተን ሻንኬሎታት ገዲፈየን፡ ዋዕ ኢለ እናኣእወኹ ብሓይሊ እናጐየኹ ናብ ገዛይ ከድኩ።

45 ኣብታ ሃገር ድማ ኮፐርሄድ ብዝብል ዝፍለጥ መርዛም ተመን ነይሩ፡ ተመን፡ ኣዝዮም መርዛማት ድማ እዮም። ኣደይ ድማ ብቲ እንዳ ኣትክልቲ ናባይ እናጐየየት ክትቅበለኒ መፂአ። ምናልባት እግረይ ኣብ ርእሲ ኮፐርሄድ ኣእትየያ ከይከውን እያ ሓሲባ ነይራ። ኣነ ድማ ኣብ ሕቑፋ ዘሊለ እናበኸኹ፡ ሓቖፈ ሰዓምክዋ። ንሳ ድማ "እንታይ እዩ እቲ ፀገም፡ ብተመን ዲኻ ተነኺስካ?" በለት። ምሉእ ኣካላተይ ረኣየትኒ።

ኣነ ድማ "ኣይፋልን ማማ! ኣብ ታሕቲ ኣብታ ገረብ ሓደ ሰብኣይ ኣሎ።" በልኩ።

ንሳ ድማ " ኣንታ ቢሊ፡ ቢሊ! ተረጋጋእ?" ንሳ ድማ " ስራሕካ ገዲፍካ ደቂስካ ዲኻ?" በለት።

ኣነ ድማ "ኣይፋልን ማማ! ኣብታ ገረብ ሓደ ሰብኣይ ኣሎ፡ ንሱ ድማ ከይሰቲን ከየትከኽን ነጊሩኒ።" በልኩ።

46 "መስተ ዊስኪን-ን ዝመሳሰሉን።" ኣነ ድማ ኣብቲ ግዜ እቱይ ነቲ ዘይ ሕጋዊ ስራሕ ዊስኪማይ የቕርብ ነይረ። ንሱ ድማ "ፈፂምካ ኣይትስተ ወይ ብዝኾነ ይኹን መገዲ ስጋኻ ኣይተርክስ" በለ። እዚ ዘይስነምግባራዊ እዩ ትፈልጡ ኢኹም ውላደይ ድማ...ኣወዳት መናእሰይ ምስ ደቂ ኣንስትዮ። ብዝከኣለኒ መጠን ድማ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ኣብ ከምዚ ዓይነት ገበነኛ ኮይነ ኣይፈልጥን። ጎይታ ካብቶም ነገራት ሓጊዙኒ እዩ፡ እናቐፀልኩ ብዝኸድኩ ድማ ክትፈልጡ ኢኹም። እምበኣር : "ኣይትስተ ወይ ኣይተትክኽ፡ ወይ ከኣ ንኣካላትካ ኣይተርክስ፡ ምስ ዓበኻ እትሰርሖ ስራሕ ኣለካ እዩ።"

ፅቡቕ፡ ንማማ ከምኡ ኢለያ፡ ከምኡ'ውን - ንሳ ድማ በቃ ስሒቓትኒ። ኣነ ድማ ከም ዕቡድ እየ ኮይነ ነይረ። ንሳ ኸዓ ሓኪም ፀዊዓ፡ እቲ ሓኪም ድማ "ደሓን በቃ ስንባደ ኣለዎ፡ እዚ ጥራይ'ዩ" በለ። ስለዚ ኣደቀሰትኒ። ኣነ ድማ፡ ካብታ መዓልቲ እቲኣ ክሳብ እዚኣ፡ ዳግማይ በታ ገረብ ሓሊፈ ኣይፈልጥን። ፈሪሐ። ኣነ ድማ በቲ ካልእ ሸነኽ ናይቲ እንዳ ተኽሊ ምኻድ መሪፀኩ፣ ምኽንያቱ ኣብታ ገረብ ላዕሊ ሓደ ሰብኣይ ከምዘሎ ስለዝመሰለኒ ንሱ ድማ ብዓብዩ ዓሚቕ ድምፂ ገይሩ ስልዝተዛረበኒ እዩ።

47 ደሓር ከኣ ኣብ ገለ እዋን ድሕሪ ሓደ ወርሒ ኣቢሉ፡ ምስ ኣናእሽተይ ኣሕዋተይ፡ ኣብ ደገ ኣብ ቅድሚት መረባ፡ ብዩ ይፃወት ነይረ። ብሓንሳብ ድማ ሓደ ጋሻ ስምዒት መፂኡኒ። እቲ ፀወታ ሓዲገ ድማ ኣብ ጐድኒ ሓንቲ ገረብ ተቐመጥኩ። ልክዕ ኣብ ልዕሊ እቲ ገምገም ሩባ ኦሃዮ ድማ ኢና ኔርና። ኣነ ድማ ንታሕቲ ናብ ጀፈርሰንቪል ገፀይ ጠመትኩ፣ ሓደ ድልድል ድማ ንላዕሊ ክለዓልን ንሱ፣ እቲ ሩባ፣ ነቲ ሩባ ክሰግርን ረኣኹ። ካብኡ ካብቲ ድልድል ወዲቖም ህይወቶም ዝሰኣኑ ዓሰርተ ሽዱሽተ ሰባት (ቆፂረዮም) ድማ ርእየ። ኣነ ድማ ናይ ብሓቂ ቀልጢፈ ጎይየ ንኣደይ ነጊረያ፡ ንሳ ድማ ደቂሰ ዝሓለምኩ መሲልዋ። ንሳቶም ግን ኣብ ውሽጦም ሒዘሙዎ ፀኒሖም፡ ካብ ሽው ዕስራን ክልተን ዓመት ድማ ሕጂ እቲ ኮሙናዊ ድልድል

(ብዙሓት ካባኻትኩም ክትሰግሩ ከለኹም ብኡኡ እትሰግርሉ) ኣብ ተመሳሳሊ ቦታ ነቲ ሩባ ሰጊሩዎ፡ ዓሰርተ ሽዱሽተ ሰባት ድማ ነታ ድልድል ስግር ሩባ እናሰርሑ ህይወቶም ስኢኖም።

ፍፁም ሓቂ ካብ ምዃን ዓዲ ኣይወዓለን። ከምቲ ኣብዚ ኣብ ኣዳራሽ ትርእይዎ ዘለኹም፡ ኩሉ ግዜ ከምኡ እዩ ነይሩ።

48 ሕዚ፡ ጭንቀት ጥራይ ዝስምዓኒ እዩ ዝመስሎም ነይሩ። እየ'ውን፣ ኣነ ጭንቀት ዘለዎ ሰብ እየ፣ ሓቂ እዩ። ከምኡ'ውን፡ ሓድ ሓደ እዋን እንተ ኣስተብሂልኩም፡ መንፈሳውያን ዝኾኑ—መንፈሳውያን ክኾኑ ዝንባለ ዘለዎም ሰባት ጭንቀት ኣለዎም።

ገጠምትን ነብያትን ርኣዩ። ከምኡ'ውን ነታ ፍልጥቲ መዝሙር ዝፀሓፈ ዊልያም ካውፐር "ካብ ሰራውር ኣማኑኤል ዝተቐድሐ ብደም ዝተመልአ ፈልፋሊ ኣሎ"። ትፈልጡ ዲኹም...እታ መዝሙር ትፈልጥዋ ኢኹም። ቅድሚ ነዊሕ ኣብ ዘይበሃል ግዜ ኣብ ጥቓ መቓብሩ ደው ኢለ ነይረ። ጁልየስ ሓውና፡ ተዘይተጋግየ፡ ኣይፈልጥን እየ፡ ኣይፋልን... እወ፡ ልክዕ እዩ፡ ኣብቲ ሽነኽ ኣብ መቓብሩ ምሳና ነይሩ። ከምኡ'ውን-ኣብኡ ድማ፡ ነታ መዝሙር ምስ ፅሓፉ፡ እቲ ተመስጦ ገደፎ፡ ነብሰ ቅትለት ክገብር ነቲ-ሩባ ክደልዮ ፈተነ። ርኣዩ፡ መንፈስ ገዲፍዎ ነይሩ። ገጠምትን ፅሓፍትን ዝኣመሰሉ ሰባት...ወይ...ነብያት ማለተይ እየ።

49 ንኤልያስ ርኣዩ፣ ኣብ ከረን ደው ኢሉ ካብ ሰማይ ሓዊ ፀዊዑ፣ ከምኡውን ካብ ሰማይ ዝናብ ፀዊዑ። ሽዑ መንፈስ ምስ ገደፎ ግና፡ ንሓንቲ ሰበይቲ ብምፍራሕ ሃደመ። ኣምላኽ ድማ ድሕሪ ኣርብዓ መዓልቲ ኣብ ድሕሪ በዓቲ ተሓቢኡ ረኸቦ።

ንዮናስ ርኣዮ፣ ጎይታ ኣብኡ ኣብ ነነዌ ክሰብኽ ምስ ቀብኦ እኹል ምትብባዕ ሒዙ፣ ክሳብ —ክሳዕ እታ ናይ ሳይንት ሉዊስ ዝኣክል መጠን ዝነበራ ከተማ ብማቕ ዝተነስሐት። ደሓር ከኣ መንፈስ ምስ ገደፎ እንታይ ኣጋጠሞ? መንፈስ ምስ ገደፎ ናብ ኣምላኽ ህይወቱ ክወስድ እናፀለየ ኣብ ልዕሊ እምባ ንረኽቦ። ከምኡ ውን፡ ትርእዩ ኣለኹም፡ ተመስጦ እዩ። እዚ ነገራት እዚ ምስ ዘጋጥም ድማ፡ ንሱ-ገለ ነገር ይገብረካ።

50 ሽዑ እናዓበኹ ምኻደይ ይዝከረኒ። መንእሰይ ክኸውን በቒዐ። (ከሕፅሮ ክጓየ እየ።) መንእሰይ ክኸውን ምስ በፃሕኩ ከም ኩሎም መንእሰያት ሓሳባት ነይሩኒ። ኣነ...ናብ ቤት ትምህርቲ እናኸድኩ፡ ንኣሽቱ ኣዋልድ ይረክብ ነይረ። ትፈልጡ ኢኹም ናይ ብሓቂ ሓፋር እየ ነይረ፣ ትፈልጡ ኢኹም። ኣነ ድማ—ኣብ መወዳእታ ንእሽተይ ኣፍቃሪት ረኺበ። ከም ኩሎም ኣናእሽተይ ኣወዳት ድማ፡ ኣስታት ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ዕድመ፡ ይግምት። ከምኡ'ውን- ስለዚ ድማ፡ ኣየ፡ ፅብቕቲ እያ ነይራ። ዝገርም፡ ኣዒንቲ ከም ርግቢ፡ ኣስናን ድማ ከም ሉል፡ ክሳድ ከም ስዋን፡ ንሳ ድማ-ብሓቂ ፅብቕቲ እያ ነይራ።

51 ካልእ ንእሽተይ ወዲ ድማ፡ ንሱ...መሓዙት ስለ ዝነበርና፡ ናይ ኣቦኡ ናይ ቀደም ሞዴል-ቲ ፎርድ ነይራቶ፡ ምስ ኣዋልድና ድማ ግዜ ክነሕልፍ ከይድና። ንሕና ድማ ብመኪና ወሲድናየን። ክልተ ጋሎን በንዚን ንምግዛእ ዝኣክል ነይሩና። ነቲ ሞተር ክነልዕል ምእንቲ ነቲ ናይ ድሕሪት ጐማ ንላዕሊ ሓፍ ክነብሎ ነይሩና። ከምኡ ትዝክርዎ ዲኹም ኣይትዝክርዎን ኣይፈልጥን፣ ትፈልጡ ኢኹም፡ ሞተር ክለዓል። ንሕና ግን-ፅቡቕ ኢና ንኸይድ ነይርና።

ስለዚ ድማ ኣብ ጁባይ ውሑዳት ሳናቲም ነይሮምኒ፡ ኣብ ንእሽቶ ቦታ ደው ኢልና ድማ... ብሓንቲ ሳንቲም ሃም ሳንድዊች ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ስለዚ ድማ፡ ኣየ ሃብታም እየ ነይረ፡ ኣርባዕተ ዝኾና ክገዝእ ይኽእል ነይረ! ርኢኹም ዶ? ሳንድዊች በሊዕና ኮካ ምስ ሰተና ድማ፡ ነተን ጥርሙዝ ክምልሰን ከድኩ። እቲ ዝገረመኒ ድማ፡ ምስ ተመለስኩ፡ (ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ እዋን'ቲ ካብ ፀጋ ክወድቃ ጀሚረን ነይረን፡ ወይ ካብ ጓል ኣንስተይቲ ምዃን) እታ ንእሽቶ ርግቢየይ ሽጋራ ተትክኽ ነበረት።

52 ፅቡቕ፡ ኣብ ሽጋራ እተትክኽ ሰበይቲ ወትሩ ፅኑዕ ርእይቶ ነይሩኒ፡ ካብ ሽዑ ጀሚረ ድማ ዋላ ሓንቲ ኣይቀየርኩዎን። ልክዕ ኢዩ። እቲ ዝወረደ ክትገብሮ እትኽእል ነገር እዩ። ልክዕ ከምኡ ድማ ልክዕ እዩ። ኣነ ድማ—ኣነ...ሕዚ፡ እቲ ትካል ሽጋራ በዚ ምኽንያት ክከታተለኒ ይኽእል እዩ ኢለ ሓሲበ ነይረ፡ ግን፡ እብለኩም ኣለኹ፡ እዚ ናይ ዲያብሎስ መማረኺ ጥራይ እዩ። ነዚ ህዝቢ ዝገጠሞ ዝዓበየ ቀታሊን መዕነውን እዙይ እዩ። ወደይ ካብ ሽጋራ ዘትክኽ ሰካር ክኸውን ይመርፅ። እቲ ሓቂ ንሱ እዩ። በዓልቲ ቤተይ ሽጋራ ሒዛ ካብ ምርኣይ፡ ሰኺራ ኣብ መሬት ወዲቓ ክርእያ ይመርፅ። ከምኡ እዩ...

53 ሕጂ፡ እዚ ምሳይ ዘሎ መንፈስ ኣምላኽ፡ ንሱ መንፈስ ኣምላኽ እንተኾይኑ (ሕቶ ክህልወኩም ይኽእል ይኸውን) ንስኻትኩም ሽጋራ እተትክኹ ኣብኡ ምስ ኣተኹም ንእሽተይ ዕድል እዩ ዘለኩም፡ ምኽንያቱ ከምኡ ጥራይ...ኩሉ ግዜ ዘጋጥም እዩ። ከመይ ኣትሪሩ ከም ዝኹንኖ ካብቲ መድረኽ ትዓዘብዎ። ዘስካሕክሕ ነገር እዩ። ካብኡ ርሓቑ። ኣንስቲ በዚ በደለኛታት እንተኾንክን በጃኽን ብስም ክርስቶስ ካብኡ ርሓቓ! ክሰብረክን እዩ። ክቐትለክን እዩ። ንሱ እዩ...እዚ ሓደ—ፅዕነት መኪና ምሉእ መንሽሮ እዩ።

እቶም ሓካይም ከጠንቅቑኹም ይፍትኑ። ደሓር ከኣ ከመይ ጌሮም ነቲ ንብረት ክሸጡልኩም ይኽእሉ! ናብ ድኳን መድሓኒት ወሪድካ "ክዕድግ...ሓምሳ ሳንቲም ዝዋግኡ መንሽሮ ክገዝእ ደልየ ኣለኹ" እንተትብል። ንምንታይ፡ ምመፅኡ እሞ ምዓፀውዎም። ሓምሳ ሳንቲም ዝዋግኡ ሽጋራ ክትገዝእ ከለኻ ግን ተመሳሳሊ ነገር ኢኻ ትገዝእ ዘለኻ። ሓካይም ከምኡ ይብሉ። ኣንታ እዚ ብገንዘብ ዝዓበደ ህዝቢ። ኣዝዩ ሕማቕ እዩ። ቀታሊ ኢዩ። ተረጋጊፁ እዩ።

54 ፅቡቕ፡ እታ ፅብቕቲ ንእሽተይ ጓል በላሕ መሲላ ክትዋሳእ ምስ ረኣኹዋ፡ እዛ ኣብ ኢዳ ዝነበረት ሽጋራ፡ ክትቀትለኒ ትደሊ፡ ምኽንያቱ ብሓቂ ዘፍቅራ መሲሉኒ። ኣነ ድማ "ደሓን..." ኢለ ሓሰብኩ።

ሕዚ፡ ኣነ "ፀላኢ ጓል ኣንስትዮ" ይበሃል፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ምኽንያቱ ኣነ ኩሉ ግዜ ብገለ መልክዑ ኣንፃር ደቂ ኣንስትዮ እየ፡ ግን ኣንፃርክን ኣይኮንኩን ኣሓት። ኣነ በቃ ኣንፃር እቲ ዘመናውያን ደቂ ኣንስትዮ ዝዋስኣሉ ኣገባብ እየ። ልክዕ እዩ። ንፉዓት ደቂ ኣንስትዮ ክጥርነፉ ይግባእ።

55 ግን ይዝከረኒ ኣቦይ ገና ኣብ ላዕሊ ክጎዩ ከሎ፡ ማይን ካልእን ሒዘ ኣብ ደገ ክኸውን ነይሩኒ፡ ልዕሊ ዓሰርተ ሾብዓተ ዓመት ዘይነበራ መንእሰያት ኣንስቲ፡ ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመት ዘይገበራ፡ ኣብ ላዕሊ ምስ ሕጂ ኣብ ዕድመይ ዘለዉ ደቂ ተባዕትዮ፡ ሰኺረን ይርኢ ነይረ። ከምኡ'ውን ዘይሰኸራ ምእንቲ ክመስላ ፀሊም ቡን ኣስቲዮም፣ ድራር በዓል ቤተን ከብስላ ናብ ገዛ ይኸዳ። ኣየ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገር፡ "ኣነ..." ኢለ፡ እዚ ሽዑ ዝሃብክዎ ርእይቶ እዩ ነይሩ፡ "ብእኡ ክትቀትለን ናይ ፅቡቕ ፅሩይ ጥይት ዋጋ ኣይምጥነንን።" ልክዕ እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ድማ ፀሊአየን ነይረ። ልክዕ ኢዩ። ሕጂ ድማ ነፍሲ ወከፍ ምንቅስቓሳተን ክከታተሎ ኣለኒ፣ ሕዚውን ተመሳሳሊ ነገር ከይሓስብ።

56 ስለዚ፡ ሕዚ ግን፡ ንፍዕቲ ሰበይቲ ኣብ ኣኽሊል ወዲ ተባዕታይ ዕንቍ እያ። ክትክበር ይግባኣ ። ንሳ...ኣደይ ሰበይቲ እያ፡ በዓልቲ ቤተይ ከምኡ እያ፡ ፍቑራት ድማ እየን። ከምኡ ውን ኣዝየን ዘኽብረን ኣሸሓት ክርስትያን ኣሓት ኣለዋኒ። እንተድኣ ግን-ነቲ ኣምላኽ ዝሃበን ዘኽብራኦ ኮይነን፡

ኣደነትን ናይ ብሓቂ ንግስቲ ምዃነን፣እዚ ፅቡቕ እዩ። ንሳ ሓንቲ ካብተን ብሉፃት ነገራት እያ ኣምላኽ ንሰብኣይ ክህቦ ዝኽእል፣ ሰበይቲ እያ ነይራ። ካብ ድሕነት ብተወሳኺ፡ ሰበይቲ ጥዒቲ ሰበይቲ እንተኾይና እቲ ዝበለፀ ነገር እዩ። እንተዘይኮይና ግና፣ ሰሎሞን ከምዚ ኢሉ "ንፍዕቲ ሰበይቲ ኣብ ኣኽሊል ሰብኣይ ዕንቍ እያ፣ ሓደ—ኮራይት ወይ ጥዒቲ እንተዘይኾነት ግን ኣብ ደሙ ማይ እያ።" ልክዕ ድማ እዩ፡ እቲ ዝኸፍአ ክኸውን ዝኽእል ነገር እዩ። ስለዚ ንፍዕቲ ሰበይቲ...ንፍዕቲ ሰበይቲ እንተረኺብካ ሓወይ ብዝለዓለ ደረጃ ከተኽብራ ይግበኣካ። ልክዕ እዩ ከምኡ ክትገብር ይግባእ ። ናይ ብሓቂ ሰበይቲ! ደቂ ድማ፡ብሓቂ ኣደ እንተሃልያትኩም፡ ኣብ ገዛ ፀኒሓ ክትከናኸነኩም እትፍትን፡ ክዳውንትኹም እተፅርየልኩም፡ ናብ ቤት ትምህርቲ እትሰደኩም፡ ብዛዕባ ኢየሱስ እትምህረኩም፡ ነዛ ምቅርቲ ዓባይ ኣደ ብኹሉ ኣባኹም ዘሎ ከተኽብርዋ ይግባእ ። ነዛ ከምዙይ ዝበለት ሰበይቲ ከተኽብርዋ ይግባእ፣ እወ ፍትዋት፡ ናይ ብሓቂ ኣደ ስለ ዝኾነት።

57 ብዛዕባ መሃይምነት ኣኽራናት ኬንታኪ ይዛረባ። ኣብዚ ኣብዚ ተረፍ ከልቢ ዝመስል ነገራት ትርእያ። ገለ ካብኣተን ኣበኡ ዝነበራ ኣረግቶት ኣዴታት ካብ ሆሊዉድ መፂአን ዘመናውያን ኣዴታት ደቅኽን ከመይ ጌርክን ከም እተዕብያ ይምህራኽን። ቆልዓኽን ሓንቲ ለይቲ ክትከይድ ምስ ፈቐድክን ፀጉራ ኩሉ ተሓዋዊሱ፡ ከንፈራ ድማ...ስሊፐ፡ (እንታይ ኢኹም ትብልዎ?) ኣብ ገፀን ዝገብርኦ ናይ መመላኽዒ ነገራት፡ ክዳና ድማ ኩሉ ናብ ሓደ ሽነኽ ተፀቒጡ፡ ከይተመለሰት ምሉእ ለይቲ ኣብኡ ስኽር ትሓድር፣ ሓወይ፡ ናብ ርእሲ እታ ኦም ሂኮሪ እንተ ወፂአ ድሕሪ ሕዚ ተመሊሳ ኣይትመፅእን'ያ። ኣነ ይብለካ ኣለኹ፡ ንሳ...እዚ ቁሩብ ኣብ ባዕልኻውን ተወሳኺ እንተሃልዩካ ድማ፡ ኣብዚ ከባቢ ዝሓሸ ሆሊዉድ ምሃለወካ፡ ዝሓሸ ህዝቢ ድማ ምሃለወካ። ልክዕ ኢዩ። ሓቂ እዩ። "ዘመናዊ ክትከውን ጥራይ ፈትን።" እዚ - እዚ ካብቶም ድያብሎስ ዘታልለሎም መንገዲታት ሓደ እዩ።

58 ሕዚ እዛ ንእሽተይ ጓል ምስ ጠመትኩዋ ልበይ በቃ ደሚዩ። ኣነ ድማ "መስኪን ሓፍተይ" ኢለ ሓሰብኩ። ንሳ ድማ "እ፡ ሽጋራ ትደሊ ዲኻ ቢሊ?" በለት፣ ኣነ ድማ "ኣይፋልን ሓፍተይ" በልክዋ። ኣነ ድማ "ኣይትክኽን እየ" በልክዋ።

ንሳ ድማ፡ "ሕዚ፡ ሳዕሲዐ ኣይፈልጥን ትብል ኔርካ" በለት። ንሳቶም ናብ ሓደ እንዳ ሳዕስዒት ክኸዱ ደለዩ። ኣነ ድማ ኣይገብሮን። ስለዚ ንሳቶም ድማ ሳይካሞር ጋርዴንስ ዝብልዎ ኣብ ታሕቲ እንዳሳዕስዒት ኣሎ፡። ኣነ ድማ "ኣይፋልን ኣይስዕስዕን እየ" በልክዋ።

ንሳ ድማ፡ "ሕዚ፡ ኣይትስዕስዕን፡ ኣይተትክኽን፡ ኣይትሰትን ኢኻ። ከመይ ጌርካ ደኣ ትዘናጋዕ?" በለት።

ኣነ ድማ "ደሓን፡ ዓሳ ምግፋፍን ሃደንን ድማ ደስ ይብለኒ" በልክዎ። እዚ ኣየገደሳን። ስለዚ "እዛ ሽጋራ ህንካ" በለትኒ። ኣነ ድማ "ኣይፋልን፥ ሓፍተይ የቐንየለይ። ኣነ ሽጋራ ኣየትክኽን እየ።"

59 ኣነ ድማ ኣብ ልዕሊ ፌንደር ደው ኢለ ነይረ። እተን ናይ ቀደም ፎርድስ ናይ ፍጥነት ሰሌዳ ነይርወን፡ ትዝክርዎ ኣለኹም፡ ኣነ ድማ ኣብታ ፌንደር ደው ኢለ፡ ኣብ ድሕሪት ኮፍ ኢለ፡ ኣነን ንሳን። ንሳ ድማ "ሽጋራ ኣይተትክኽን ማለትካ ዲዩ?" ወሲኻ ድማ "ንሕና ኣዋልድ ድማ ካባኻ ንላዕሊ ድፍረት ረኺብና ኣለና" በለት። ኣነ ድማ "ኣይፋልን፥ ሓፍተይ ክገብሮ የድልየኒ ኢለ ኣይኣምንን እየ" በልክዋ።

ንሳ ድማ "እንታይ ደኣ ኣታ ዓብዱ ጓልጓሎ!" ኣየ ናተይ! ዓቢ ሓያል ቢል ክኸውን ደልየ ነይረ፣ ስለዚ ኣነ—ርግፀኛ እየ ዋላ ሓንቲ ድኹም ክኸውን ኣይደልን። ርኣዩኒ፡ ንሽልማት ዝወዳደር ተቓላሳይ ክኸውን እዩ ድልየተይ ነይሩ፡ ናይ ህይወት ሓሳበይ ከምኡ እዩ ነይሩ። ስለዚ ኣነ ድማ ከምዙይ ኢለ ..." ጓልጓሎ! ጓልጓሎ!"

60 ነዚ ክፃወሮ ስለ ዘይከኣልኩ፡ ኢደይ ዘርጊሐ፡ "ሃብኒ!" በልክዋ፡"ጓልጓሎ ድየ ኣይኮንኩን ክርእያ እየ" በልኩ። ነታ ሽጋራ ኣውፂአ ነቲ ክርቢት ክውልዕ ጀመርኩ። ሕዚ፡ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኣለኹም ...ሕዚ፡ ብዛዕባ እቲ ትሓስብዎ ተሓታቲ ኣይኮንኩን፡ ሓላፍነተይ ንቱ ሓቂ ምዝራብ ጥራይ እዩ። ነታ ሽጋራ ክውልዓ ምስ ጀመርኩ፡ ልክዕ ከምቲ ነዚ መፅሓፍ ቅዱስ ንምልዓል ዘለኒ ውሳነ ንኸትክኻ ቆሪፀ፡ ርኣዩኒ፡ ሓደ ነገር ፡ ሁሽሽሽሽሽሽሽሽሽሽሽሽሽ ክብል ሰሚዐ። ደጊመ ፈቲነ፡ ናብ ኣፈይ ከብፅሖ ኣይከኣልኩን። ኣነ ድማ ናብ ምብካይ በፂሐ፣ ነቲ ነገር ደርብየዮ። ንሳቶም ድማ ኣብኡ ክስሕቑኒ በፅሑ። ወሪደ ብእግረይ ኣቢለ ናብ ገዛይ ተጓዒዘ፡ ፡ ኣብኡ ኣብቲ ደገ እናበኸኹ ኮፍ ኢለ ። ከምኡ'ውን-እሞ ድማ ዘስካሕክሕ ህይወት'ዩ ነይሩ።

61 ሓደ መዓልቲ ባባ ምስቶም መሳርሕቱ ናብ ሩባ ይወርድ ከም ዝነበረ ይዝክር። ኣነን ሓወይን፡ ኣብ ጃልባ ተሰቒልና ኣብቲ ሩባ ላዕልን ታሕትን እናበልና፡ ነቲ ዊስኪ መምልኢ ዝኸውን ጥርሙዝ ንደሊ ነይርና፡ ደርዘን ዝኸውን በቲ ሩባ ኣቢልካ ንምውሳድ ሓሙሽተ ሳንቲም ንረኽበሉ። ባባ ድማ ምሳይ ነበረ፡ ሓንቲ ካብተን ኣናእሽተይ ፀፋሕቲ ድማ ነይራቶ...ኣስታት ፍርቂ ፓይንት ዝኸውን ጥርሙዝ እየን ዝኾና ዝብል እምነት ኣለኒ። ኣብኡ ድማ ሓንቲ ዝደነነት ገረብ ነበረት፡ ባባ ድማ...እዚ ሰብኣይ ድማ ምስኡ ነበረ ኣይተ ዶርንቡሽ። ናቱ ...ፅብቕቲ ጃልባ ነይራቶ፡ ኣነ ድማ ካብኡ ውዕለት ክረክብ ደልየ ነይረ፣ ምኽንያቱ ነታ ናቱ ጃልባ ክጥቀመላ ስለ ዝደለኹ። ፅቡቕ መሪሕነት ነይርዋ ናተይ ድማ ፈፂሙ መሪሕነት ኣይነበራን። ንሕና ክንቀዝፎ ዝግበኣና ኣረጊት ቦርድ ጥራይ ነይሩና። ከምኡ ውን ነታ ጃልባ ክጥቀመላ እንተዝፈቕደለይ...ስለዚ፡ ዌልዲንግ ሰሪሑ ንባባ ድማ ስቲልስ ሰሪሑሉ። ስለዚ ንሱ... እግሮም ንላዕሊ ኣብ ስግር እታ ገረብ ዘርጊሑም፡ ባባ ድማ ኢዱ ኣብ ድሕሪት ጁባኡ ብምዝርጋሕ ንእሽተይ ፀፋሕ ጥርሙዝ ዊስኪ ኣውፂኡ፣ ኣረከቦ እሞ ሰተየ፣ ንባባ መለሰሉ እሞ ንሱ ድማ ሰተየ፣ ወሲዱ ድማ ኣብ ጎኒ እታ ዝደነነት ገረብ ኣቐመጣ። ኣይተ ዶርንቡሽ ድማ ኣልዒሉ፡ "እካ ቢሊ" በለ።

ኣነ ድማ "የቐንየለይ ኣይሰትን እየ" በልክዎ።

ንሱ ድማ "ብራንሃም ኮይንካስ፡ ኣይትሰትን?" ኩላቶም ዳርጋ ጫማኦም ከይኣውፅኡ ከለዉ እዮም ሞይቶም። ንሱ ድማ "ብራንሃም ኮይንካስ፡ ኣይትሰትን?"በለ። ኣነ ድማ "ኣይፋልን ጎይታይ" በልክዎ። "ኣይፋልን" በለ ባባ፡ "ሓደ ጓልጓሎ እየ ኣዕብየ።"

62 ኣቦይ ጓልጓሎ ኢሉኒ! ኣነ ድማ "እታ ጥርሙዝ ሃበኒ!" ኢለዮ። ኣነ ድማ... ነታ መኽደን ከፊተያ፡ ክሰትያ ቆሪፀ፡ ንላዕሊ ከብላ ምስ ጀመርኩ ድማ፥ "ሁሽሽሽሽሽሽሽሽሽ!" ነቲ ጥርሙዝ መሊሰ ሂበዮ፡ ብዝተኻእለኒ ፍጥነት ብቲ ሜዳ ኣቢለ እናበኸኹ ወረድኩ። ገለ ነገር ክገብሮ ኣይፈቐደለይን። ርኢኹምዶ? ኣነ ትኽክል እየ ነይረ ክብል ኣይክእልን (ክገብሮ ቆሪፀ ነይረ)፡ ግን ናይ ኣምላኽ፡ ፀጋ፡ ዘገርም ፀጋ እዩ ነቶም ነገራት ከይገብር ዝዓገተኒ። ኣነ ክገብሮም ደልየ ነይረ፣ ባዕለይ፣ ንሱ ግን በቃ ክገብሮ ኣይፈቐደለይን።

63 ድሒሪኡ ሓንቲ ጓል ረኺበ፣ ኣስታት ወዲ ዕስራን ክልተን ዓመት ኣቢለ ከለኹ፡ እታ ጓል ትፍተወካ እያ ነይራ። ናብ ቤተ ክርስቲያን እትኸይድ ጓል እያ ነይራ፣ ጀርመን ሉተራን። ስማ ብሩምባክ፡ ብ-ሩ-ም-ባ-ክ፡ ካብ ብሩምባው ዝብል ስም ዝመፀ እዩ። ፅብቕቲ ጓል ድማ እያ ነይራ። ሽጋራ ኣይተትክኽን፣ ኣይትሰቲን ወይ ኣይትስዕስዕን ወይ ዝኾነ ነገር ኣይትገብርን፣ ፅብቕቲ ጓል። ንቑሩብ ግዜ ምስኣ ከይደ፡ ኣነ ድማ...ድሕሪኡ፡ ኣስታት

ዕስራን ክልተን ዓመት ዕድመይ፡ ኣረጊት ፎርድ ክዕድግ ዘኽእለኒ እኹል ገንዘብ ኣኪበ ነይረ፡ ኣነ ድማ...ብሓባር ንሸርሽር ንወፅእ ኔርና። ስለዚ ድማ፣ ኣብቲ ግዜ እቲ፣ ቀረባ ቤተክርስትያን ሉተራን ኣይነበረን፣ ካብ ሃዋርድ ፓርክ ናብ ላዕሊ ግዒዙ ነይሩ።

64 ስለዚ ድማ...ኣገልጋሊ ነበረ፣ እቲ ኣብ ቤተክርስትያን ሚስዮናዊ መጥምቕ ዝሸመኒ ዶክተር ሮይ ዳቪስ። ሓፍትና ኡፐሻው፡ እታ ኣዝያ...ንሓው ኡፐሻው ናባይ ዝሰደደት፣ ወይ ብዛዕባይ ንዶክተር ሮይ ዳቪስ ዘዕለለትሉ። ስለዚ ድማ ይሰብኽ ነበረ፣ ቀዳመይቲ ቤተ ክርስቲያን መጥምቕ ድማ ነይራ፣ ወይ እታ—እቲ... ቀዳመይቲ ቤተ ክርስቲያን መጥምቕ ምኺና ኣይኣምንን እየ፣ ንሳ እውን፣ ሚሽን እያ ነይራ...ኣብ ጀፈርሰንቪል እትርከብ ቤተ ክርስቲያን ሚስዮናዊት መጥምቕ ትብሃል። ኣብቲ ቦታ ድማ ኣብቲ ቦታ ይሰብኽ ነበረ፣ ንሕና ድማ ብለይቲ ናብ ቤተክርስትያን ንኸይድ ኔርና፣ ስለዚ...ካቡኡ ድማ ንምለስ ኔርና። ኣነ ድማ ኣባል ቤተ ክርስቲያን ኮይነ ኣይፈልጥን እየ፡ ምስኣ ምኻድ ጥራይ ግን ደስ ይብለኒ። እቲ ቀንዲ ሓሳብ “ምስኣ ምኻድ” ስለ ዝነበረ፡ሓቂ ይሓይሽ።

65 ስለዚ ደሓር ምስኣ ብኸምዚ ፀኒሐ፡ ሓደ መዓልቲ ድማ ኣነ...ካብ ፅቡቕ ስድራቤት እያ ነይራ። ኣነ ድማ ክሓስብ እጅምር፡ “ትፈልጡ ኢኹም፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ናይታ ጓል ግዜ ከወስደላ የብለይን። ኣይኮነን-ቅኑዕ ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ ንሳ ፅብቕቲ ጓል እያ፣ ኣነ ድማ ድኻ እየ— ኣነ ድማ...” ኣቦይ ጥዕና ስኢኑ ነበረ፣ ኣነ ድማ—ኣነ... ዝገብሮ መንገዲ ኣይነበረን። ንሓንቲ ከምኡ ዝኣምሰለት ጓል፡ ፅቡቕ ገዛን ኣብ መሬት ዝነበረ ምንፃፋትን ዝለመደት ከመሓድረሉ ዘኽእል ዓቕሚ ኣይነበረንን።

66 እታ ናይ መጀመርታ ርእየያ ዝነበርኩ ምንፃፍ ይዝከረኒ፡ እንታይ ምኺና ኣይፈለጥኩን። ኣብ ጎኒ ዙርያ ተዘዋወርኩ። ኣብ ህይወተይ ካብ ዝረኣኹዎ ዝፀበቐ ነገር መሲሉኒ፡ “ከመይ ጌርም ከምዚ ዓይነት ነገር ኣብ መሬት የቐምጡ?” ንመጀመርታ ግዜ ዝረኣኹዋ ምንፃፍ እያ ነይራ። ንሱ እዩ ነይሩ-ሓደ ካብዚኦም እዩ ነይሩ...“ትቱዕ ምንፃፍ” ይበሃል ዝብል እምነት ኣለኒ። ከምኡ ጌጋ ክህልወኒ ይኽእል እዩ። ገለ ዓይነት ከም “ዝተኣለመ” ወይ ገለ ዝተኣሳሰረ፡ ኣብ መሬት ድማ ተነፂፉ። ፅብቕቲ ቀጠልያን ቀይሕን፡ ኣብ ማእከላ ድማ ዓባይ ፅጌረዳ ተሰሪሓትላ ነይራ፡ ትፈልጡ ኢኹም። ፅብቕቲ ነገር እያ ነይራ።

67 ስለዚ ድማ እዝክር ኣነ-ወይ ክትምርዓወኒ ክሓታ ከም ዘለኒ፡ ወይ ድማ ካብኣ ክርሕቕ ኣለኒ እሞ ገለ ንፉዕ ሰብኣይ ክምርዓዋ ክገድፋ ኣለኒ፡ ንዓኣ ፅቡቕ ዝኸውን ሰብ፡ ብፅቡቕ ከንብራ ዝኽእል ሕያዋይ ሰብ። ሕያዋይ ክኸውን ይኽእል እየ፣ ኣነ ግን-ኣነ-ኣብ ሰዓት ዕስራ ሳንቲም ጥራይ እየ ዝረክብ ነይረ። ስለዚ ብፅቡቕ መነባብሮ ከመሓድራ ኣይክእልን። ኣነ ድማ...ምስ ኩሉ ክከናኸኖ ዝግበኣኒ ስድራቤት፡ ባባ ድማ ጥዕና ስኢኑ ነይሩ፡ ኣነ ድማ ንኹሎም ክኣልዮም ስለ ዝነበረኒ፡ ቁሩብ ፅንኩር ግዜ የሕልፍ ነይረ።

68 ስለዚ፡ “እዋእ፡ እቲ እንኮ ክገብሮ ዝግበኣኒ ነገር እንተሃልዩ፡ ኣነ-ኣነ...ንሳ...ኣነ-ቢቃ ከምዘይምለስ ምሕባር ጥራይ እዩ፡ ምኽንያቱ ብዛዕባኣ ኣዝየ ስለ ዝሓሰብኩ፡ ህይወታ ክበላሸን ክትዕሸን ሱቕ ክብላ የብለይን።” ደሓር ከኣ “ሓደ ካልእ ሰብ እንተ ሓዛን ክምርዓዋ እንተኸኢሉን ፅቡቕ ሓዳር ይኾነላ። ምናልባት ንሳ ንኣይ እንተዘይኮነት እኳ—ሕጉስቲ ምኺና ክፈልጥ ይኽእል እየ።” ኢለ ሓሰብኩ።

ስለዚ ድማ “ኣነ ግን—ኣነ ቢቃ—ቢቃ ክገድፋ ኣይክእልን እየ!” ኢለ ሓሰብኩ። ኣነ ድማ- ዕቱብ ውሳነ ክወስድ ተፀጊመ ነይረ። መዓልቲ መዓልቲ ድማ ብዛዕባኡ ይሓስብ። ስለዚ ኣዝየ ሓፋር ስለ ዝነበርኩ ክትምርዓወኒ ክሓታ ኣይከኣልኩን። ለይቲ ለይቲ “ክሓታ እየ” ኢለ ውሳኔይ እውስን ነይረ። ከምኡ'ውን፡ ኣነ፡ እህህ፡ እንታይ'ዩ ንሱ፡ ፅምብላሊ፡ ወይ ገለ ኣብ ናትኩም...? ኩልኹም ኣብዙይ ዘለኹም ኣሕዋት ምናልባት ተመሳሳሊ ተመክሮ ነይርኩም ይኸውን። ናይ ብሓቂ መስሓቒ ስምዒት ድማ፡ ገፅይ ይረስን። ኣነ—ኣይፈለጥኩን። ክሓታ ኣይከኣልኩን።

ስለዚ ከመይ ጌረ ከምዝተመርዓኹ ዝገርመኩም ዘሎ ይመስለኒ። እንታይ ድዩ መሲልኩም? ደብዳበ ፅሒፈላ ፣ ሓተትክዋ። ስለዚ ድማ ንሳ...ሕዚ፡ “ክብርቲ ወይዘሪት” ዝብል ኣይነበረን፡ ካብኡ ቁሩብ ዝያዳ (ትፈልጡ ኢኹም) ብወገን ፍቕሪ። ቢቃ ኣይነበረን-ንስምምዕ፡ ንሱ እዩ ነይሩ...ኣነ-ኣነ ዝበለፀ ዝከኣለኒ ገይረ ፅሒፈዮ።

69 ኣነ ድማ ቁሩብ ንኣዲኣ ፈሪሐ። ኣዲኣ...ከምዚ ዓይነት ተራር እያ ነይራ። ከምኡ'ውን፡ ኣቡኣ ግን ለዋህ ሆላንዳዊ እዩ፡ ቅኑዕ ሰብ ጥራይ እዩ ነይሩ። ኣብቲ መንገዲ ባቡር መተሓባበሪ ስልጠና ሕውነት፡ ሰራሕተኛታት ባቡር ኮይኑ ብጊዜኡ፡ ኣብ ወርሒ ኣስታት ሓሙሽተ ሚእቲ ዶላር ይረክብ ነበረ። ኣነ ድማ ኣብ ሰዓት ዕስራ ሳንቲም ይረክብ፣ ንጓሉ ክምርዖ። እህህ! እዚ ፈፂሙ ከም ዘይሰርሕ እፈልጥ ነይረ። ኣዲኣ ድማ ኣዝያ... ሕጂ፡ ቕንዕቲ እመቤት እያ። ንሳ ድማ-ንሳ ከም ሓንቲ ካብዞም ላዕለዎት ማሕበረሰባት እያ ነይራ፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ከምኡ'ውን ከም ንውልቃ ክብሪታት ኣዝያ እትግደስ፡ ትፈልጡ'ዶ፡ ስለዚ ድማ ብዝኾነ ንዓይ ብዙሕ ዋጋ እትህብ ኣይነበረትን። ኣነ ሓደ ዓንጃል ወዲ ሃገረሰብ ጥራይ እየ ነይረ፣ ንሳ ድማ ንሆፕ ምስ ቁሩብ ዝሓሸ ስልጡን ወዲ ክትከይድ ኣለዋ ኢላ ትሓስብ ነበረት፣ ኣነ ድማ-ኣነ-ሓቃ ዝነበረት ይመስለኒ። ስለዚ ድማ...ኣነ ግን—ሽዑ ኣይሓሰብኩን።

70 ስለዚ፡ “ደሓን ሕዚ፡ ከመይ ከም ዝገብሮ ኣይፈልጥን እየ። ኣነ-ንኣቦኣ ክሓቶ ኣይክእልን እየ፡ ኣነ ድማ-ንኣደኣ እውን ከም ዘይሓታ ርግፀኛ እየ። ስለዚ ድማ መጀመርታ ንባዕላ ክሓታ ኣለኒ።” ኢለ ሓሲበ፣ ስለዚ ደብዳበ ፅሒፈ። ንጉሆ ድማ ናብ ስራሕ ይኸይድ ኣብዝነበርኩሉ እዋን፡ ኣብ ሳፅን ፖስታ ኣእተኹዋ። እቲ ፖስታ...ረቡዕ ለይቲ ናብ ቤተክርስትያን ክይድና ኔርና፡ ንሱ ድማ ሶኒ ንግሆ እዩ ነይሩ። ሰንበት ምሉእ መዓልቲ ክምርዓዋ ከም ዝደሊ ክነግራ ፈቲነ፡ ቢቃ እኹል ድፍረት ክረክብ ኣይከኣልኩን።

ስለዚ ሽዑ ኣብ ሳፁን ፖስታ ኣእተኹዎ። ኣብታ መዓልቲ ድማ ኣብ ስራሕ ኮይነ ክሓስብ ወዓልኩ፣ ብኣጋጣሚ “ኣዲኣ ነታ ደብዳበ እንተረኺበታኸ?” ኣየ ናተይ! ሽዑ ከም ዝጠፋእኹ ፈለጥኩ እንተ-ሓደ እዋን እንተ ረኺባታ፡ ምኽንያቱ ንኣይብዙሕ ስለ ዘይትግደሰለይ። ፅቡቕ፡ ረሃፅ ብረሃፅ ኮይነ እየ ውዒለ።

71 እታ ረቡዕ ለይቲ ምስ መፃእኹ ድማ፡ ኣየ ናተይ፡ “ከመይ ኢለ ናብኡ ክድይብ? ኣዲኣ ነታ ደብዳበ እንተ ረኺባታ ብሓቂ ጉድ ክትገብረኒ እያ፡ ስለዚ ሆፕ ክትረኽባ ተስፋ እገብር።” ኢለ ሓሰብኩ፣ ናብ “ሆፕ” ኢለ ኢየ ኣድራሻ ገይረላ። ሆፕ ዝብል እዩ ስማ ነይሩ። ስለዚ ድማ “ኣብዚ ንሆፕ ጥራይ ኢለ ክፅሕፎ ኣለኒ ” በልኩ። ስለዚ ድማ...ምናልባት ድማ ምናልባት ረኺባቶ ዘይክትኸውን ትኽእል ኢለ ሓሲበ።

ስለዚ ኣብ ደገ ደው ኢለ ክትወፅእ ክላክስ ምግባር ዝሓሸ ምኺኑ ፈሊጠ። ኣየ ናተይ! ከምኡ ውን ዝኾነ ወዲ ናብ ገዛ ደይቡ ማዕፆ ኳሕኲሑ ነታ ጓል ክሓትት ድፍረት ዘይረኸበ፡ኣብ ደገ ምስኣ ካልእ ቁምነገር ክህልዎ እዩ ክትብል ኣይክኣልን። ልክዕ ከምኡ እዩ። እዚ ኣዝዩ ዕሽነት እዩ። እዚ ርካሽ እዩ።

72 ስለዚ ድማ ነታ ናይ ቀደም ፎርደይ ደው ኣቢለያ፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ኩሉ ድማ ከም ዝፀባበቕ ገይረዮ። ስለዚ ድማ ደይበ ማዕፆ ኳሕኳሕኩ።

ምሕረት፣ ኣዲኣ ናብቲ ማዕዖ መፂኣ! ትንፋሰይ ክቖፃፀር ዳርጋ ኣይከኣልኩን፣ "ከመይ-ከመይ-ከመይ ኣለኺ ወይዘሮ ብሩምባክ?" እወ።

ንሳ ድማ "ከመይ ኣለኻ ዊልያም" በለትኒ።

ኣነ ድማ "እሀ-እዋይ 'ዊልያም'!"

ከምኡ'ውን—ንሳ ድማ "ክትኣቱ ዲኻ?"በለት።

ኣነ ድማ "የቐንየለይ" በልክዋ። ብቲ ማዕዖ ናብ ውሽጢ ኣተኹ። ኣነ ድማ "ሆፐ ተዳልያዶ ትኸውን?" በልኩ።

ልክዕ ሽው ድማ እንሆ ሆፐ ብገዛ እናዘለለት መፅኣት፡ ጓል ዓሰርተ ሽዱሽተ ኣቢላ ጥራይ እያ ትኸውን። ንሳ ድማ "ሃይ ቢሊ!" በለት።

ኣነ ድማ "ሃይ ሆፐ" በልክዋ። ኣነ ድማ "ንቤተክርስትያን ተዳሊኺ ዲኺ?" በልኩዋ፣ ንሳ ድማ "ሓንቲ ደቒቕ ጥራይ" በለትኒ።

ኣነ ድማ "ኣንታ ናተይ! ኣይረኽበታን። ኣይረኽበታን። ፅቡቕ፡ ፅቡቕ፡ ፅቡቕ። ሆፐ'ውን ኣይረኽበታን። ስለዚ ፅቡቕ ክኸውን'ዩ፡ ምኽንያቱ ብዛዕባኡ ክትዛረበኒ ነይራ።" ስለዚ ቁሩብ ፍኹስ ኢሉ ተሰሚዑኒ።

73 ደሓር ከኣ ኣብ ቤተ ክርስቲያን እንክለኹ ከምዙይ ኢለ ሓሲበ "ረኺባታ እንተትኾንከ?" ሪእኹም? ዶክተር ዳቪስ እንታይ ይብል ከም ዝነበረ ድማ ክሰምዕ ኣይከኣልኩን። ናብኣ ይጥምት፡ "ምናልባት በቃ ረኺባታ እንተኾይና፡ ካብዚ ምስ ወፃእኩ ድማ ብሓቂ ክትነግረኒ እንተኾይና፡ ከምኡ ስለ ዝሓተትክዋ" ኢለ ሓሰብኩ። ሓው ዳቪስ እንታይ ይብል ከም ዝነበረ ድማ ክሰምዕ ኣይከኣልኩን። ከምኡ - ከምኡ ኣነ ንዓኣ ይጥምት፡ ሓሰብኩ ድማ "ናተይ፡ ክገድፋ ኣይኮነለይን፡ ግን... ኣነ ድማ—ኣነ...እቲ ምትህልላኽ ብርግፅ ከመፅእ እዩ።"

ስለዚ ቤተ ክርስቲያን ምስተወደአ ብሓባር ኣብቲ ፅርግያ ክንከይድ ጀመርና፣ ናብ ገዛና ክንከይድ ጀመርና፣ ከምኡውን-ስለዚ ድማ ናብቲ እታ ፎርድ ዘላቶ ብእግርና ከድና። ስለዚ ድማ ሽው ግዜ ወርሒ ድምቕቲ ነበረት፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ኣነ ናባኣ ይጥምት እሞ ፅብቕቲ እያ ነይራ። እናጠመትኩዋ፡ "ናተይ፡ ከመይ ጌረ እየ ናተይ ክትኮን ዝገብራ፡ ግን ክግምቶ ከለኹ ኣይክእልን'የ" ኢለ ሓሰብኩ።

74 ስለዚ ድማ ቁሩብ ርሒቕ ተጓዒዘ፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ መሊሰ ድማ ቁሊሕ ኢለ ጠመትኩዋ። ኣነ ድማ "ከመይ— ሎሚ ምሸት ከመይ ይስምዓኪ ኣሎ?" በልኩዋ፡ ንሳ ድማ "ደሓን ኣለኹ" በለትኒ።

ነታ ኣረጊት ፎርድ ድማ ደው ኣቢልና ካበኣ ክንወፅእ ጀሚርና፣ ትፈልጡ ኢኹም፡ ኣብቲ ከባቢ እናተጐዓዝና፡ ናብ ገዝኣ ኣቢላ ትኸይድ። ኣነ ድማ ምስኣ ክሳብ እቲ ማዕዖ ኸድኩ። ኣነ ድማ "ትፈልጡ ኢኹም፡ ምናልባት እታ ደብዳበ ኣይረኽበታን ትኸውን፡ ስለዚ በቃ ኣነውን ከምኡ ክርስዓ ኣለኒ። ብዝኾነ ካልእ ናይ ፀጋ ሰሙን ክህልወኒ እዩ" ኢለ ሓሰብኩ። ስለዚ ፅቡቕ ስምዒት ተሰመዐኒ። ንሳ ድማ "ቢሊ?" በለት፣

ኣነ ድማ "ኣቤት" በልክዋ።

ንሳ ድማ "ደብዳቤኻ ረኺበያ እየ" በለትኒ።

ኣየ ናተይ! ኣነ ድማ "ረኺብክያ ኢኺ?" በልኩ።

ንሳ ድማ "እህ-ሁህ" በለት። ፅቡቕ፡ በቃ ካልእ ቃል ከይተዛረበት ጉዕዞ ቀፀለት።

ኣነ ድማ ብውሽጠይ "እቲ ሰበይቲ፡ ገለ ንገረኒ፣ ካባይ ርሓቕ ዝብል ወይ ብዛዕባኡ እንታይ ከም እትሓስቢ ንገረኒ።"" ኢለ ሓሰብኩ። ኣነ ድማ "ኣንቢብክያ—ኣንቢብክያ ዲኺ?"በልኩ። ንሳ ድማ "እህ-ሁህ" በለት።

ናተይ፡ ጓል ኣንስተይቲ ከመይ ጌራ ኣብ ስግኣት ከተእትወካ ከም እትኽእል ትፈልጥ ኢኻ። ኣየ ኣነ—ኣነ ከምኡ ማለተይ ኣይነበረን፡ ትርእይዎ ኣለኹም። ርኢኹም? ግን፡ ብዝኾነ፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ኣነ—"ስለምንታይ ገለ ዘይትብል?" ኢለ ሓሰብኩ፣ርኢኹም፡ ኣነ ድማ ጉዕዞ ቀፀልኩ። ኣነ ድማ "ኩሉ ኣንቢብክዮ ዲኺ?" በልኩዋ።

ንሳ ድማ...[ባዶ ቦታ ኣብ ቴፕ—ኣዳላዊ] "እህ-ሁህ።"

75 ስለዚ ዳርጋ ናብ ኣፍደገ በፂሕና፡ ኣነ ድማ ንባዕለይ "ኣታ ወዲ ክሳብ እቲ በረንዳ ኣይትምፅኣኒ ምኽንያቱ ጐይየ ከመልጥ ስለዘይክእል ሕዚ እስኪ ንገረኒ" በልኩ። ስለዚ ድማ ምፅባይ ቀፀልኩ።

ንሳ ድማ "ቢሊ ከምኡ እንተዝገብር ደስ ምበለኒ" በለት። ንሳ ድማ "ኣፍቂረካ እየ" በለት። እግዚኣብሄር ነፍሳ ሕዚ ይባርኽ፡ ኣብ ክብሪ እያ ዘላ። ንሳ ድማ "ኣፍቂረካ እየ" በለት። ከምዚ ድማ በለት፡ "ብዛዕባ እዚ ንወለድና...ንወለዲ ክንነግሮም ይግባእ ይመስለኒ። ከምኡ ኣይመስለካን?"

ኣነ ድማ "መዓረይ ስምዕኒ እዚ ጉዳይ ፍርቂ ፍርቂ ገይርና ንጀምሮ" በልክዋ። ኣነ ድማ "ንኣዴኺ እንተ ነጊርኪ ንኣቦኺ ክነግሮ እየ" በልክዋ። ንምጅማር ዝኣክል እቲ ዝኸፍአ ክፋል ንኣኣ ሓላፍነት ብመሃብ። ንሳ ድማ "ደሓን ቅድም ንባባ እንተ ነጊርካዮ" በለት።

ኣነ ድማ "ደሓን ሰንበት ምሸት ክነግሮ እየ" በልክዋ።

76 ስለዚ ድማ ሰንበት ምሸት መፀ፡ ካብ ቤተክርስትያን ናብ ገዛ ኣምፂአያ ኣለኹ፣ እሞ ኣነ...ንሳ ትጥምተኒ ነበረት። ኣነ ድማ ይጥምታ፡ ሰዓት ትሽዓተን ሰላሳን ድማ ነበረ፡ ክኸይድ ዝጀምረሉ ግዜ በፂሑ። ስለዚ ቻርሊ ኣብ ጣውልኡ ኮፍ ኢሉ ርሒቑ ይፅሕፍ ነበረ። ወ/ሮ ብሩምባክ ድማ ኣብ ልዕሊ እቲ ኩርናዕ ኮፍ ኢላ፡ ገለ ዓይነት ታንቴል ትሰርሕ፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ወይ ድማ ኣብ ልዕሊ ኣቐሑት እተቐምጦም ኣናእሽተይ ከበብቲ ስረሓት ፊትሊ፡ ትፈልጡ ኢኹም። እንታይ ትብልዎ ኣይፈልጥን እየ። ስለዚ ድማ ገለ ካብ ከምኡ ዓይነት ነገራት ትገብር ነይራ። ሆፐ ድማ ናባይ ምጥማት ቀፀለት፡ ንሳ ድማ ቅጭ መፂእዋ ነበረት፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ናብ ባባኣ ተማላኺተኒ። ኣነ ድማ...ኣንታ ናተይ! ኣነ ድማ "ኣይፋልን እንተበለኸ፧" ስለዚ ናብቲ ማዕዖ ክወፅእ ጀመርኩ፣ "ደሓን ስቕ ኢለ እንተዝኸይድ ይሓይሽ ይመስለኒ" በልኩ።

77 ኣነ ድማ ናብቲ ማዕዖ ከድኩ፣ ከምኡ'ውን- ንሳ ድማ ምሳይ ናብቲ ማዕዖ ገፃ ክትመፅእ ጀመረት። ኩሉ ግዜ ናብ ኣፍደገ መፂኣ "ሰናይ ለይቲ" ትብለኒ ነይራ። ስለዚ ናብቲ ማዕዖ ምኻድ ጀመርኩ፡ ንሳ ድማ "ኣይትነግርን ዲኻ?" በለትኒ።

ኣነ ድማ "ህህ!" ኣነ ድማ "ብርግፅ ክፍትን እየ፡ ኣነ ግን—ኣነ—ከመይ ኣ-ክገብሮ ከም ዝኽእል ኣይፈልጥን እየ" በልክዋ።

ንሳ ድማ "ኣነ ጥራይ ክምለስ እየ ንስኻ ድማ ትፅውዖ" በለትኒ። ስለዚ ኣብኡ ደው ኢለ ገዲፋትኒ ንድሕሪት ተመሊሳ ከደት።

ኣነ ድማ "ቻርሊ" በልክዎ።

ግምጥል ኢሉ ድማ "ኣቤት ቢል?"በለ፣

ኣነ ድማ "ሓንቲ ደቒቕ ጥራይ ክዛረበካ ይኽእል ድየ?" በልክዎ።

ንሱ ድማ "ብርግፅ" በለ። ካብ ጣውላኡ ግምጥል ኢሉ። ወይዘሮ ብሩምባክ ንዕኡ ጠሚታ፡ ናብ ሆፕ ጠሚታ፡ ናባይ ድማ ጠመተትኒ።

ኣነ ድማ "ናብ በረንዳዶ ምወፃእኻ?"በልክዎ።

ንሱ ድማ "እወ ክወፅእ እየ" በለኒ። ስለዚ ናብ በረንዳ ወፅአ።

ኣነ ድማ "ብርግፅ ፅብቕቲ ምሸት እያ ሓቀይ?" በልኩ።

ንሱ ድማ "እወ ከሙኡ እዩ" በለኒ።

ኣነ ድማ "ብርግፅ ሙቕት ኣሎ" በልክዎ።

"ብርግፅ ኣሎ" ኢሉ ናባይ ጠመተኒ።

ኣነ ድማ "ኣዝየ ክሰርሕ ፀኒሐ" በልክዎ፡ "ትፈልጥ ኢኻ፡ ዋላ ናተይ ኣእዳው ኣዲጉ ኣሎ።" ንሱ ድማ "ክትወስዳ ትኽእል ኢኻ ቢል" በለኒ። ኣየ ናተይ! "ክትወስዳ ትኽእል ኢኻ።"

78 "ኣንታ ይሓይሽ" ኢለ ሓሰብኩ። ኣነ ድማ "ብሓቂ ማለትካ ድዩ ቻርሊ?" በልክዎ፡ ንሱ ድማ...ኣነ ድማ "ቻርሊ ርኣዮ ጓልካ ምኟና እፈልጥ እየ፡ ገንዘብ ድማ ኣለካ" በልክዎ።

ኢዱ ዘርጊሑ ድማ ብኢደይ ሒዙኒ። ንሱ ድማ "ቢል ስምዓኒ፡ ገንዘብ ኩሉ ኣብ ህይወት ወዲ ሰብ ዘሎ ነገር ኣይኮነን" በለኒ። ንሱ ድማ...

ኣነ ድማ፡ "ቻርሊ ኣነ—ኣብ ሰዓት ዕስራ ሳንቲም ጥራይ እየ ዝረክብ፡ ኣነ ግን የፍቅራ ንሳ ድማ ትፈትወኒ። ከምኡ ውን ቃል እኣትወልካ ቻርሊ ክሳብ እዚኦም...እቶም ኣዳግ ካብ ኢደይ ክሳብ ዝግፈፍ ክሰርሕ እየ፣ መነባብሮኣ ንምምሕያሽ። ልክዕ ከምቲ ዝኽእሎ ንዓኣ ሓቀኛ ክኸውን እየ።"

ንሱ ድማ "ከምኡ እኣምን እየ ቢል" በለ። ንሱ ድማ "ስማዕ ቢል ክነግረካ ደልየ ኣለኹ" በለኒ። በለ ድማ "ትፈልጥ ኢኻ ሕጉስ ክትከውን ሓጎስ ጠቕሊልካ ገንዘብ እዩ ኢልካ ኣይትውሰድ ።" "ፅቡቕ ጥራይ ኩነላ።ከምኡ ከም እትገብሮ ድማ እፈልጥ እየ።"

ኣነ ድማ "የቐንየለይ ቻርሊ። ከምኡ ከም ዝገብር ርግፀኛ እየ።"በልኩ።

ሽዑ ንኣዲኣ ክትነግራ ግዲኣ በፅሐ። ከመይ ከም ዝሓለፈት ኣይፈልጥን ግን ተመርዒና።

79 ስለዚ፡ ምስ ተመርዓና፡ ዋላ ሓንቲ ኣይነበረናን፡ ዋላ ሓንቲ ናይ ገዛ ንብረት ኣይነበረናን። ክልተ ወይ ሰለስተ ዶላር ነይሩና ይመስለኒ። ስለዚ ገዛ ተኻረና፣ ኣብ ወርሒ ኣርባዕተ ዶላር ንኽፍለላ። ንእሽተይን ኣረጊትን ክልተ ክፍሊ ዝነበራ ቦታ እያ ነይራ። ሓደ ሰብ ድማ ኣረጊት ተዓፃፊ ዓራት ይህበና። ካባኻትኩም ተዓፃፊ ዓራት ርእዩ ዝፈልጥ ሰብ እንተሃልዩ ክገርመኒ እዩ? ንሳቶም ድማ ከምኡ ሂቦምና። ኣነ ድማ ናብ ሲርስን ሮባክስን ወሪደ ኣርባዕተ መንበር ዘለዋ ንእሽተይ ጠረጴዛ ረኺበ፡ ንሳ-ንሳ ድማ ኣይተቐብኣትን ነይራ፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ብግዚኡ ድማ ንሱ ረኺብና። ስለዚ ድማ ድሕሪኡ ናብ ኣይተ ዌበር ዝተባህለ ነጋዳይ ኣረጊት ንብረት ከይደ ሙብሰሊ ምድጃ ገዚአ። ሰብዓን ሓሙሽተን ሳንቲም ከፊለላ፡ ሓደ ዶላርን ገለን ድማ ንመፅረጊ ከፊለላ። ንብረት ገዛ ብኸምዙይ ኣዳለና። ኣብ መንበር ሻምርክ ወሲደ ክስእል ይዝከረኒ፣ ክቕብኦም ከለኹ። ከምኡ'ውን፡ ኣየ፡ ከምኡ ኮይኑውን ሕጉሳት ነይርና። ሓዲና ንሓዲና ምርካብና ልዕሊ ኹሉ ኣድላዪ ነይሩ። እግዚኣብሄር ድማ ብምሕረቱን ብሰናይነቱን ኣብ ምድሪ ሕጉሳት ከንከውን እንኽእል ኣናእሽተይ መፃምድቲ ኢና ኔርና።

እዚ ረኺበዮ፣ ሓጎስ ክንደይ ናይ ዓለም ኣቑሑት ከም እትውንን ዘይኮነስ በቲ ዝተመደበልካ ክፋል ክሳብ ክንደይ ከም እትዓግብ ዝቕመ እዩ።

80 ከምኡ'ውን፡ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ፡ ኣምላኽ ወሪዱ ነታ ንእሽተይ ገዛና ባረኻ፡ ንእሽተይ ወዲ ወለድና። ስሙ ቢሊ ፖል እዩ ነይሩ፣ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብዚ ኣብ ኣገልግሎት ኣሎ። ካብ ሽዑ ቁሩብ ፀኒሑ ድማ ኣስታት ዓሰርተ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ቃል "ፅጌረዳ ሳሮን" ዝተወሰደት ሳሮን ሮዝ እትበሃል ንእሽተይ ጓል ሒዙ መሊሱ ባረኸና።

ከምኡ'ውን ሓደ መዓልቲ ገንዘበይ ኣዋህሊለ ንእሽተይ ዕረፍቲ ክወስድ፡ ናብ ሓደ ቦታ፡ ፓው ፓው ቃላይ፡ ዓሳ ክገፍፍ ደይበ ከም ዝነበርኩ እዝክር። ኣብ መንገደይ ድማ...

81 ኣብዚ ግዜ እዚ ድማ...ምልዋጠይ ይገድፍ ኣለኹ። ኣነ ድማ ተቐይረ። ከምኡውን ብዶክተር ሮይ ዳቪስ ተሸይመ፣ ኣብ ቤተክርስትያን ሚስዮናዊ መጥምቕ፣ ኣገልጋሊ ኮይነ ድማ እቲ ሕዚ ኣብ ጀፈርሰንቪል ዝሰብከሉ ዘለኹ ቤት ፀሎት ኣለኒ። ኣነ ድማ ነታ ንእሽተይ ቤተ ክርስቲያን ይጓስያ ነይረ። ኣነ ድማ...

ገንዘብ የለን ዓሰርተ ሾብዓተ ዓመት ቤተ ክርስቲያን ጓሲየ ሓንቲ ሳንቲም ረኺበ ኣይፈልጥን። ኣብ ታክ- ኣይኣምንን ነይረ-...ኣብ ውሽጡ ናይ ውህብቶ መቐበሊ እኳ ኣይነበረን። ካብ ስራሕ ዝረኸብክዎ ዕሽርን ካልእን ድማ ኣብ ድሕሪት እቲ ህንፃ ንእሽተይ ሳንዱቕ ነይሩኒ፣ ንእሽተይ ምልክት

ኣብ ልዕሊኡ “እቲ ንእሽተይ ካብዞም ኣናእሽተይ ደቀይ ዝገበርኩሙሎም፣ ንኣይ ገይርኹሙለይ” ትብል። ደሓር ከኣ እታ ቤተ ክርስቲያን ከምኡ እያ ትኸፍል ነይራ። ንኽንከፍሎ ናይ ዓሰርተ ዓመት ልቓሕ ነይሩና፡ ክልተ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ድማ ተኸፊሉ። ኣነ ድማ ዝኾነ ዓይነት ውህብቶ ወሲደ ኣይፈልጥን።

ደሓር ከኣ፡ ኣየ ንዕረፍተይ ዘዋህለልክዎ ውሑዳት ዶላር ነይሩኒ። ንሳ እውን ኣብ ፋብሪካ ማልያ ፋይን ትሰርሕ ነይራ። ፍቕርቲ ፍቕርቲ ጓል። መቓብራ ድማ ምናልባት ሎሚ በረድ ኮይኑ ኣሎ፡ ግን ገና ኣብ ልበይ ኣላ። ናብዚ ቀላይ ደይበ ዓሳ ክገፍፍ እኹል ገንዘብ ንኽህልወኒ ክትሕግዘኒ ኣዝያ ክትሰርሕ ከላ ድማ እዝክር።

82 ካብቲ ቀላይ ክምለስ ከለኹ ድማ ክርኢ እጅምር፣ ናብ ሚሻዋካን ሳውዝ ቤንድን፣ ኢንዲያና፡ እናመፃእኩ፣ ኣብ ድሕሪት “ኢየሱስ ጥራይ” ዝብል ምልክት ዝነበረን መካይን ከስተብህል እጅምር። ኣነ ድማ “እዚ ዝገርም ይመስል፡ ኢየሱስ ጥራይ'” ኢለ ሓሰብኩ።እቶም ምልክታት ድማ ከስተብህለሎም እጅምር። ከምኡ'ውን ካብ ብሸክለታታት፡ ፎርድ፡ ካዲላክስ፡ ከምኡ'ውን ካልእ፡ “ኢየሱስ ጥራይ” ኣብ ዝኾነ ቦታ እያ ነይራ። ኣነ ድማ ንገሊኦም ተኸቲለ ንታሕቲ ወረድኩ፣ ናብ ሓንቲ ኣዝያ ዓባይ ቤተ ክርስቲያን ድማ ይመፁ። ጴንጠቆስጣውያን ምዃኖም ድማ ፈሊጠ።

ብዛዕባ ጴንጠቆስጣዊ ሰሚዐ ነይረ፡ ግን ከኣ ጉጅለ “ኣብ መሬት ተደፊኦም ብኣፎም ዘዕዘፍዝፉ ቅዱሳን-ሮለርስ”ን ብዛዕባኦም ኩሉ ዝነግሩኒን እዮም። ስለዚ ዋላ ሓንቲ ርክብ ክህልወኒ ኣይደለኹን።

ስለዚ ኩሎም ኣብኡ ክቕፅልዩ ሰሚዐ፡ ሓሰብኩ ድማ “እመን በቃ ክኣቱ እየ።” ስለዚ እታ ኣረጊት ፎርደይ ደው ኣቢለ ኣተኹ፡ ከምኡ'ውን ኩሉ እቲ ኣብ ህይወትኩም ዝሰማዕኽሙዎ ዝማሬታት! ከምኡ ውን ክልተ ዓበይቲ ኣብያተ ክርስትያናት ከም ዝነበራ ክፈልጥ ከኣልኩ፣ ሓንቲ ካብኣን PA of JC ትበሃል፣ ከምኡ ውን PA of W. ትበሃል፣ ብዙሓት ካባኻትኩም ሰባት ነተን ናይ ቀደም ኦርጋኒ-...ሕዚ ተጠርኒፈን ይፅወዓ ይመስለኒ፣ ዩናይትድ ጴንጠቆስጣዊ ቤተ ክርስቲያን ተባሂሎም ይፅውዑ። ፅቡቕ፡ ንገለ መምህራኖም ሰሚዐዮም። ኣብኡ ድማ ደው ኢሎም ነበሩ፣ ኣየ፣ ብዛዕባ ኢየሱስን ክሳብ ክንደይ ዓቢ ምዃኑን፣ ኩሉ ድማ ክንደይ ዓቢ ምዃኑን፣ ብዛዕባ “ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ” ይምህሩ ነበሩ። ኣነ ድማ “እንታይ እዮም ዝዛረቡ ዘለዉ?” ኢለ ሓሰብኩ።

83 ከምኡ'ውን፡ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ፡ ሓደ ሰብ ዘሊሉ ብቛንቋታት ክዛረብ ጀመረ። ፅቡቕ፡ ኣብ ህይወተይ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገር ሰሚዐ ኣይፈልጥን። እንሆ ድማ ገለ ሰበይቲ ብእኡ ኣቢላ ልክዕ ብዝተኻእላ መጠን እናጎየየት መፅያ። ሽዑ ኩሎም ተንሲኦም ክጎዩ ጀመሩ። ኣነ ድማ ንባዕለይ “ኣታ ሓወይ ብርግፅ ናይ ቤተክርስትያን ስነ-ምግባር የብሎምን!”ኢለ ሓሰብኩ። ጭድርታን ዋዕዋዕታን ቀፀለ፣ “እዚ ከመይ ዝበለ ጉጅለ እዩ!” ግን፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ገለ ነገር ብዛዕባኡ፡ ኣብኡ ኮፍ ኢለ ንነዊሕ እዋን፡ ዝያዳ ፈቲየዮ። ናይ ብሓቂ ፅቡቕ ዝመስል ነገር ነይሩ። ኣነ ድማ ክዕዘቦም እጅምር። ቀፀሉ ድማ። ኣነ ድማ “ ንእተወሰነ ግዜ ጥራይ ክፃወሮም እየ፣ ምኽንያቱ ኣነ... ናብ ማዕፆ ቀሪበ ኣለኹ። ዝኾነ ነገር ብፍጥነት ጥራይ እንተጀሚሩ ናብ ኣፍደገ ክጎዪ እየ። መኪናይ ኣበይ ደው ኢላ ከም ዘላ እፈልጥ እየ፣ ልክዕ ብዛ ኣንጎሎ እያ” ኢለ ሓሰብኩ።

84 ገለ ካብእቶም ሰበኽቲ ድማ፣ ምሁራትን ተማሃሮን ነይሮም ክሰምዕ እጅምር። ስለምንታይ፡ “ፅቡቕ” ኢለ ሓሰብኩ።

ስለዚ ናይ ድራር ግዜ በፅሐ፣ “ኩሉ ሰብ ናብ ድራር ይምፃእ” በለ።

ኣነ ግን “እስቲ ሓደ ደቒቓ ፅናሕ። ሓደ ዶላርን ሰብዓን ሓሙሽተን ሳንቲምን ኣለኒ ናብ ገዛይ መኸየዲ፡ ኣነ ድማ...” ንበንዚን ዝኸውን ንገንዘብ ጥራይ እዩ ነይሩኒ። በቃ ንሱ ንገዛይ ወሲዱ ከብፀሐኒ። ኣነ ድማ ናይ ቀደም ፎርድ እያ ነይራትኒ፣ ፅብቕቲ ናይ ቀደም ፎርድ እያ ነይራ። ንድሕሪት ዝዘምበለት ኣይነበረትን፡ ልክዕ ከምዛ ኣብዚ ዘላ እያ ነይራ፡ በቃ ዝኣረገት። ኣነ ድማ...ብሓቂ ፎርድ ኣብ ሰዓት ሰላሳ ማይልስ ክትከይድ እያ ዝብል እምነት ኣለኒ፡ ግን ብትኽክል ዓሰርተ ሓሙሽተ ናብቱይ ዓሰርተ ሓሙሽተ ከዓ ናብዙይ እዩ ነይሩ።ሪኢኹም፡ ኣጣሚርካ ሰላሳ ይኸውን። ስለዚ ድማ...“እዋእ፡ እታ ምሸት እቲኣ ከምሲ እየ ዝመስለኒ'ሞ ድሕሪ'ቲ...” ንምሸታዊ ኣገልግሎት ፀኒሐ።

85 ከምኡ'ውን፡ ኣየ፡ “ኩሉኹም ኣቱም ሰበኽቲ፡ ዲኖሚንሽን ብዘየገድስ፡ ናብ መድረኽ ውፁ።”በለ። ፅቡቕ፡ ኣብቲ ላዕሊ ኣስታት ክልተ ሚእቲ ኢና ኔርና፡ ኣነውን ደይበ። ስለዚ ድማ “ሕጂ፡ ኩልኹም ክትሰብኩ ግዜ የብልናን።” ንሱ ድማ “ብዙይ እናሓሊፍኩም መን ምዃንኩምን ካበይ ከም ዝመፃእኹምን ጥራይ ንገሩ” በለ።

ፅቡቕ፡ ግዜይ በፂሑ፡ “ዊልያም ብራንሃም፡ ባፕቲስት። ጀፈርሰንቪል፡ ኢንዲያና” ኢለ ሓሊፈ።

እቶም ዝተረፉ ኩሎም ንነብሶም “ጴንጠቆስጣል፡ ጴንጠቆስጣል፡ ጴንጠቆስጣል፡ ፒኤ ኦፍ ደብሊው (P.A. of W)፣ ፒኤጀሲ(P.A.J.C)፣ ፒኤደብሊው (P.A.W)፡ ፒ...(P)” ክብሉ ሰማዕኹ።

ኣነ ድማ ብእኡ ሓሊፈ። ኣነ ድማ “እሞ፥ ኣነ እየ እታ ግናይ ጫቕሉት ደርሆማይ” ኢለ ሓሰብኩ። ስለዚ ኮፍ ኢለ፣ ተፀበኹ።

86 ከምኡ'ውን፡ ኣብታ መዓልቲ እቲኣ፡ ፅቡቓት፡ መንእሰያት ሰበኽቲ ነይሮምዎም፡ ብሓይሊ ድማ ሰቢኾም ነይሮም። ደሓር ከኣ ከምዚ በሉ “እቲ ሎሚ ምሸት መልእኽቲ ዘምፅእ ...” “ሽማግለ” ኢሎም ከም ዝፀውዕዎ እኣምን። ኣገልገልቶም ድማ፡ ኣብ ክንዲ “ቀሺ”፡ “ሽማግለ” ዝብል እዩ ነይሩ። ኣብኡ ድማ ሓደ ኣረጊት ፀሊም ሰብኣይ ኣምፅኡ፣ ንሱ ድማ ካብዘን ናይ ቀደም ሰበኽቲ ዝኽደንወን ዓይነት ካቦት ገይሩ ነበረ። ከምኡ ዝበለት ርኢኹም ትፈልጡ ኣይመስለንን። ኣብ ድሕሪት ነዊሕ ጭራ ርግቢት፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ልስሉስ ኗሌታ ዘለዎ፡ ኣብ ርእሱ ድማ ንእሽተይ ፃዕዳ ወሰን ፀጉሪ ጥራይ ነይርዎ። መስኪን ኣረጊት ሰብኣይ፡ ከምዚኢሉ ወፂኡ እዚ, ትፈልጡ ኢኹም፡ ኣብኡ ደው ኢሉ ድማ ንድሕሪት ተገጠወየ። ኣብቲ ኩሎም ሰበኽቲ ብዛዕባ ኢየሱስን ዕብየቱን ክሰብኩሉ ዝፀንሑሉ ቦታ ድማ...ክንደይ ዓብዪ ምንባሩን ካልእን፡ እቲ ኣረጊት ሰብኣይ ጥቕሲ ካብ መፅሓፍ እዮብ ወሲዱ። “መሰረት ዓለም ከንብር ከለኹ፡ ወይ ከዋኽብቲ ወጋሕታ ብሓባር ክዝምሩ ደቂ ኣምላኽ ድማ ብሓጐስ ክጭድሩ ከለዉ ኣበይ ኔርኩም?”

እቲ ኣረጊት ሰብኣይ ድማ፡ ከምዙይ ክብል ሓሰብኩ “ስለምንታይ እዮም ንገለ ካብቶም መንእሰያት ክሰብኩ ዘይገበሩ?” ብሉፅ...እቲ ቦታ መሊኡ ተፃቢቡ ነበረ። ኣነ ድማ “ስለምንታይ ከምኡ ዘይገበሩ?” ኢለ ሓሰብኩ።

87 ስለዚ ሽዑ እዚ ኣረጊት ሰብኣይ፡ ኣብ ክንዲ ኣብዚ ታሕቲ ኣብ ምድሪ ዝካየድ ዝነበረ ዝሰብኽ፡ ኩሉ ግዜ ኣብ ሰማይ ዝካየድ ዝነበረ ክሰብኽ ይጅምር። ፅቡቕ፡ ኣብ መጀመርታ ኣብ መጀመርታ ግዜ ኣልዒልዎ፡ ኣብ ካልኣይ ምፅኣት ድማ ብኣግማድ ቀስተ ደመና ኣውሪድዎ። ስለምንታይ፡ ኣብ ህይወተይ ከምዚ ዝኣመሰለ ስብከት ሰሚዐ ኣይፈልጥን! ኣብቲ ግዜ እቲ ኣቢሉ እቲ መንፈስ ወቒዖ፡ ዘሊሉ ላዕሊ ኸደ ሸኾናኡ ኣጣቢቑ፡ መንኩቡ ንድሕሪት ደርብዩ ካብቲ መድረኽ እናተገልበጠ ከደ፡ “ኣብዚ ላዕሊ ንኽሰብኽ ዝኣክል ቦታ ኣይረኸብኩን” በለ። ካብቲ ኣነ ዘለኒ ንላዕሊ ድማ ቦታ

ነይርዎ።

ኣነ ድማ "እዚ ንሓደ ኣረጊት ሰብኣይ ከምኡ ክገብር እንተገይርዎ፡ ኣብ ልዕለይ እንተዝኣቱ እንታይ ምገበረ?" ኢለ ሓሰብኩ። ኣነ—"ምናልባት ገለ ካብኡ የድልየኒ ይኸውን" ኢለ ሓሰብኩ። ንምንታይ፡ ኣብኡ ክወፅእ፡ ነቲ ኣረጊት ሰብ ኣዝየ ደንጊፀሉ። ግን፡ ምስ ከደ፡ ንነብሰይ ደንጊፀላ። ኣነ ድማ ካብኡ ወሪዱ ክኸይድ ረኣኽዎ።

88 ሽው ምሸት ወፂአ፡ "ሕዚ፡ ንፅባሒቱ ንግሆ ኣበይን፡ መን ምዃነይን ንማንም ኣየፍልጥን እየ" ኢለ ሓሰብኩ። ስለዚ ከድኩ፡ ሽው ምሸት ድማ ስረይ ኣንፂፈ። ኣነ ድማ ነቲ...ናብ ግራት ዒልበ ወፂአ ክድቅስ ከይደ፡ ወሪደ ድማ ገለ ዝደረቐ ሕብሽቲ ዓዲገ። ንስኻ... ንብምሉኡ ብሓሙሽተ ሳንቲም እየ ዓዲገዮ። ኣብ ታሕቲ ማይ ነይሩ፣ ማይ ረኺበ። ስለዚ እዚ ንቑሩብ ግዜ ከም ዘፅንሓኒ ስለ ዝፈለጥኩ፡ ማይ ኣምፂአ ሰተኹ፡ ከይደ ድማ ካብቲ ሕብሽቲ በሊዐ። ተመሊሰ ድማ ካልእ ዝስተ ማይ ኣምፃእኹ። ኣብቲ ናይ ዒልበ ግራት ወፂአ፡ ነተን ክልተ መንበር ሒዘ ነታ ንእሽተይ ሴርሳከር ሱረይ ኣብኡ ኣውፂአ፡ ኣብቲ መንበር ኣንፂፈያ።

ከምኡ'ውን፡ ኣብታ ለይቲ እቲኣ፡ ምሉእ ለይቲ ፅቡቕ ጌረ ፀለኹ። ኣነ ድማ "ጐይታይ ናብምንታይ ድዩ ኣትየ? ኣብ ህይወተይ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሃይማኖታውያን ሰባት ርእየ ኣይፈልጥን እየ" በልኩ። ኣነ ድማ "እዚ እንታይ ምዃኑ ንኽፈልጥ ሓግዘኒ" በልክዎ።

89 ንፅባሒቱ ንግሆ ድማ ናብኡ ወረድኩ። ቁርሲ ዓዲሞሙና። ብርግፅ ኣብቲ ውህብቶ ዘእትዎ ነገር ስለ ዘይነበረኒ፡ ምስኦም ክበልዕ ኣይመፃእኹን። ኣነ ድማ በቃ ተመሊሰ። ንፅባሒቱ ንግሆ ድማ ምስ ኣተኹ፡ ስለምንታይ (ገለ ካብ ሕብሽተይ በሊዐ ኣለኹ)፡ ተቐሚጠ። ማይክሮፎን ድማ ሒዞም ነበሩ። ቅድሚ ሕዚ ድማ ማይክሮፎን ርእየ ኣይፈልጥን እየ ነይረ፡ በቲ ነገር ድማ ፈሪሐ። ስለዚ ንሳቶም...ኣብዚ ድማ ንእሽተይ ገመድ ተሰቒላ ነይራ፣ ንሳ ድማ ንታሕቲ ተንጠልጢላ። ሓደ ካብኣቶም ማይክ የውድቕ፣ ከምዚ... ንሱ ድማ፡ "ትማሊ ምሸት፡ ኣብ መድረኽ፡ ኣብዚ ሓደ ባፕቲስት መንእሰይ ሰባኺ ነይሩ፡" በለ።

"እህ-እዋእ ሕዚ ንፈተና ዝተመቸኹ ኮይነ ኣለኹ" ኢለ ሓሰብኩ።

ንሱ ድማ "ኣብ መድረኽ ዝነኣሰ ሰባኺ እዩ ነይሩ። ስሙ ብራንሃም እዩ ነይሩ። ሃለዋቱ ዝፈልጥ ሰብ ኣሎ ድዩ? ክመፅእ ንገርዎ፡ ናይ ንግሆ መልእኽቲ ከምፅእ ኢና ደሊናዮ።" በለ።

90 ኣየ ናተይ! ንእሽተይ ቲሸርት ተኸዲነ ነይረ፡ ከምኡ'ውን ሴርሳከር ስረ፡ ትፈልጡ ኢኹም። ንሕና መጥምቃውያን ድማ ናብ መድረኽ ወፂኡ ዝሰብኽ ምሉእ ክዳን ክለብስ ከም ዘለዎ ንኣምን፣ ትፈልጡ ኢኹም። ስለዚ...ኣነ ድማ—በቃ ኣብ ስቱር ተቐሚጠ። ኣብቲ ግዜ ድማ... ኣብ ሰሜን ነይሮም ሽው ምኽንያቱ (ኣህጉራዊ ጉባኤኦም) እቶም ፀለምቲ ህዝቢ ኣብ ደቡብ እንተኾይኑ ከመፁሎም ኣይክእሉን እዮም። ኣብኡ ፀለምቲ ነይረምዎም፣ ኣነ ድማ ደቡባዊ እየ፣ ከሳብ ሕዚ ኣብ ኳሌታይ ስታርች ነይሩኒ፣ ርኣዩ፣ ካብ ካልእ ቁሩብ ዝሓሸኹ መሲሉኒ። ኣጋጣሚ ድማ ሽው ንግሆ ሓደ—ፀሊም ሰብኣይ ልክዕ ኣብ ጥቓይ ተቐሚጡ ነበረ። ስለዚ ተቐሚጠ ንላዕሊ ጠመትክዎ። ኣነ ድማ "ደሓን ሓው እዩ" ኢለ ሓሰብኩ።

ንሱ ድማ "ሃለዋት ዊልያም ብራንሃም ዝፈልጥ ሰብ ኣሎ ድዩ?" ኣነ ኣብ ወንበረይ ንታሕቲ ደነንኩ ከምዚ። ስለዚ ንሱ በለ፣ ንኻልኣይ ግዜ ኣፍለጠ፣ "ኣብ ደገ ዘሎ ሰብ ኣሎ" (እዛ ንእሽቶ ማይክ ስሒቡ ኣእትዩ) "ሃለዋት ዊልያም ብራንሃም ዝፈልጥ እንተሎ? ንመልእኽቲ ንግሆ ኣብ መድረኽ ከም እንደልዮ ንገርዎ። ካብ ደቡባዊ ኢንዲያና ዝመፀ ሰባኺ ባፕቲስት እዩ።"

91 በቃ ኣነ ብሓቂ ተሓቢአ ተቐሚጠ ኣለኹ፣ንታሕቲ ኣጐንቢሰ፡ ትፈልጡ ኢኹም። ብዝኾነ ዝፈልጠኒ ሰብ ኣይነበረን። እቲ ፀሊም ወዲ ናባይ ጠመተ፣ "ኣበይ ከምዘሎ ትፈልጥ ዲኻ? "በለ።

ከምዚ ኢለ ሓሰብኩ። ኣነ—ወይ ክሕሱ ወይ ገለ ክገብር ነይሩኒ፤ ስለዚ "ኣብዚ ናባይ ኣብል" በልክዎ።

ንሱ ድማ "እወ ጎይታይ?"

ኣነ ድማ "ገለ ክነግረካ ደልየ ኣለኹ" በልክዎ። ኣነ ድማ "ኣነ—ኣነ እየ" በልክዎ። ንሱ ድማ "እሞ ናብኡ ደይብ ኺድ" በለ።

ኣነ ድማ "ኣይፋልን ኣይክእልን እየ። ርአ፡" በልክዎ፡ "እዛ ንእሽተይ ኣረጊት ሴርሳከር ሱሩን እዛ ንእሽተይ ቲሸርትን እየ ገይረ ዘለኹ።" ኣነ ድማ "ኣብኡ ክድይብ ኣይከኣልኩን።" በልኩ።

ንሱ ድማ "እቶም ሰባት ከመይ ተኸዲንካ ኣይግድሶምን እዩ። ስቕ ኢልካ ናብኡ ኪድ።"በለኒ። ኣነ ድማ " ኣይፋልን ኣይፋልን" በልክዎ። ኣነ ድማ "ስቕ በል ሕጂ ዋላ ሓንቲ ኣይትበል" በልክዎ።

ድሕሪ ሓንቲ ደቒቕ ተመሊሶም ድማ ብቲ ፎን፡ "ዝኾነ ሰብ ሃለዋት ዊልያም ብራንሃም ዝፈልጥ እንተሎ?" በሉ።

ንሱ ድማ "ኣብዚ! ኣብዚ እኒሄ! ኣብዚ እኒሄ!" ኣየ ናተይ! ሽው ድማ ነታ ንእሽተይ ቲሸርት ተኸዲነ ተንሲአ፣ ትፈልጡ ኢኹም። እንሆ ድማ ኣነ...

92 ንሱ ድማ "ንዓ ደይብ ኣይተ ብራንሃም መልእኽቲ ከተምፅእ ንደሊ ኣለና" በለኒ። ኣየ ናተይ፡ ቅድሚ ኩሎም ሰበኽቲ፡ እህም፡ ኩሎም ሰባት! ኣነ ድማ ቀስ ኢለ ንላዕሊ ከይደ ትፈልጡ ኢኹም። ገፀይ ቀይሑ፡ እዝነይ ድማ ረሲኑ። ኣነ ድማ ቀስ ኢለ ደይበ፡ ሴርሱከር ስረን ቲሸርትን፡ ሰባኺ፡ ሰባኺ ባፕቲስት ናብ ማይክሮፎን ደይቡ፡ ቅድሚ ሕዚ ዋላ ሓደ ርእየ ኣይፈልጥን፡ ትርእዩ ኣለኹም።

ኣብኡ ድማ ደው ኢለ፡ "እዋእ ኣነ—ኣነ—ብዛዕባ እዚ ኣይፈልጥን እየ" በልክዎም። ኣነ ደምበርበር ይብል ነይረ፣ ናይ ብሓቂ ስግኣት ነይሩኒ፣ ትፈልጡ ኢኹም። ከምኡ'ውን—ኣነ ድማ ኣብዚ ከባቢ ሉቃስ 16 ዘሎ ሒዘ፣ "እዋእ ሕጂ..." ኢለ ሓሲበ ኣነ ድማ—ኣብቲ ኣርእስቲ ኣትየ፣ "ንሱ ድማ ኣብ ሲኦል ኣዒንቱ ኣልዒሉ፣ በኸየ።" ኣነ ድማ ሒዘ...ስለዚ ኣነ— ክሰብኽ እጅምር፣ ትፈልጡ ኢኹም፣ ናብ ስብከት ምስ ኣተኹ ድማ ቁሩብ ዝሓሸ ኮይኑ ተሰሚዑኒ። ኣነ ድማ "እቲ ሃብታም ኣብ ሲኦል ነበረ፡ በኸየ" በልኩ። እተን ውሑዳት ሰለስተ ቃላት፡ ከምቲ ብዙሕ ከምኡ ዝኣመሰለ ስብከት ዘለኒ፡ "ንዙይ እመን"፡ ከምኡ' ውን "ንቲ ኮኺሒ ተዛረቦ"፡ ዝብሉ ክሰብኽ ሰሚዕኹሙኒ። ኣነ ድማ "ድሕሪኡ ድማ በኸየ።" ኣነ ድማ "ኣብኡ ቆልዑ የለዉን፡ ብርግፅ ኣብ ሲኦል ኣይኮኑን። ሽው በኸየ።" ኣነ ድማ "ኣብኡ ዕምባባ የለን። ሽው በኸየ። ኣብኡ ኣምላኽ የለን። ሽው በኸየ። ኣብኡ ክርስቶስ የለን። ሽው በኸየ።" ምስ በልኩ ሽው ንባዕለይ በኸኹ። ገለ ነገር ሒዙኒ። ናተይ! ኣየ ናተይ! ድሕሪኡ እንታይ ከም ዘጋጠመ ኣይፈልጥን።

ብገለ መልክዑ ናብ ቀልበይ ምስተመለስኩ፡ ብደገ ደው ኢለ ነይረ። እቶም ሰባት ከዓ ይጭድሩ፣ዋዕዋዕ ይብሉን ይበኽዩን ነይሮም፣ ኣነ ድማ፣ ኣዝዩ ዝገርም ግዜ ኣሕሊፍና።

93 ኣብ ደገ ስ ወፃእኹ ሓደ ሰብ ኣዝዩ ዓብዪ ናይ ቴክሳስ ቆቢዕ ገይሩ፡ ከምኡውን ዓብዪ ቡት ጫማ ገይሩ፡ ቀሪቡ፡ "ኣነ ከምዚ ከምዚ ዝበሃል ሽማግለ እየ" ኢሉ ተፋለጠኒ። ሰባኺ፡ ጫማ ሓላዊ ከፍቲ፣ ከዳን ሓላዊ ከፍቲ ገይሩ ኣሎ።

ኣነ ድማ "እዋእ ሽው እታ ሴርሳከር ስረይ ክንድኡ ሕማቕ ኣይኮነትን" ኢለ ሓሰብኩ።

"ናብ ቴክሳስ መፂእኻ ተሃድሶ ክትገብረለይ እደሊ ኣለኹ" በለ።

"እህ-ሁህ፡ ንሱ ከቕምጦ ፍቓደለይ ኣይተ።" ኣነ ድማ ከምዚ ገይረ ኣቕሚጠዮ።

እንሆ ሓደ ሰብ ሓንቲ ካብዘን ኣናእሽተይ ዓይነት ናይ ጎልፍ ስረ ገይሩ መፂኡ፡ ኣብቲ ጎልፍ ዝፃወቱሉ ዝነበሩ ቦታ ዝኽደንዎ፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ኣናእሽተይ ናይ ብሉዝ ካምቻታት ነይርዎም። ንሱ ድማ "ኣነ ከምዚ ከምዚ ዝበሃል ሽማግለ እየ ካብ ሚያሚ። ኣነ ደስ ይብለኒ..."

"ናተይ፡ ምናልባት ኣከዳድና ክሳብ ክንድዚ ኣይኮነን።" ርእየዮ፡ "ፅቡቕ" ኢለ ሓሰብኩ።

94 ስለዚ ነዚ ነገራት ጨቢጠ፡ ናብ ገዛይ ከድኩ። ሰበይተይ ረኺባትኒ፡ከምዚ በለት። "ንምንታይ ኢኻ ክሳብ ክንድዚ ሕጉስ ትመስል ቢሊ?"

ኣነ ድማ "እታ ክሬም ናይቲ ዝራእቲ ረኺበያ። ናተይ፡ ካብ ዝረኣኽዎ ዝበለፀ እዩ። እቶም ሰባት ብሃይማኖቶም ኣይሓፍሩን እዮም።" ከምኡ'ውን፡ ኣየ፡ ኩሉ ነጊረያ። ኣነ ድማ፡ "ኣብዚ እነሆኹልኪ፡ መዓረይ፡እቶም ሰባት ምሉእ ተኸታታሊ ዕድመታት ገይሮምለይ።!" በልክዋ።

ንሳ ድማ "ቅዱሳን ሮለርስ ኣይኮኑን ሓቀይ?" በለት።

ኣነ ድማ "እንታይ ዓይነት ሮለርስ ምዃኖም ኣይፈልጥን እየ፡ ግን ነኣይ ዘድልየኒ ኣበኦም ረኺበ ኣለኹ" ኢለያ። ርኢኻ? ኣነ ድማ "እዚ-እዚ ሓደ ነገር ርግፀኛ እየ።" ኣነ ድማ "ሓደ ኣረጊት ሰብኣይ፡ ወዲ ተስዓ ዓመት፡ መሊሱ መንእሰይ ኮይኑ ከመፅእ ርእየ።" ኣነ ድማ፡ " ኣብ ህይወተይ ከምዚ ዝኣመሰለ ስብከት ሰሚዐ ኣይፈልጥን። ስለምንታይ፡ ባፕቲስት ከምኡ ኺሰብኽ ርእየ ኣይፈልጥን።" ኣነ ድማ "ትንፋሶም ክሳብ ዝወፁ ይሰብኩ፡ ብርኮም ናብ መሬት ኣብፂሖም፡ ተመሊሶም ንላዕሊ ይምለሱ፡ ትንፋሶም ይሕዙ። ክልተ ብሎካት ርሒቕካ፡ ክሳዕ ሕጂ ክሰብኩ ኽትሰምዖም ትኽእል ኢኻ።" ኣነ ድማ "ኣነ—ኣብ ህይወተይ ከምዚ ዝበለ ሰሚዐ ኣይፈልጥን እየ" በልኩ። ኣነ ድማ "ብዘይፍለጥ ቋንቋ ይዛረቡ፡ እቲ ካልእ ድማ እንታይ ይዛረቡ ከምዘለዉ ይነግር። ኣብ ህይወተይ ከምዚ ዝበለ ሰሚዐ ኣይፈልጥን!" ኣነ ድማ "ምሳይ ክትከዲ ዲኺ?" በልኩዋ።

ንሳ ድማ "መዓረይ ምስ ተመርዓኹኻ ሞት ክሳብ ዝፈላልየና ምሳኻ ክፀንዕ እየ" በለትኒ። ንሳ ድማ "ክኸይድ እየ" በለትኒ። ንሳ ድማ "ሕዚ፡ ነቶም ቤተሰብና ክንነግሮም ኢና" በለትኒ።

ኣነ ድማ "ደሓን ንስኺ ንኣዴኺ ንገርያ ኣነ ድማ ንኣደይ ክነግራ እየ" በልክዋ። ስለዚ ንሕና...ከይደ ንኣደይ ነጊረያ።

ማማ "ደሓን ብርግፅ ቢሊ። እግዚኣብሄር ዝፀውዓኩም ዘበለ ኪዱ ግበሩ።"በለትኒ።

95 ስለዚ ድማ ወይዘሮ ብሩምባክ ክድይብ ሓተተትኒ። ደይበ። ንሳ ድማ "እንታይ እዩ እዚ ትዛረቦ ዘለኻ?" በለትኒ።

ኣነ ድማ "ኣየ፡ ወይዘሮ ብሩምባክ" በልክዋ፣ "ኩልኹም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት ርኢኹም ኣይትፈልጡን ኢኹም።"

ንሳ ድማ "ስቕ በል! ስቕ በል!"

ኣነ ድማ "እሺ ማማ" በልክዋ። ኣነ ድማ "ይቕሬታ" በልክዋ።

ንሳ ድማ "እዚ ጉጅለ ቅዱሳን ሮለርስ ምዃኑ ትፈልጥ ዲኻ?" በለትኒ።

ኣነ ድማ "ኣይፋልን ማማ ኣነ ከምኡ ኣይፈልጥን ነይረ" በልክዋ። ኣነ ድማ "ንሳቶም-ርግፀኛ እየ። ትኽክለኛታት ሰባት እዮም።"በልክዋ።

ንሳ ድማ "እቲ ሓሳብ ባዕሉ! ንጓለይ ኣብ መንጎ ከምኡ ዝኣመሰለ ነገራት ትጎትታ ዲኻ ዝመስለካ!" በለትኒ፡ "ቀልዲ! እዚ ብዘይካ እተን ካልኦት ኣብያተ ክርስቲያናት ዝደርበያኦ ጓሓፍ ካልእ ኣይኮነን።" ንሳ ድማ "ብሓቂ! ንጓለይ ናብ ከምኡ ኣይተውፅኣን ኢኻ።"በለት።

ኣነ ድማ "ግን፡ ትፈልጢ ኢኺ ወይዘሮ ብሩምባክ፡ ኣብ ልበይ ውሽጢ ጎይታ ምስዞም ሰባት ክኸይድ ዝደሊ ኮይኑ ይስምዓኒ።"

ንሳ ድማ "ንሳቶም ክራይ ገዛ ክሳብ ዝኸፍሉልካ ናብ ቤተክርስትያንካ ተመሊስካ ደይብ፡ ከም ልቦና ዘለዎ ሰብኣይ ድማ ኩን" በለትኒ። "ንጓለይ ናብኡ ኣቢልካ ኣይክትወስዳን " በለት።

ኣነ ድማ "ሕራይ ማማ" በልክዋ። ንድሕሪት ተመሊሰ ድማ ወፃእኩ።

96 ሆፕ ድማ ክትበኪ ጀመረት። ንሳ ወፂኣ፡ "ቢሊ፡ ማማ ዝበለቶ ብዘየገድስ ምሳኻ ክፅንሕ እየ።" ልባ ይባረኽ!

ኣነ ድማ "ኣይ፥ ደሓን በቃ መዓረይ" በልክዋ።

ኣነ ድማ በቃ ገዲፈዮ። ጓላ ምስ ከምዚ ዓይነት ሰባት ክትከይድ ኣይምፈቐደትን በቲ ምኽንያት ዝበለቶ "ብዘይካ ጓሓፍ ካልእ ኣይነበረን።" ስለዚ ድማ በቃ ብገለ መልክዑ ገዲፈዮ። ኣብ ህይወተይ ካብ ዝገበርክዎ ዝኸፍአ ጌጋ እዩ ነይሩ፣ ሓደ ካብቲ ዝኸፍአ ጌጋ እዩ።

97 ቁሩብ ፅኒሑ ድሕሪ ቁሩብ ዓመታት እቶም ቆልዑ ይመፅኡ። ሓደ መዓልቲ ድማ...ውሕጅ መፂኡ፣ ኣብ 1937 ውሕጅ መፅአ። ከምኡ'ውን ናትናን...ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ፓትሮል ስለ ዝነበርኩ፡ ኣባይቲ እናፈረሱ፡ ነቲ ህዝቢ ካብቲ ውሕጅ ከውፅኦ ዝከኣለኒ ይፅዕር ነይረ። ናይ ገዛእ ርእሰይ

በዓልቲ ቤት ድማ ሓሚማ ተወሰደት፣ ንሳ ድማ ናይ ብሓቂ፣ ናይ ብሓቂ ብኒሞንያ ሓሚማ ነበረት። ኣውፂኦምዋ ድማ...እቲ ስሩዕ ሆስፒታል ኣዝዩ መሊኡ ስለ ዝነበረ ኣብኡ ከነእትዋ ስለ ዘይከኣልና፡ ናብቲ- ናብቲ ኣብቲ ናይ መንግስታዊ ክፍሊ ስልዝነበሮም ናብኡ ኣውፂእናያ። ስለዚ ድማ ዳግማይ ፀዊፆምኒ። ኣነ ድማ ኩሉ ግዜ ኣብቲ ሩባ እየ ዝነብር ነይረ፣ ምሉእ ብምሉእ ድማ ኣብ ጃልባ ዝሰርሕ ስለ ዝነበርኩ፣ ነቶም ሰባት ክረኽቦም፣ ካብቲ ውሕጅ ከድሕኖም ይፅዕር ነይረ። ደሓር ከኣ ኣነ...ሓደ...

98 ደዊሎምለይ ከምዙይ ኢሎምኒ፡ “ኣብ ጎደና ቸስትነት ሓደ ገዛ ኣሎ፡ ብውሕጅ ክውሰድ ተቐሪቡ።ኣብኡ ሓንቲ ኣደ ምስ ገለ ቆልዑ ኣለዉ ። ጀልባኻ፡ሞተርካ፡ ናብኡ ክትኣቱ ትኽእል ትኽውን”

ኣነ ድማ “ደሓን ዝከኣለኒ ኩሉ ክገብር እየ” በልክዎም።

ኣነ ድማ፡ ነቶም ማዕበላት እናጠሓስኩ ከድኩ። እቲ ማይ መውረዲ ትቦ ኣብኡ ተሰባቢሩ ነበረ፣ ኣየ፣ ናተይ፣ እቲ...ንከተማ ይፀራርጋ። ከምኡ'ውን ብዝከኣለኒ ኩሉ ሓይሊ ክህብ ነይሩኒ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ንቑልቁል ስግር ጎደናታትን ኣቢለ ናብቲ ብቦታት ኣቢለ ከይደ። ኣብኡ ድማ ናብቲ ኣረጊት ግድብ ዝነበረሉ ቦታ ቀሪበ፡ እቲ ማይ እናፈሰሰ። ሓደ ሰብ ክፅውዕ ከሎ ድማ ሰሚዐ፡ ሓንቲ ኣደ ድማ ኣብቲ በረንዳ ደው ኢላ ረኣኹ። ከምኡ ዝሓልፉ ዓበይቲ ሮለራት ድማ ነይሮም። ፅቡቕ ኣነ ንላዕሊ ቀፂለ እዚ ብዝተኻእለኒ መጠን፡ ነቲ ውሒጅ ፀፊዐ ተመሊሰ ኣብቲ ሸንኽ ደይበ። ጃልባይ ኣብኡ ደው ኣቢለያ ነይረ፡ ኣብ ዙርያ ዓንዲ፡ ናይቲ ድንድል፡ ናይቲ ድንድል ማዕፆ ወይ ናይቲ በረንዳ ኣሲረያ። ኣነ ድማ ጎይየ ኣትየ ነታ ኣደ ሒዘ ኣብኡ ኣእትየያ፡ ክልተ ሰለስተ ካብቶም ቆልዑ'ውን ድማ። ጃልባይ ድማ ፈቲሐ ናብ... ተመሊሰ። ካብ ታሕቲ ወፂእኻ፡ ክሳብ ናብ ወሰን እትበፅሕ፡ ኣስታት ሓደ ማይልን ፈረቓን ስግር እቲ ከተማ ከይደ፡ ናብቲ ገምገም ኣምፂኣያ። ደሓር ከኣ ኣብኡ ምስ በፃሕኩ፡ ንሳ ርእሳ ስሒታ ነይራ። ከምዚ ኢላ ክትበኪ ድማ ጀሚራ ነይራ...“ውላደይ! ዕሸለይ!”

99 ነቲ ህፃን ኣብ ገዛ ገዲፋቶ ማለታ እዩ መሲሉኒ። ኣየ ናተይ! ክኣልይዋ እናፈተኑ እንደገና ተመሊሰ። ከምኡ'ውን፡ ክደሊ እየ ዝወፃእኹ፡ ንሱ' ዩ ነይሩ...ወይ ድማ ውላዳ ኣበይ ከምዘሎ ክትፈልጥ ትደሊ ነይራ። ሰለስተ ዓመት ኣቢሉ ዝነበረ ንእሽተይ ቆልዓ ነበረ፡ ንእሽተይ ትጠብው ህፃን ወይ ገለ ማለታ መሲሉኒ።

ስለዚ ድማ ተመሊሰ ኣብኡ በፂሐ። ከምኡ'ውን ነታ ጃልባ ሒዘ ኣብ ውሽጢ ምስ ደየብኩን ዝኾነ ህፃን ኣብኡ ምስ ዘይረኸብኩን፡ በቲ በረንዳ ድማ እቲ ማይ ምስ ሓለፈ እቲ ገዛ ድማ ናብቲ ውሕጅ ኣተወ።ኣነ ድማ ናይ ብሓቂ ቅልጡፍ ጎይየ ነቲ-እቲ ኣብኡ ናብ ጃልባይ ዘንሳፍፍ ዝነበረ ቁራፅ ሒዘ ናብታ ጃልባ ኣትየ፣ ነዚ ስሒበ ድማ ፈቲሐያ።

100 እዙይ ድማ ሽዑ ናብቲ ቀንዲ ዋሕዚ ናይቲ ሩባ ኣብፂሑኒ። ለይቲ ድማ ሰዓት ዓሰርተ ሓደን ሰላሳን ኣቢሉ ነበረ፣ በቃ ድማ ውርጪን በረድን ይዘንብ ነበረ። ኣነ ድማ ነቲ ናይ መጀመርታ ገመድ ሒዘ ነታ ጃልባ ክስሕባ ፈተንኩ፡ ንሳ ድማ ኣይትለዓለት እያ፡ ደጊመ ፈቲነ ድማ ኣይጀመረትን፡ እንደገና ድማ ፈቲነ። ናብቲ ውሕጅ እናቀረብኩ፡ እቲ ፀድፊ ልክዕ ኣብ ትሕተይ ኣሎ። ኣነ ድማ ናይ ብሓቂ ኣበርቲዐ ይፅዕር እሞ ከምዚ ኢለ ሓሰብኩ፡ “ኣንታ ናተይ፡ እንሆ-እንሆ መወዳእታይ! እዚ እዩ!” ኣነ ድማ ናይ ብሓቂ ኣበርቲዐ ፈተንኩ። ኣነ ድማ “ጐይታይ በጃኻ ከምዚ ዓይነት ሞት ከይመውት” በልክዎ እሞ ሰሓብኩ፣ ሰሓብኩ።

ከምዙይ ዝብል ድማ ናባይ መፅአ፡ “እታ ዘይትኽደላ ጉጅለ ጐሓፍከ?” ርኢኹም? እህ-ህህ።

101 ኢደይ ኣብታ ጃልባ ፅዒነ፡ “ኣምላኽ ምሕረት ግበረለይ። በይዛኻ ! ንሰበይተይን ህፃናተይን ከምዚ ጌረ፡ እሞ ድማ ሓሚሞም ክገድፎም ኣይትፍቀድ!” በቃ ድማ ምስሓብውን ቀፀልኩ፡ግን ድማ ኣይጀመረትን። ካብ ታሕቲ ድማ እቲ ደሃይ ናይቲ ፀድፊ ይስማዕ ነበረ፣ ምኽንያቱ ኣነ...ንሒደት ደቓይቕ ጥራይ፣ እሞ፣ ኣየ ናተይ፣ ከምኡ ክኸውን ይኽእል። ኣነ ድማ “ጐይታይ ይቕረ እንተ ትብለለይ፡ ዝኾነ ነገር ከም ዝገብር ቃል እኣትወልካ ኣለኹ” በልክዎ። ኣብኡ ኣብታ ጃልባ ተንበርኪኸ፡ እቲ ውርጪ ድማ ኣብ ገፀይ ይወቕዐኒ። ኣነ ድማ “ዝደለኻዮ ነገር ክገብር እየ” በልክዎ። ኣነ ድማ መሊሰ ስሕብ ኣበልኩ፡ ጀመረት ድማ። ኣነ ድማ ዝከኣለኒ ኩሉ ነዳዲ ሃብክዋ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ እቲ ገምገም በፃሕኹ።

ኣነ ድማ ነታ መኪና ክረኽባ ተመሊሰ፣ ናይ ፓትሮል መኪና። ኣነ ድማ ሓሲበ ...ገለ ካብኣቶም “በል እቲ መንግስታዊ ትካል በቃ ተወሲዱ” ዝብሉ ነይሮም። በዓልቲ ቤተይን ህፃነይን ኣብኡ እዮም ኔሮም፡ ክልቲኦም ዕሽላት።

102 ኣነ ድማ ብዝተኻእለኒ መጠን ናብቲ መንግስታዊ ትካል ወፂአ ከይደ፣ ማይ ድማ ኣብኡ መሊኡ ኣስታት ዓሰርተ ሓሙሽተ እግሪ ዕምቆት መሊኡ ነበረ። ኣብኡ ድማ ሓደ ሜጀር ነይሩ፡ ኣነ ድማ “ሜጀር፡ እቲ ሆስፒታል እንታይ ኮይኑ?” በልክዎ። ንሱ ድማ “ሕጂ ኣይትጨነቕ። ኣብኡ ዝኾነ ሰብ ኣለካ?”

ኣነ ድማ “እወ ሀ— ዝሓመመት ሰበይትን ክልተ ዕሽላትን” በልክዎ።

ንሱ ድማ “ኩሎም ወፂኦም” በለኒ። “ኣብ ናይ ፅዕነት መኪና ተሰቒሎም ናብ ቻርለስታውን ገፆም ኣምሪሖም ኣለዉ” ኢሉኒ።

ናጎየኹ፡ ኣብ ጃልባይ ተሰቒለ...ወይ ድማ ኣብ መኪናይ ተሰቒለ፡ ጃልባይ ድማ ኣብ ድሕሪኣ፡ ኣብኡ ድማ ይጎዪ ናብ...ድሕሪኡ ድማ እቱ ውሒዝ ኣስታት ክልተ ማይልን ፈረቓን ወይ ሰለስተ ማይል ስፍሓቱ ንታሕቲ መፂኡ ነይሩ። ምሉእ ለይቲ ድማ ፈቲነ...ገሊኦም ድማ “እታ መኪና፡ እታ ናይ ፅዕነት መኪና፡ ካብቲ ኣብ ደገ ኣብቲ ፀዋሪ ዝነበረ መንገዲ ብቱ ውሕጅ ተወሲዳ።” በሉ።

ኣብኡ ንሰለስተ መዓልቲ ተቐሚጠ ንነብሰይ ኣብ ሓንቲ ንእሽተይ ደሴት ተዓፅየ ረኺበያ፡። እዛ ኹላ “ እታ ጐሓፍ” ብዝተብሃለ ምኽንያት ድዩ ኣይኮነን ኢለ ብዙሕ ግዜ ሓሰብኩ። በቃ ድኽም ኢሉኒ “ሰበይተይ ኣበይ ኣላ ?”

103 ኣብ መወዳእታ ምስ ረኸብክዋ፡ ድሕሪ ሒደት መዓልታት ወፂአ ምስ ሰገርኩ፡ ኣብ ኮሎምቦስ፡ ኢንዲያና፡ ኣብቲ ባፕቲስት ኣዳራሽ፡ ኣብኡ ድማ - ከም ሆስፒታል ዝኣመሰለ፡ መሐከሚ ክፍሊታት ኣብ ኣናእሽተይ መንግስታዊ ዓራውቲ፡ ደቂሳ ነበረት። ኣነ ድማ ብዝተኻእለኒ መጠን ኣበርቲዐ ናብኣ ጎየኹ፣ ኣበይ ከምዘላ ክረክብ ፣ “ሆፕ! ሆፕ! ሆፕ!” ኢለ እናጨደርኩ፥ ኣነ ድማ ጠመትኩ፡ ኣብኡ ድማ ኣብ ዓራት ደቂሳ ነበረት፡ ሕማም ቲቢ ድማ ኣትዩ ነበረ።

እታ ንእሽተይ ዓፅሚ ዝመሰለት ኢዳ ኣልዒላ፡ “ቢሊ” በለትኒ።

ኣነ ድማ ብጉያ ናብኣ ቀሪበ፡ “ሆፐ መዓረይ” በልክዋ።

ንሳ ድማ “ ከፊእኒ ዶ ሓቀይ?” በለት።

ኣነ ድማ “ኣይፋልን ፡መዓረይ፡ ደሓን ኣለኺ” በልክዋ።

104 ንኣስታት ሸዱሽተ ወርሒ ዝኾን ናብ... ህይወታ ክነድሕን፡ ብኹሉ ኣባና ዝነበረ ንሰርሕ ኔርና፣ ንሳ ግን እናገደደት ትኸይድ ነበረት።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ፓትሮል ከለኹ ራድዮይ ተወሊዓ ኔራ፣ ብመንገዲ ፃዊዒት ራድዮ ከዓ፣ “ንዊልያም ብራንሃም፣ ሓንሳብ ኣብ ሆስፒታል ተደልዩ ኣሎ፣ በዓልቲ ቤቱ ትመውት ኣላ” ክብሉ ዝሰማዕኹ መሰለኒ። ኣነ ከዓ ቀይሕ መብራህትን ሳይረንን ወሊዐ፡ ተበገስኩ። ብዝተኻእለኒ መጠን ቀልጢፈ ናብ ሆስፒታል በፃሕኹ፡ ደሓር ከኣ ኣነ-ኣብ ሆስፒታል በፂሐ ደው ኢለ፡ ጎይየ ኣተኹ።ብመንገዲ-ሆስፒታል እናወረድኩ፡ ሓደ ንእሽተይ ዓርከይ ብሓባር ዓሳ ንገፍፍ ዝነበርናን ከም ኣዕርኽቲ ብሓባር ዝጎየናን፡ ሳም ኣዳይር፡ ርኤዮ፡

ዶክተር ሳም ኣዳይር ንሱ እዩ ቅድሚ ነዊሕ ኣብ ዘይበሃል ግዜ ብዛዕባ ናይቲ ክሊኒክ ዝመፅአ ራእይ ዝነገርክዎ። ንሱ ድማ፡ ነቲ ራእይ ዝጠራጠር ሰብ እንተሃልዩ፡ብዛዕባ ቅኑዕ ድዩ ኣይኮነን ክፈልጥ ዝደሊ ክእከብ ጥራይ ፀውዓዮ ዝበለኒ እዩ።

105 ስለዚ ድማ እንሆ ከምኡ ኢሉ ወፂኡ፣ ቆቢዑ ድማ ኣብ ኢዱ ሒዙ። ናባይ ጠሚቱ በቃ ክበኪ ጀመረ። ኣነ ድማ ብጉያ ናብኡ ቀሪበ፡ ተሓቛቚፍና። ንሱ ድማ፡ “ቢሊ ትኸይድ እያ ኣላ” በለኒ። ንሱ ድማ “ይቕሬታ። ዝከኣለኒ ኩሉ ገይረ እየ፣ ስፔሻሊስትን ኩሉን ነይሮምኒ።”

ኣነ ድማ “ሳም ብርግፅ ኣይትኸይድን እያ!”በልክዎ።

ንሱ ድማ “እወ ትኸይድ ኣላ” በለ። ንሱ ድማ “ቢል ኣብኡ ኣይትእቶ” በለኒ።

ኣነ ድማ “ክኣቱ ኣለኒ ሳም” በልክዎ።

ንሱ ድማ “ኣይትእቶ። ኣይትእቶ በጃኻ ኣይትእቶ።” በለኒ።

ኣነ ድማ “ክኣቱ ግደፈኒ” በልክዎ።

ንሱ ድማ “ምሳኻ ክኸይድ እየ” በለ።

ኣነ ድማ “ኣይፋልን ኣብዚ ደገ ፅናሕ። ኣብታ ናይ መወዳእታ ደቒቓ ምስኣ ክፀንሕ እየ ዝደሊ።” በልክዎ፡

ንሱ ድማ “ሕልናኣ ስኢና ኣላ።”በለኒ።

106 ናብቲ ክፍሊ ኣትየ። እታ ነርስ ድማ ኣብኡ ኮፍ ኢላ ነበረት፡ ንሳ ድማ ትበኪ ነበረት። ምኽንያቱ ንሳን ሆፐን ብሓባር መማህርቲ ትምህርቲ ስለ ዝነበራ። ስለዚ ድማ ርኣኹ፡ ክትበኪ ጀመረት፡ ንሳ ድማ ኢዳ ኣልዒላ ናባይ ክትመፅእ ጀመረት።

ኣነ ድማ ርእየ፡ ቀስቀስክዋ። ኣብኡ ብሕይወት ነበረት፡ ካብ ኣስታት ሚእትን ዕስራን ፓውንድ፡ ናብ ኣስታት ስሳ ወሪዳ ነይራ። ኣነ ድማ— ቀስቀስክዋ። ከሳብ ወዲ ሚእቲ ዓመት ዝኸውን ክነብር እንተዝኽእል ድማ፡ እቲ ዘጋጠመ ፈፂመ ኣይርስዖን እየ። ነቒሓ፡ እተን ፅቡቓት ኣዝየን ዓበይቲ ኣዒንታ ድማ ጠመታኒ። ፍሽኽ በለት። ንሳ ድማ “ንምንታይ ፀዊዕኻ መሊስካኒ ቢሊ?”በለትኒ።

ኣነ ድማ “መዓረይ በቃ ሕዚ ፍቓድ ረኺበ” በልኩ።

107 ክሰርሕ ጥራይ እዩ ነይሩኒ። ንሕና ኣብ ዕዳ ኢና ነይርና፣ ኣማኢት ዶላር ናይ ዶክተር ሕሳብ፡ መኽፈሊ ድማ የብልናን። ክሰርሕ ጥራይ ድማ ነይሩኒ። ኣብ መዓልቲ ክልተ ሰለስተ ግዜ ድማ ይርእያ ነይረ፡ ምሸት ምሸት ድማ፡ ድሕሪኡ ድማ ኣብ ከምኡ ኩነታት ምስ በፅሐት።

ኣነ ድማ “እንታይ ማለትኪ እዩ 'ፀዊዕኻ መሊስካኒ' ዝበልክኒ?” በልክዋ።

ንሳ ድማ “ቢል ብዛዕባኡ ሰቢኽካ፡ ብዛዕባኡ ተዛሪብካ፡ እንታይ ምዃኑ ግን ኣይፈለጥካን።”

ኣነ ድማ “ብዛዕባ እንታይ ኢኻ ትዛረቢ ዘለኺ?” በልኩ።

ንሳ ድማ “መንግስተ ሰማይ” በለት። ንሳ ድማ “ርአ” በለት “ብገለ ሰባት፡ ደቂ ተባዕትዮ ወይ ደቂ ኣንስትዮ ወይ ገለ ገለ ሰባት ናብ ገዛይ ይዕጅቡኒ ነይሮም። ፃዕዳ ክዳን ተኸዲኖም ነበሩ።” ንሳ ድማ “ኣብ ርግኣትን ሰላምን ነይረ” በለትኒ። ንሳ ድማ “ካብ ገረብ ናብ ገረብ ዝነፍራ ዓበይቲ ፅቡቓት ኣዕዋፍ”። ንሳ ድማ “ኣነ ዝተደናገርኩ ኣይምሰልካ” በለትኒ። ንሳ ድማ “ ቢሊ ጌጋና ክነግረካ እየ” በለትኒ። ንሳ ድማ “ኮፍ በል” በለትኒ። ኣነ ከምኡ ኣይገበርኩን፤ ተንበርኪኸ፡ ኢዳ ሒዘያ። ንሳ ድማ “ጌጋና ኣበይ ከምዘሎ ትፈልጥ ዲኻ?” በለት።

ኣነ ድማ “እወ፥ መዓረይ፡ እፈልጦ እየ” በልክዋ።

ንሳ ድማ “ንማማ ፈፂምና ክንሰምዓ ኣይግባእን ነይሩ። እቶም ሰባት ሓቆም እዮም ነይሮም።” በለት።

ኣነ ድማ “እፈልጦ እየ” በልክዋ።

ንሳ ድማ፡ “ናብቶም ሰባት ከም እትኸይድ እዚ ቃል እተወለይ፡” በለትኒ፡ “ምኽንያቱ ሓቆም ስለ ዝኾኑ።” ንሳ ድማ “ደቀይ ከምኡ ገይርኻ ኣዕብዮም” በለትኒ። ኣነ ድማ...ንሳ ድማ “ገለ ክነግረካ ደልየ ኣለኹ” በለትኒ። ንሳ ድማ “ይመውት ኣለኹ፡ ግን” በለት “እዚ...ኣይኮንኩን— ክኸይድ ኣይፈርሕን እየ።” “ከምኡ እዩ—ፅቡቕ እዩ” በለት። ንሳ ድማ “እቲ እንኮ ነገር፡ዘይደልዮ ንኣኻ ምግዳፈይ እዩ ቢል። ነዞም ክልተ ኣናእሽተይ ቆልዑ ክተዕብዮም ከም ዘለካ ድማ እፈልጥ እየ።” ንሳ ድማ፡ “ከምኡ ቃል እተወለይ- ንፅል ኮይንኻ ክይተሕልፍ እም ደቀይ ካብ ዓንዲ ናብ ሓፁር ክድፍኡ ከም ዘይትገብር” በለትኒ። እዚ ንሓንቲ ጓል ዕስራን ሓደን ዓመት ኣደ ርትዓዊ ነገር እዩ ነይሩ።

ኣነ ድማ “ከምኡ ቃል ክኣቱ ኣይክእልን እየ ሆፕ” በልክዋ።

ንሳ ድማ “በጃኻ ቃል እተወለይ” በለትኒ። ንሳ ድማ “ሓንቲ ነገር ክነግረካ ዝደሊ።” በለት፡ “እቲ ጠበንጃ ትዝክሮ ዲኻ?” ኣነ ብጠበንጃ ምሱጥ እየ። ንሳ ድማ “ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ነታ ጠበንጃ ክትገዝኣ ስለ ዝደለኻ ነቲ ቅድመ ክፍሊት ክትገብር እኹል ገንዘብ ኣይነበረካን” በለትኒ።

ኣነ ድማ “እወ” በልክዋ።

ንሳ ድማ፡ “ገንዘበይ፡ ሳናቲም፡ ንዓኻ ንታ ጠብንጃ ቅድመ ክፍሊት ምእንቲ ክትፍፅም ከዕቅብ ፀኒሐ።” ንሳ ድማ፡ “ሕጂ እዚ ምስተወደኦ ናብ ገዛኻ ምስ ተመለስካ፡ ናብቲ ዱኦፎልድ...ወይ ድማ ኣብቲ ዝዕፀፍ ዓራት፡ ኣብ ትሕቲ'ታ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ወረቐት፡ ንላዕሊ ርአ፡ እቲ ገንዘብ ድማ ኣብኡ ክትረኽቦ ኢኻ።” ንሳ ድማ “ነታ ጠበንጃ ከም እትዕድጋ ቃል እተወለይ” በለትኒ።

እታ ዶላርን ሰብዓን ሓሙሽተን ሳንቲም (ብኒኬል) ኣብኡ ተቐሚጣ ምስ ረኣኹ ከመይ ከም ዝተሰምዓኒ ኣይትፈልጡን ኢኹም። እታ ጠበንጃ ከዓ ዓዲገያ።

108 ንሳ ድማ “እቲ ግዜ ትዝክሮ ዲኻ ናብ ፎርት ዌይን ክንኸይድ ካልሲ ክትገዝኣለይ ናብ ከተማ ዝኸድካ?”በለትኒ።

ኣነ ድማ “እወ” በልክዋ።

ካብ ምግፋፍ ዓሳ ኣትየ ነይረ፡ ንሳ ድማ...ናብ ፎርት ዋይን ክንከይድ ነይሩና። ኣብታ ምሸት እቲኣ ክሰብኽ ነይሩኒ። ንሳ ድማ “ትፈልጥ ኢኻ፡ 'ክልተ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣለዋ' ኢለካ ነይረ” በለትኒ።እቲ ሓደ ሺፎን ይበሃል፡ እቲ ካልእከ እንታይ እዩ ራዮን? ልክዕ ድዩ? ራዮንን ሺፎንን ። ፅቡቕ፡ ዝኾነ ኾይኑ፡ ሺፎን እቲ ዝበለፀ እዩ ነይሩ። ልክዕ ድዩ? ንሳ ድማ “ሕዚ፡ ሺፎን ኣምፅኣለይ፡ እቲ ምሉእ ቅዲ” በለትኒ። እታ ንእሽተይ ነገር ኣብ ድሕሪት እታ ካልሲ፡ ኣብ ላዕሊ ዘለዋ ነገር ትፈልጣ ዲኻ?“ ብዛዕባ ክዳውንቲ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ዝፈልጦ ነገር ስለ ዘይነበረኒ፡...

ኣነ ድማ ኣብ መንገዲ እናኸድኩ “ሺፎን፡ ሺፎን፡ ሺፎን፡ ሺፎን” እብል፡ “ሺፎን፡ ሺፎን፡ ሺፎን” እናበልኩ ክዝክሮ እፍትን ነይረ።

ሓደ ሰብ “ሰላም ቢሊ!” በለ።

ኣነ ድማ “ኣንታ ሰላም ሰላም” በልክዎ። “ሺፎን፡ ሺፎን፡ ሺፎን፡ ሺፎን፡ ሺፎን።”

ኣብቲ ኩርናዕ ድማ በፂሐ ምስ ኣይተ ስፖን ተራኺብኩ። ንሱ ድማ “እሂ ቢሊ፡ እቲ ፐርች ሕጂ ኣብ ጎኒ እታ ናይ መወዳእታ ፅርግያ ትነክስ ከም ዘላ ትፈልጥ ዲኻ?”

ኣነ ድማ “ኣፀቢቐ እፈልጥ እየ ልክዕ ድዩ?”

“እወ”

ሕዚ፡ ምስ ገደፍክዎ፡ “እንታይ እዩ ነይሩ እቲ ንብረት?” ረሲዐዮ።

109 ስለዚ፡ ቴልማ ፎርድ እትበሃል ኣነ ዝፈልጣ ጓል፡ ኣብቲ ቴን - ሴንት ዝበሃል መኽዚን ትሰርሕ ነበረት። ኣብኡ ድማ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ካልሲ ከም ዝሸጡ ስለ ዝፈለጥኩ፡ ናብኡ ከይደ። ኣነ ድማ “ሰላም ቴልማ” በልክዋ። ንሳ ድማ “ሰላም ቢሊ። ከመይ ኣለኻ? ሆፕ ከመይ ኣላ?”በለት።

ኣነ ድማ “ፅቡቕ” በልክዋ። ኣነ ድማ “ቴልማ ንሆፕ ዝኸውን ሶል እየ ደልየ።”በልክዋ።

ንሳ ድማ “ሆፕ ሶል ኣይትደልን” በለትኒ።

ኣነ ድማ “እወ፣ ሓፍተይ። ብርግፅ ትደሊ እያ” በልክዋ።

“ ነዊሕ ካልሲ ማለትካ ዲኻ” በለት።

“ኣንቲ ርግፅ፡ ከምኡ እዩ” በልክዋ። ኣነ ድማ “እህ-እዋእ ፈፂመ ዘይምፍላጠይ ኣርእየ።”

ንሳ ድማ “እንታይ ዓይነት እያ ትደሊ?”በለትኒ።

ኣነ ድማ “እህ-እዋ!” ኣነ ድማ “እንታይ ዓይነት ኣለኪ?”በልኩዋ።

ንሳ ድማ “ራዮን ኣለና” በለትኒ።

110 እቲ ፍልልይ ኣይፈለጥኩን። ራዮን፡ ሺፎን፡ ኩሉ ሓደ ዓይነት ድምፀት ኣለዎ። ኣነ ድማ “ንሱ እዩ እቲ ዝደልዮ” በልክዋ። ንሳ ድማ...ኣነ ድማ “ፅምዲ ግበርለይ፡ ምሉእ ቅዲ” በልክዋ። ንሳ ድማ...እዚ ጌጋ እየ ረኺበ ዘለኹ። እንታይ እዩ? ምሉእ ፋሽን ። “ምሉእ ፋሽን።” ስለዚ ድማ “ሓደ ፅምዲ ግበርለይ” በልኩ።

ክትህበኒ እንከላ ድማ ዋግኡ ኣስታት ሰላሳ ሳንቲም፡ ዕስራ ሳንቲም ወይ ሰላሳ ሳንቲም ጥራይ እዩ ኮይኑ፡ ኣስታት ፍርቂ ዋጋ። ፅቡቕ፡ “ክልተ ፅምዲ ሃብኒ” በልክዋ። ርኢኹም?

111 ኣነ ድማ ናብ ገዛይ ተመሊሰ፡ “ትፈልጢ ዲኺ መዓረይ፡ ንስኽን ደቂ ኣንስትዮ ዋጋ ዕዳጋ ንምርካብ ኣብ መላእ ከተማ ትዞራ።” ከመይ ጌርካ ምድርዳር ከም ዝከኣል ትፈልጣ ኢኽን። ኣነ ድማ “እንሆ ግን ኣብዚ ርኣዩ፡ በቲ ሓንቲ ፅምዲ እትገዝኣሉ ዋጋ ክልተ ፅምዲ ገዚአ። ርኢኺ?” ኣነ ድማ “ንሱ እዩ—እዚ እዩ ውልቃዊ ክእለተይ እዩ” በልክዋ። ርኣዩኒ፡ ከምዚ በልኩ- “ትፈልጢ ኢኺ፡ ቴልማ እዚኣቶም ሸይጣትለይ” በልኩ። ኣነ ድማ “ብፍርቂ ዋጋ ክወስዶም ፈቒዳትለይ ትኸውን” በልክዋ።

ንሳ ድማ "ሺፎን ዲኻ ረኺብካ?" በለት።

ኣነ ድማ "እወ " በልክዋ። ኩሉ ሓደ ዓይነት ድምፀት ዘለዎ ኮይኑ ተሰሚዑኒ፡ ፍልልይ ከምዘለዎ ኣይፈለጥኩን።

112 ነጊራትኒ ድማ፡ "ቢሊ" በለትኒ። ኣብ ፎርት ዌይን ምስ በፅሐት ፍሉይ ኮይኑ ተራእዩኒ፡ ካልእ ካልሲ ክትገብር ነይርዋ። ንሳ ድማ፡ "ንኣዴኻ እየ ሂበያ" በለትኒ፡ "ንዓበይቲ ደቂ ኣንስትዮ እዩ ዝኸውን" በለትኒ። "ከምኡ ብምግባረይ ይቕሬታ" በለት።

ኣነ ድማ "አረ ችግር የብሉን መዓረይ" በልክዋ።

ንሳ ድማ፡ "ሕዚ፡ ኣይት—ንፅል ኮንኻ ኣይትንበር" በለትኒ። ንሳ ድማ...ንሳ ድሕሪ ቁሩብ ሰዓታት እንታይ ክፍፀም ከም ዝተወሰነ ኣይትፈልጥን። ነተን ፍትዋት ኣእዳዋ ሒዘየን ከለኹ መላእኽቲ ኣምላኽ ድማ ፀይሮምዋ ኸዱ።

113 ናብ ገዛይ ኣምራሕኩ። እንታይ ከም ዝገብር ኣይፈለጥኩን። ለይቲ ኣብኡ ተጋዲመ ከለኩ ድምፂ ሰሚዐ ...ንእሽተይ ኣንጭዋ እያ ነይራ ይመስለኒ፡ ኣብቲ ገለ ወረቓቕቲ ዝነበረሉ ናይ ቀደም እቶን እያ ነይራ። ኣነ ድማ ብእግረይ ነቲ ማዕፆ ዓፀኽዎ፣ ኣብኡ ድማ በቲ ድሕሪት ማዕፆ ጀለብያኣ ተሰቒሉ ነበረ፣ (ኣብኡ ድማ ኣብቲ መካነ ሬሳ ተገዲማ)። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ድማ ሓደ ሰብ "ቢሊ!" ኢሉ ፀዊዑኒ፡ ሓው ፍራንክ ብሮይ ድማ እዩ ነይሩ። ንሱ ድማ "ውላድካ ትመውት ኣላ" በለኒ።

ኣነ ድማ "ውላደይ?" በልኩ፡፡

"እወ ሻሮን ሮዝ።" በለ፡ "ዶክተር ሕጂ ኣብ ላዕሊ ኣሎ፡ በለ ድማ፡ ቲዩበርኩላር መኒንጅይትስ ኣለዋ፡ ካብ ኣዲኣ እዩ ሓሊፍዋ።" ብምባል ድማ "ትመውት ኣላ።" በለ።

114 ብመኪና ገይረ፡ ናብኡ ደየብኩ። ኣብኡ ድማ ነበረት፡ እታ ምቕርቲ ንእሽተይ ነገር። ተጓይዮም ድማ ናብ ሆስፒታል ወሰድዋ።

ክርኢ ከድኩ። ሳም ወፂኡ "ቢሊ ናብታ ክፍሊ ኣይትእቶ፡ ብዛዕባ ቢሊ ፖል ክትሓስብ ኣለካ" በለኒ። በለ "ትመውት ኣላ።"

ኣነ ድማ "ዶክተር ኣነ—ንውላደይ ክርእያ ኣለኒ" በልክዎ።

ንሱ ድማ "ኣይፋልን ክትኣቱ ኣይትኽእልን ኢኻ" በለኒ። በለ፡ "መኒንጅይትስ ኣለዋ ቢሊ፡ንቢሊ ፖል ድማ ክተመሓላልፈሉ ትኽእል ኢኻ።"

115 ክሳብ ዝወፅእ ድማ ተፀበኹ። ክትመውት ክርኢ ምፅዋር ኣይከኣልኩን፣ ኣዲኣ ድማ ኣብኡ ኣብቲ ናይቲ ኣዳለውቲ ትካል ደቂሳ ኣላ። ኣነ እብለኩም ኣለኹ፡ መንገዲ በዳሊ ከቢድ እዩ። ኣነ ድማ—ከድኩ፣ ኣብቲ ማዕፆ ሽተት ኢለ፣ ሳም ምስ ወፅአ እታ ነርስ ድማ ወፅአት፣ ኣነ ድማ ናብ ታሕተዋይ ክፍሊ እቲ ህንፃ ወረድኩ። ንእሽተይ ፀባብ ሆስፒታል እያ፡ ኣብ ዝተነፀለ ቦታ ነበረት፡ እቶም ፅንፅያታት ድማ ኣብተን ኣናእሽተይ ኣዒንታ ነበሩ። ንእሽተይ...እቲ "መሸፈኒ ሓሳኹ" እንብሎ፡ ወይ ንእሽተይ መርበብ ኣብ ልዕሊ ኣዒንታ ድማ ነይርዋ። ንሳ ድማ...ብውሑድ ምፍርፋር፡ እታ ንእሽተይ ረጓድ እግራ ከምኡ ላዕልን ታሕትን ትብል ነበረት፡ እተን ንኣሽቱ ኣእዳዋ ድማ፡ ከምኡ ምፍርፋር ነይረወን። ኣነ ድማ ጠመትክዋ፡ ንሳ ድማ በቃ ተፈታዊት ክትከውን ዝኣክል ዓብያ እያ ነይራ፡ ጓል ሸሞንተ ወርሒ ኣቢላ ትኸውን።

116 ኣዲኣ ድማ ኣነ ክመፅእ ከለኹ ኣብኡ እተን ኣናእሽተይ ሰለስተ ኩርናዓት ርእሳ ጐንጒና ኣብቲ መረባ ቀሪባታ ትፀንሕ ነበረት እሞ፡ ትፈልጡ ኢኹም፡ ኣነ ድማ ነቲ ቀርኒ ምስ ኣፋፀኹ፡ ንሳ ድማ፡ "ጉ-ጉ፡ ጉ-ጉ"፡ ትብል ነበረት ኢዳ እናዘርግሐትለይ፡ ትፈልጡ ኢኹም።

ኣብኡ ድማ ፍቅርተይ ደቂሳ ነበረት፣ እናሞተት። ቁሊሕ ኢለ ጠመትኩዋ፡ "ሻሪ ባባ ትፈልጥዮ ዲኺ? ባባ ትፈልጥዮ ዲኺ ሻሪ?" በልኩዋ። ምስ ጠመተት ድማ...ሓንቲ ካብተን ፅቡቓት ኣናእሽተይ ሰማያዊ ኣዒንታ ክሳብ እትሸውርር ኣዝያ ትሳቐ ነበረት። ልበይ ተቐዲዱ ወፂኡ እንተዝኸውን ደስ ምበለኒ ነይሩ።

ተንበርኪኸ፡ "ጐይታይ እንታይ እየ ገይረ? ኣብ ኩርናዓት ጎደናታት ወንጌል ኣይሰበኽኩን ድየ? ኩሉ ዝፈልጦ ኩሉ ገይረዮ እየ። ኣንፃረይ ኣይትሓዞ። ንቶም ሰባት 'ጓሓፍ' ኢለዮም ኣይፈልጥን። ንሳ እያ 'ጓሓፍ' ዝበለቶም።" ኣነ ድማ "ይቕሬታ ኩሉ ኮይኑ ኣሎ። ይቕረ በለለይ። ኣይትግበር—ንውላደይ ኣይትውሰዳ።" እናፀለኹ ከለኹ ድማ ፀሊም ዝመስል...ከም ኣንሶላ ወይ ጨርቂ ወረደ። ከም ዝኣበየኒ ድማ ፈሊጠ።

117 ሕጂ፡ ኣብ ህይወተይ እቲ ዝኸበደን ዝሰቕቐን እዋን ነይሩ። ተንሲአ ምስ ጠመትኩዋ፡ ከምኡ'ውን ሓሲበ...ሰይጣን ኣብ ኣእምሮይ ኣእተወለይ፡ "እዋእ፡ ከምቲ ብሓይሊ ዝሰበኽካዮ፡ ከምኡ' ውን እቲ ዝነበርካሉ ኣገባብ፡ ሕዚ ድማ ብዛዕባ ናይ ገዛእ ርእስኻ ህፃን ኮይኑ ኣሎ፣ ክነፅገካ ድዩ?"

ኣነ ድማ "እዚ ልክዕ እዩ። ንሱ ንህፃነይ ከድሕና እንተዘይከኢሉ ኣነ ኣይክእልን እየ..." ደው ኢለ። ኣነ—በቃ እንታይ ከም ዝገብር ኣይፈለጥኩን። ደሓር ከኣ ከምዚ በልኩ፣ "ጎይታ ንስኻ ኢኻ ሂብካኒ ንስኻ ዲኻ እማ ወሰድካያ፣ ስም እግዚኣብሄር ዝተባረኸ ይኹን! ዋላ ንዓይ እንተ ወሲድካኒ ገና ኣየቓርፅን ከፍቅረካ እየ።"

ኢደይ ድማ ኣብ ልዕሊኣ ኣንቢረ፡ "ይባርኽኪ ሽኮሪና። ባባ ከዕብየኪ ደልዩ ነይሩ፣ ብሙሉእ ልበይ ከዕብየኪ ደልየ፣ ንጎይታ ከተፍቅሪ ድማ ከዕብየኪ ደልየ። መላእኽቲ ግን ይመፅኡኺ ኣለዉ ሽኮሪና። ባባ ነታ ንእሽተይ ሬሳኺ ኣውሪዱ ኣብ ሕቑፊ ማማ ከንብሮ እዩ። ምስኣ ክቕብረኪ እየ። ሓደ መዓልቲ ባባ ክረኽበኪ እዩ፡ ንስኺ ኣብ ላዕሊ ምስ ማማ ጥራይ ተፀበዪ።"

118 ኣዲኣ ክትመውት ከላ፡ ናይ መወዳእታ ቃላት ዝተዛረበቶ፡ "ቢል፡ ኣብቲ ሜዳ ፅናሕ" በለትኒ።

ኣነ ድማ "ክ..." በልክዋ...ኣነ ድማ "ንሱ ምስ መፅአ ኣብ ሜዳ እንተኾይነ ቀልዐ ኣምፂአ ክራኸብ እየ። እንተዘይኮይነ ምሳኺ ክቕበር እየ። ንስኺ ድማ ብየማናይ ሸነኽ ናይቲ ዓብዩ ኣፍደገ ትኾኒ እሞ ኩሎም ክኣትዉ ምስ ረኣኽዮም ኣብኡ ደው ኢልኪ 'ቢል! ቢል! ቢል!' ልክዕ ብዝተኻእለኪ ዓው ኢልኪ። ኣብኡ ክረኽበኪ እየ።" ስዒመ ተፋንየያ። ሎሚ ኣብ ዓውደ ውግእ ኣለኹ። እዚ ቅድሚ ዳርጋ ዕስራ ዓመት እዩ። ምስ በዓልቲ ቤተይ ግዜ ኣሕሊፈ፣ ከይደ ክረኽባ እየ።

119 ኣነ ድማ ምስ ሞተት ነታ ንእሽተይ ህፃን ወሲደያ፣ ኣብ ሕቑፊ እታ ኣደ ኣንቢረያ፣ ናብ መቓብር ወሲድናየን። ሓው ስሚዝ ድማ ነቲ ቀብሪ

ዝሰበኽ ሰባኺ ሜቶዲስት "ሓሙኽሽቲ ናብ ሓሙኽሽቲ፡ ሓመድ ድማ ናብ ሓመድ" ክብል እንከሎ ኣብኡ ደው ኢለ እሰምዕ ነይረ። ("ልቢ ንልቢ" ኢለ ድማ ሓሰብኩ።) ናብኡ ከደት።

ድሕሪኡ ነዊሕ ከይፀናሕኩ፡ ሓደ ንግሆ ንንእሽተይ ቢሊ ናብኡ ወሰድክዎ። ንእሽተይን ቆልዓ እዩ ነይሩ። ንሱ ድማ...

እሱ እዩ ምሳይ ዝጣበቐሉ ኣነ ድማ ምስኡ ዝጣበቐሉ ምኽንያት፡ ንዕኡ ክልቲኡ ፓፓን ማማን (ክልቲኦም) ክኸውን ነይሩኒ። እታ ንእሽተይ ጥርሙዙ እወስዳ እሞ፡ ፀባኡ ንምውዓይ ለይቲ ሓዊ ክንገብር ዓቕሚ ኣይነበረናን፡ ኣነ ድማ ከምዚ ኣብ ትሕቲ ሕቖይ ኣንቢረ ብዋዒ ኣካላተይ ኣሙቓ።

ከም መሓዙት ተጣቢቕና ኣለና፡ ካብዘን መዓልታት ሓደ ካብ ሜዳ ምስ ወፃእኹ ድማ እቲ ቃል ክትሕዞ እደሊ፡ከምዚ ከዓ ክብሎ "ቀፅል ቢሊ። ምስኡ ፅናሕ።" ገለ ሰባት ስለምንታይ ኩሉ ግዜ ምሳይ እንክረኽብዎ እንክለዉ ይግረሙ። ኣነ ክገድፎ ኣይክእልን እየ። ተመርዕዩ'ውን እንተኾነ፡ግን ክሳብ ሕጂ ይዝከረኒ፣ "ምስኡ ፅናሕ" ኢላትኒ። ከም መሓዙት ድማ ተጣቢቕና።

120 ኣብ ከተማ እናተዛወርኩ ይዝከረኒ፡ ነታ ጥርሙዝ ኣብ ትሕቲ ቅልፅመይ ገይረ፡ንሱ ይበኪ ነይሩ። ሓደ ምሸት ንሱ...ኣብ ድሕሪት መረባ ንንቀሳቐስ ኔርና ኣብኡ በቃ... (ንሳ ኸትሕዞ እንክትደሊ እንከላ ንሳ ኣጥብቓ ተብሎ ነበረት፡ ኣነ ድማ...ጓል ጥራይ፡ ትፈልጡ ኢኹም።) ኣነ ድማ ካብቲ ኣብ ድሕሪት መረባ ዝርከብ ኣረጊት ኦም ፅሕዲ ንድሕሪት ንቕድሚት እናበልኩ እመላለስ ነበርኩ። ንሱ ድማ ንማማኡ ደልዩ ይበኪ ነበረ፡ ኣነ ድማ ክትሕዞ እትኽእል ማማ ኣይነበረትንን። ኣነ ድማ ኣልዕል ኣበልክዎ፣ "ኣንታ መዓረይ" በልኩዎ። ኣነ ድማ...

ንሱ ድማ "ባባ ኣበይ ኣላ ማማ? ኣብታ መሬት ዲኻ ኣእቲኻያ?" በለኒ።

ኣነ ድማ "ኣይፋልን መዓረይ። ደሓን እያ ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ኣላ።" በልክዎ።

121 ኣብኡ ድማ ሓደ ድሕሪ ቀትሪ ገለ ተዛረበ፣ ክቐትለኒ ደልዩ። ኣዐርዩ ምስ መሰየ ንሱ ይበኪ ነበረ፣ ኣነ ድማ ኣብ ሕቖይ ተሰከምኩዎ። እቲ ኣብ መንኮበይ ገይረ ይጥብጥቦ። ንሱ ድማ "ባባ በጃኻ ኪድ ንማማ ረኺብካ ናብዚ ኣምፅኣያ" በለኒ።

ኣነ ድማ "መዓረይ ንማማ ክረኽባ ኣይክእልን እየ። ኢየሱስ..." በልኩ።

"እ ንኢየሱስ ንማማ ክሰደለይ ንገሮ። ኣነ ይደልያ እየ።" በለ።

ኣነ ድማ "በል ዝወደይ ኣነ...ኣነን ንስኻን ኣብ ሓደ እዋን ክንርእያ ኢና" በልክዎ።

ደው ኢሉ ድማ፡ "ባባ!" በለ።

ኣነ ድማ "ኣቤት?" በልኩ።

"ማማ ኣብታ ላዕሊ ኣብታ ደበና ርእየያ።" በለ።

ናተይ፡ ክቐትለኒ ደልዩ! ኣነ ድማ "ባባ! 'ማማ ኣብኡ ላዕሊ ርእየያ ኣብቲ ደበና' " በቃ ዳርጋ ሕልናይ ስሒተ። ነቲ ንእሽተይ ወዲ ናብ ኣፍልበይ ገይረ ሓቚፍክዎ፡ ርእሰይ ንታሕቲ ገይረ ጥራይ፣ ቀፂለ ኣተኹ።

122 መዓልታት ሓለፈ። ክርስያ ኣይከኣልኩን። ክሰርሕ ፈቲነ፣ ናብ ገዛ ክምለስ ኣይከኣልኩን፣ ድሕሪ ሕዚ ገዛ ኣይነበረንን። ኣብቲ ዝነበርክዎ ክፀንሕ ድማ ደለኹ። ብዘይካ እታ ኣረጊት ዝተቐደደት ፍርናሽ ጥራይ ካልእ ኣይነበረናን፡ ኣነን ንሳን ብሓባር ዘስተማቕርናዮ ነገር ግን ነበረ። ሽው ገዛ እዩ ነይሩ።

ሓደ መዓልቲ ድማ ኣብ ህዝባዊ ኣገልግሎት ክሰርሕ ይፍትን ከም ዝነበርኩ ይዝከረኒ። ኣረጊት ካልኣይ ደረጃ ክፅግን ደይበ ነይረ፣ ተንጠልጢለ ነይረ፣ ናይ ብሓቂ ኣዝዩ ንግሆ እዩ ነይሩ። ኣነ ድማ ናብዚ መስቀል ደየብኩ። (ኣነ ድማ ነታ ህፃን ክርስዓ ኣይከኣልኩን። በዓልቲ ቤተይ ክትከይድ ይርእያ ነይረ፡ እታ ህፃን ግን ክትከይድ ይርእያ ነይረ፡ ንእሽተይ ደቃቕ ነገር ጥራይ።) ኣነ ድማ ኣብኡ ነይረ፡ ኣነ ድማ፡ "ኣብቲ ርሑቕ ጎቦ፡ ደው ኢሉ ሓደ ኣረጊት ሓርፋፍ መስቀል።"እናበልኩ እዝምር ነይረ። እተን መባእታታት ድማ ናብቲ ትራንስፎርመር ወሪደን ናብ (ትፈልጥዎ ኢኹም) ካልኣይ ደረጃ ወፂአን። ኣነ ድማ ኣብኡ ኣብ ልዕሊኡ ተንጠልጢለ ነይረ። ኢጋጣሚ ድማ ጠመትኩ፡ ፀሓይ ድማ ብድሕረይ ትወፅእ ነበረት። ኣብኡ ድማ፡ ኣእዳወይ ተዘርጊሐን ምልክት ናይቲ መስቀል ኣብቲ—ኣብ ጎቦ። "እወ ሓጢኣተይ እዩ ኣብኡ ዘቕመጦ" ኢለ ሓሰብኩ።

123 ኣነ ድማ "ሻሮን መዓረይ ባባ ኣዝዩ ክርእየኪ ይደሊ ኣሎ መዓረይ። ከመይ ጌረ ደጊመ ኣብ ሕቑፈይ ክሕዘኪ ደልየ ከምዘለኹ ኣቲ ፍቕርቲ ንእሽትይ ነገር።" ኣነ ድማ ኣንፃር ነብሰይ ኮንኩ ። ሰሙናት ኮይኑ ነይሩ። ነቲ ናይ ጎማ ጓንቲ ኣውፂአዮ። ልክዕ ኣብ ጎነይ ዕስራን ሰለስተን ሚእቲ ቮልት ይሓልፍ ኣሎ። ነቲ ናይ ጎማ ጓንቲ ኣውፂአዮ። ኣነ ድማ " ኣምላኽ እዚ ምግባር ፀሊኦዮ ኣለኹ። ኣነ ፈራሕ እየ።" "ግን ሻሪ ባባ ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ጥራይ ንዓኽን ንማሚን ክርእየክን እዩ።" በልኩ።ንቲ ጓንቲ ከውፅኦ ጀመርኩ፣ ኢደይ ኣብታ ዕስራን ሰለስተን ሚእቲ ክንብር። ምተሰብረ...ንምንታይ፡ ደም እኳ ክተርፈካ ዝኽእል ኣይኮነን። ስለዚ ድማ ኣነ-ኣነ-ነታ ጓንቲ ስሒበ ከውፅኣ ጀሚረ፣ ገለ ድማ ተፈጢሩ። ናብ ውነይ ምስተመለስኩ፡ ኣብ መሬት ኮፍ ኢለ ኣእዳወይ ንላዕሊ ኣልዒለ ከም... እዚ ናብ ገፀይ ገይረ እናበኸኹ ነይረ። ፀጋ ኣምላኽ እዩ ነይሩ፡ እንተዘይኸውን ነይሩ ኣብዚ ናይ ፈውሲ ኣገልግሎት ኣይምሃለወንን ነይሩ፡ ርግፀኛ እየ። ንህያቡ ዝሕሉ ዝነበረ ንሱ እምበር ኣነ ኣይነበርኩን።

124 ንገዛይ ጀሚረ። ኣቋሪፀ፡ መሳርሒታተይ ኣቐሚጠ። ተመሊሰ ድማ፡ "ገዛይ ይኸይድ ኣለኹ" በልኩ።

ኣብ ዞርያ ገዛ ጀሚረ፣ ኣብቲ ገዛ ዝነበረ ፖስታ ኣልዒለ፣ ገለ ቁሪ ነይሩ፣ ኣነ ድማ ኣተኹ።ሓንቲ ንእሽተይ ክፍሊ ነይራትና፣ ኣብኡ ኣብ ንእሽተይ ዓራት እድቅስ ነይረ፣ በረድ ድማ ይወርድ ነበረ፣ እታ ኣረጊት ምድጃ ድማ ኣብኡ ኣላ። ንታ ፖስታ ኣልዒለ ርኣኹዋ፡ ኣብኡ ዝነበረት ቀዳመይቲ ነገር ድማ እታ ንእሽተይ ናይ ልደት ዕቋሪ እያ፡ ሰማንያ ሳንቲም፡ "ወ/ሪት ሻሮን ሮዝ ብራንሃም" ትብል ነይራ። ኣብኡ ነበረ፣ ኩሉ ከም ብሓድሽ።

125 ኣነ ጌም ተቐፃፃሪ ኮይነ እሰርሕ ነይረ። ኢደይ ሰዲደ ጠብንጃይ፡ ሽጉጠይ ካብቲ ስፍራኡ ኣውፂአዮ። ኣነ ድማ "ጐይታይ ኣነ—ድሕሪ ሕዚ ብኸምዚ ክኸይድ ኣይክእልን እየ፣ ኣነ— ይመውት ኣለኹ። ኣነ እየ—ኣዝየ እየ ተሳቒየ።" በልኩ። ነቲ ሰደፍ ናይቲ ሽጉጥ ንድሕሪት ስሒበ፡ ናብ

ርእሰይ ኣቐመጥክዎ፡ ኣብኡ ኣብታ ፀልማት ክፍሊ ዝነበረት ዓራት ተንበርኪኸ። ኣነ ድማ "ኣብ ሰማይ እትነብር ኣቦና ስምካ ይቀደስ። መንግስትኻ ትምፃእ፡ ፍቓድካ ይኹን፡" እናፈተንኩ፡ ነታ ቃታ ድማ ብዝተኻእለኒ መጠን እናፀቕጥኩዋ፡ "ከምቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣብ ምድሪ ይኹን። ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና።" በልኩ፣ንሳ ድማ ኣይተኮሰትን!

ኣነ ድማ ከምዚ ኢለ ሓሰብኩ "ኦ ኣምላኽ ንስኻ ዲኻ እናቐደድካ እተድቅቐኒ ዘለኻ? እንታይ ገይረ? ከመውት እኳ ኣይትፈቕደለይን ኢኻ።" ኣነ ድማ ነታ ሽጉጥ ንታሕቲ ደርበኽዋ፡ ንሳ ድማ ተተኲሳ በቲ ክፍሊ ኣቢላ ወፅያ። ኣነ ድማ "ኣምላኽ ስለምንታይ ሞይተ ካብኡ ክወፅእ ዘይክእል? በቃ ካብዚ ንላዕሊ ክኸይድ ኣይክእልን እየ። ገለ ክትገብረኒ ኣለካ።" ኣነ ድማ ወዲቐ ኣብታ ኣብኡ ዝነበረት ንእሽቶን ኣረጊትን ረሳሕ መደቀሲየይ ክበኪ ጀመርኩ።

ኣነ ድማ ደቂሰ ክኸውን ኣለዎ። ደቂሰ ድየ ወይስ እንታይ ከም ዘጋጠመ ኣይፈልጥን።

ኣብ ምዕራብ ክኸውን ወትሩ ሃረር እየ ዝብል ነይረ። ካብ ቀደም ከምቲ ኣብኡ ዘሎ እትመስል ሓንቲ ቆቢዕ ክትህልወኒ እየ ዝደሊ ነይረ። ኣቦይ ኣብ ንእስነቱ ኣፍራስ ይጋልብ ነበረ፣ ኣነ ድማ ወትሩ ከምኣን ዝመሰለት ሓቲ ቆቢዕ ክትህልወኒ እደሊ ነይረ። ሓው ዲሞስ ሻካርያን ድማ ትማሊ ሓንቲ ገዚኡለይ፣ ንመጀመርታ ከምኡ ዝነበረኒ (ዝነበረኒ)፣ ሓንቲ ካብተን ዓይነት ምዕራባዊ ቆቢዕ።

126 ከምኡ'ውን ነታ፡ "ኣብታ ካሮሳ ዝተሰበረ ብሽግለታ ኣሎ፡ ኣብቲ ናይ ከፍቲ ሕርሻ 'ንመሸጣ ' ዝብል ምልክት" እትብል መዝሙር እናዘመርኩ፡ በቲ ምድረ ሳዕሪ ኣቢለ ዝወርድ ዘለኹ ይመስለኒ። ኣብኡ ከዓ ከም ኣረጊት ፕረሪ ስኩነር፡ እትመስል ዝተሸፈነት ብሽግለታ ዝተሰበረ ካሮሳ ከም ዝነበረት ኣስተብሃልኩ። ብርግፅ እዚ ንዝተሰብረ ስድራይ ዝውክል እዩ ነይሩ። ምስ ቀረብኩ ድማ፡ ጠመትኩ፡ ኣብኡ ድማ -ሓንቲ ናይ ብሓቂ ፅብቕቲ፡ መንእሰይ ጓል፡ ጓል ዕስራ ዓመት ኣቢላ ትኸውን፡ ፃዕዳ ዘው ዝበለ ፀጉራን ሰማያዊ ኣዒንታን፡ ፃዕዳ ክዳን ዝተኸድነት ደው ኢላ ነበረት። ኣነ ድማ ናብኣ ጠመትኩ፡ "ከመይ ኣለኺ?" ኢለያ ቀፂለ።

ንሳ ድማ "ሰላም ባባ" በለትኒ።

ንድሕሪት ተመሊሰ ድማ፡ "ባባ?" "ንምንታይ" በልክዋ፣ "ከመይ ወ/ሪት...ከምዚ ናተይ ዕድመ እናሃለኺ ከመይ ገይረ ኣቦኺ ክኸውን ይኽእል?"

ንሳ ድማ "ባባ በቃ ኣበይ ከም ዘለኻ ኣይትፈልጥን ኢኻ" በለትኒ።

ኣነ ድማ "እንታይ ማለትኪ እዩ?" በልኩዋ።

ንሳ ድማ "እዚ መንግስተ ሰማይ እዩ" በለትኒ። ንሳ ድማ "ኣብ ምድሪ ኣነ ንእሽተይ ሻሮንካ እየ ነይረ።" በለት።

"ከመይ ኢሉ" በልክዋ፡ "መዓረይ፡ ንእሽተይ ህፃን ጥራይ ኢኺ ነይርኪ።"

ንሳ ድማ "ባባ ኣናእሽተይ ዕሸላት ኣብዚ ኣናእሽተይ ዕሸላት ኣይኮኑን። ዘይሞቱ እዮም። ፈፂሞም ኣይኣርጉን ወይ ፈፂሞም ኣይዓብዩን እዮም።" በለትኒ።

ኣነ ድማ፡ "ደሓን ሻሮን፡ መዓረይ፡ ንስኺ- ፅብቕቲ መንእሰይ ሰበይቲ ኢኺ" በልክዋ።

ንሳ ድማ "ማማ ትፅበየካ ኣላ" በለትኒ።

ኣነ ድማ "ኣበይ?"

ንሳ ድማ "ኣብቲ ሓድሽ ገዛኻ ላዕሊ" በለትኒ።

ኣነ ድማ "ሓድሽ ገዛ?" ብራንሃም ኮለል ዝብሉ እዮም፣ ገዛ የብሎምን፣ በቃ...ኣነ ድማ "ኣይ ገዛ ነይሩኒ ኣይፈልጥን መዓረይ" በልክዋ።

ንሳ ድማ "ኣብዚ ላዕሊ ግን ሓንቲ እኒሄትካ ባባ" በለትኒ። ህፃን ክኸውን ማለተይ ኣይኮንኩን፡ ግን ንዓይ ኣዝዩ ሓቂ ጥራይ እዩ። [ሓው ብራንሃም በኽዩ—ኣዳላዊ] ክሓስቦ ምስ ጀመርኩ፡ ኩሉ ተመሊሱ ይመፅእ። "ኣብዚ ሓንቲ ረኺብካ ባባ" በለት። ኣብኡ ሓንቲ ከም ዝረክብ እፈልጥ እየ፡ ሓደ መዓልቲ ክኸይድ እየ። ንሳ ድማ "ቢሊ ፖል ሓወይ ኣበይ ኣሎ?"በለት።

ኣነ ድማ " ቅድሚ ሒደት ደቓይቕ ጥራይ ኣብ እንዳ ወይዘሮ ብሮይ ገዲፈዮ ነይረ።" በልክዋ።

ንሳ ድማ "ኣደይ ክትርእየካ ትደሊ ኣላ" በለት።

127 ኣነ ድማ ንድሕሪት ተጠውየ ጠመትኩ፡ ኣዝዮም ዓበይቲ ቤተ መንግስታት ድማ ነበሩ፡ እቲ... ክብሪ ኣምላኽ ኣብ ዙርያኦም ኣሎ። መዘምራን መላእኽቲ ድማ "ቤተይ፡ ምቁር ገዛ " እናበለ እንክዝምር ሰሚዐ። ብዝተኻእለኒ መጠን ብነዊሕ እናሰጎምኩ ክጎዪ ጀመርኩ። ኣብቲ ኣፍደገ ምስ በፃሕኹ ድማ፡ ፃዕዳ ክዳን ተኸዲና፡ እቲ ነዊሕ ኣብ ሕቑኣ ዝበፅሐ ፀሊም ፀጉራ፡ ኣብኡ ደው ኢላ ነበረት። ከምቲ ኩሉ ግዜ ካብ ስራሕ ወይ ገለ ደኺመ ገዛ ክመፅእ ከለኹ እትገብሮ ኣእዳዋ ኣልዒላ። ኣእዳዋወይ ሒዛ ድማ፡ "መዓረይ ንሻሮን ኣብ ታሕቲ ርእየያ"፣ ኣነ ድማ " ፅብቕቲ ጓል ኮይና ሓቀይ?" በልክዋ።

ንሳ ድማ "እወ ቢል" በለትኒ። ንሳ ድማ "ቢል" በለትኒ። ኣእዳዋ ኣብ ዙርያይ ኣንቢራ፡ (ንሳ ድማ) ልክዕ ኣብ መንኲበይ ኣንቢራ፡ እናጠብጠበት፡ "ብዛዕባይን ብዛዕባ ሳሮንን ምጭናቕ ኣቋርፅ" በለትኒ።

ኣነ ድማ "መዓረይ፥ ክገብር ኣይክእልን እየ" በልክዋ።

ንሳ ድማ "ሕጂ ኣነን ሻሮንን ካብ ናትካ ኣብ ዝሓሸ ኢና ዘለና" በለትኒ። ከምዚ ድማ በለት፣ "ድሕሪ ሕጂ ብዛዕባና ኣይትጨነቕ። ቃል ክትኣትወለይ ዲኻ?"

ኣነ ድማ “ሆፕ” በልክዋ፡ “ምእንታኽን ሻሮንን ኣዝየ ኣብ ፅምዋ ኣለኹ፡ ቢሊ ድማ ምእንታኺ ኩሉ ግዜ ይበኪ።” ኣነ ድማ “እንታይ ከም ዝገብሮ ኣይፈልጥን እየ” በልክዋ።

ንሳ ድማ “ፅቡቐ ክኸውን እዩ ቢል” በለትኒ። ንሳ ድማ “ድሕሪ ሕጂ ከምዘይትጭነቐ ጥራይ ቃል እተወለይ” በለትኒ። ንሳ ድማ “ኮፍ ኣይትብልን ዲኻ?” በለትኒ።ንየው ነጀው ጠመትኩ፡ ኣብኡ ድማ ኣዝዩ ዓብዪ መንበር ነበረ።

128 ወንበር ክገዝእ ከም ዝፈተንኩ ድማ ይዝከረኒ። ሕዚ ኣብ መወዳእታ። ሓደ ግዜ ወንበር ክገዝእ ፈቲነ። በቃ ኣረጊት እዩ ነይሩና- ነታ ናይ ቁርሲ ፅምዲ ዝኸውን ኣረጊት ልሙዳት ታሕታዩ ዕንጨይቲ መንበር። ንሳቶም ክንጥቀመሎም ነይሩና፣ እተን እንኮ መንበር ዝነበራና። ከምኡ'ውን ካብዘን ኣብ ድሕሪት ንድሕሪት እትድገፈን መንበር ክንገዝእ ኽኢልና ነይርና፣ ከም... እንታይ ዓይነት ምዃኑ ረሲዐዮ ኣለኹ፣ ቀሊል-ዕረፍቲ ዝህብ መንበር ። ዋግኡ ዓሰርተ ሾብዓተ ዶላር ድማ ነበረ፣ ንመጀመርታ ሰለስተ ዶላር ትኸፍል እሞ ኣብ ሰሙን ድማ ሓደ ዶላር ክትከፍል ትኽእል ኢኻ። ሓደ ድማ ረኺብና። ከምኡ'ውን፡ ኣየ፡ ከምኡ ምስ ገበርኩ...ምሉእ መዓልቲ ክሰርሕ ነይሩኒ፡ ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ድማ ኣብ ዙርያ ጎደናታትን ኣብ ዝኽእለሉ ቦታታትን እሰብኽ ነይረ።

ከምኡ'ውን-ኣነ ድማ ሓደ መዓልቲ ኣብ ክፍሊታተይ ድሒረ። ክንገብሮ ኣይከኣልናን፡ ከምኡ እናበለ ግዜ ወሲዱ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ሓደ መዓልቲ መጺኦም ንታ ወንበር ሒዞምዋ ከይዶም። ሽዑ ምሸት፡ ፈፂመ ኣይርስዖን እየ፡ ናይ ቼሪ ሳምቡሳ ሰንኪታትለይ። መስኪን ንእሽተይ ነገር፡ ንሳ-ንሳ- ተስፋ ከም ዝቑርፅ ፈሊጣ። ድሕሪ ድራር ድማ “እንታይ ደኣ ሎሚ ምሸት ክንድዚ ፅቡቕ ነገር ኣለኺ መዓረይ?” በልክዋ።

ንሳ ድማ፡ “ቢል፡ እቶም ኣወዳት ኣብቲ ከባቢ ገለ መትሎ ገፊፍቲ ዓሳ ክኹዕቱልካ ገይረዮም ነይረ። ናብቲ ሩባ ወሪድና ንቁሩብ ግዜ ዓሳ ክንገፍፍ ዝግበኣና ኣይመስለካን ድዩ?”

ኣነ ድማ “እወ ግን...” በልክዋ።

129 ክትበኪ ድማ ጀመረት። ገለ ፀገም ከምዘሎ ፈሊጠ። ተፀብየዮ ነይረ፣ ምኽንያቱ ክወስድዎ ከም ዝመፅኡ ድሮ ምልክታ ሰዲዶምለይ ነይሮም እዮም። እታ ናይ ዶላር ሰሙናዊት ክፍሊት ድማ ክንገብራ ኣይከኣልናን ነይርና። ኣይከኣልናን ኣይገበርናን...ዓቕሚ ኣይነበረናን። ንሳ ድማ ሓቝፋትኒ ፡ ኣነ ድማ ናብቲ ማዕፆ ከይደ ወንበርይ ድማ ተወሲዱ ፀኒሑ።

ንሳ ድማ ኣብኡ ኣብቲ ላዕሊ ነጊራትኒ፡ “እቲ መንበር ትዝክሮ ዲኻ ቢል?”

ኣነ ድማ “እወ መዓረይ ይዝከረኒ” በልክዋ።

“እዚ ኢኻ ትሓስብ ነይርካ ሓቀይ?”በለትኒ።

“እወ”

በለት ድማ፡ “ቢል ነዚኣ ኣይወስዱዋን እዮም፡ እዚኣ ተኸፊልዋ እዩ።” ንሳ ድማ፡“ሓንቲ ደቒቓ ጥራይ ኮፍ ቢል፡ ክዛረበካ ደልየ ኣለኹ።”በለትኒ።

ኣነ ድማ “መዓረይ፥ እዚ ኣይተረደአንን” በልክዋ።

ንሳ ድማ፡ “ሙብፅዓ እተወለይ ቢሊ፡ ድሕሪ ሕጂ ከም ዘይትጭነቐ ቃል እተወለይ። ሕዚ ትምለስ ኣለኻ።” ከምኡ ድማ “ከምዘይትጭነቐ ቃል እተወለይ” በለትኒ።

ኣነ ድማ “ከምኡ ክገብር ኣይክእልን እየ ሆፕ” በልክዋ።

130 ልክዕ ኣብቲ ዝመፃእኹሉ እዋን ድማ፡ ኣብቲ ክፍሊ ፀልማት ነበረ። ንየው ነጀው ጠመትኩ፡ ኣእዳዋ ድማ ኣብ ዙርያይ ከምዘሎ ተሰምዓኒ። ኣነ ድማ “ሆፕ፡ ኣብዚ ኣብ ክፍሊ ዲኺ እኔኪ?” በልኩ።

ክትጥብጥበኒ ጀመረት። ንሳ ድማ፡ “እቲ ሙብፅዓ ክትኣትወለይ ኢኻ ቢል? ከምዘይትምርዖ...ድሕሪ ሕዚ ከምዘይትጭነቐ ቃል እተወለይ።” በለትኒ።

ኣነ ድማ “ቃል እኣትወልኪ ኣለኹ” በልክዋ።

ሽዑ ክልተ ወይ ሰለስተ ግዜ ምስ ጠብጠበትኒ ድማ ከደት። ዘሊለ ተንሲአ መብራህቲ ወላዕኹ፡ ኣብ ኩሉ ቦታ ጠመትኩ፡ ንሳ ድማ ኣይነበረትን። ንሳ ግን በቃ ካብቲ ክፍሊ ወፂኣ እምበር ኣይከደትን ገና ትነብር ኣላ። ክርስትያን እያ ነይራ።

131 ኣነን ቢሊን ቅድሚ ገለ ግዜ ኣብዚ ናብ መቓብር ከድና፣ ንኣዲኡን ሓፍቱን ንእሽተይ ዕምባባ ሒዝና ነይርና፣ ኣብ ፋሲካ ንግሆ እዩ፣ ደው ኢልና። እቲ ንእሽተይ ቆልዓ ክበኪ ጀመረ፡ “ባባ፡ ማማየይ ኣብ ታሕቲ ኣላ።” ድማ በለ።

ኣነ ድማ “ኣይፋልን መዓረይ። ኣይፋልን ኣብ ታሕቲ ኣይኮነትን ዘላ። ሓፍቲኻ ኣብ ታሕቲ ኣይኮነትን ዘላ። ኣብዚ ዝተዓፀወ መቓብር ኣሎ፣ ኣብ ስግር ባሕሪ ግን ኢየሱስ ዝተንስኣሉ ክፉት መቓብር ኣሎ። ሓደ መዓልቲ ድማ ክመፅእ እዩ፡ ንሓፍትኻን ማማን ምስኡ ሒዙወን ክመፅእ እዩ።” በልኩ።

ሎሚ ኣብ ዓውደ ውግእ ኣለኹ ኣዕርኽተይ። ኣነ—በቃ ካብዚ ንላዕሊ ክነግር ኣይክእልን እየ። ኣነ...[ሓው ብራንሃም ይበኪ—ኣዳላዊ] ኣምላኽ ይባርኽኩም። ንሓንቲ ደቒቕ ርእስና ነድንን።

132 ኦ ጎይታ! ብዙሕ ግዜ ጎይታ ርግፀኛ እየ ሰባት ከምዘይርድኡም፣ እዚ ነገራት ብቐሊሉ ዝመፅእ ከመስሎም ከሎ። ግን ዓባይ መዓልቲ ትመፅእ ኣላ ኢየሱስ መፂኡ እዚ ኩሉ ሓዘን ክድምሰስ እዩ። ሰማያዊ ኣቦ ንኽንዳሎ ክትሕግዘና እፅሊ ኣለኹ።

እታ ናይ መወዳእታ ሙብፅዓ ድማ፡ ንጉሆ ኣብ ምዕጉርታ ምስ ሰዓምኩዋ፡ ኣብታ መዓልቲ ኣብኡ ከም ዝራኸባ እያ። ኣብታ ኣፍደገ ደው ኢላ

ስመይ እናፀውዐት ክትከውን እያ ዝብል እምነት ኣለኒ። ካብ ሽዑ ጀሚረ ነቲ መብፅዓ ኣኽቢረ እየ ዝነብር ዘለኹ ጎይታ ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ኩሉ ዓይነት ቦታታት ወንጌል ከብፅሕ እናፈተንኩ ፀኒሐ ኣለኹ። ሕዚ እናኣረግኩ፡ ደኺመ ድማ ኣብቂዐ ኣለኹ። ሓደ ካብዚ መዓልታት እዚ ንመወዳእታ ግዜ ነዚ መፅሓፍ ቅዱስ ክዓፅዎ እየ። ኣምላኽ ድማ ነቲ መብፅዓ እሙን ክኸውን ሓልወኒ። ፀጋኻ ኣብ ዙርያይ ይሃሉ ጎይታ። ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ነገራት ክነብር እምበር ንነገራት ናይዛ ህይወት ከይጥምት ሓግዘኒ። ብቕንዕና ክዛረብ ሓግዘኒ። ክርስቶሰይ ኣብኡ ኣብ ትሕቲ መከራ ከም ዝሞተ ኣነ ናይ ምቕሉል ዓራት ዕምባባ ኣይልምንን እየ፡ ኣይፋልን ጎይታይ። ዝተረፉ ኩሎም ድማ ብከምኡ ዓይነት እዮም ሞይቶም። ዝኾነ ቀሊል ነገር ኣይሓትትን እየ። በቃ ቅኑዕ ክኸውን ፍቐደለይ ጎይታ ሓቀኛ ክኸውን። ናባኻ ምእንቲ ክመርሖም ሰባት ከፍቅሩኒ ግበሮም። ሓደ መዓልቲ ድማ ኩሉ ምስ ተዛዘመን ኣብ ትሕቲ እቶም ወትሩ ሓምለዋይ ዝኾኑ ኣግራብ ምስ ተኣከብናን፡ ንሰብ ቤተ መቕደስ ኣንጀሉስን ንኹሎም ካልኦትን ክርእዮም ኣብ ኢዳ ሒዘ ክድይባ እደሊ። ሽዑ ብሉፅ ግዜ ክኸውን እዩ።

ምሕረትካ ኣብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፍና ኣብዚ ክዓርፍ እፅሊ። እቶም ኣብዚ ዘለዉ ድማ ጎይታ ንዓኻ እኳ ኣይፈልጡኻን ይኾኑ። ምናልባት ድማ ገለ ንእሽተይ ዝፍቀር ኣብ ስግር ባሕሪ ኣብኡ ክህልዎም ይኽእል እዩ። መብፅዓኦም እንተዘይፈፂሞም ኮይኖም ሕዚ ይፈፅምዎ ጎይታ።

133 ሎሚ ድሕሪ ሰዓት ኣብዚ ኣዝዩ ዓብዪ ኣዳራሽ ርእስና ኣድኒንና እንከለና ክገርመኒ እዩ፣ካብ ሞንጎኹም ክንደይ እትኾኑ ኢኹም “ሓው ብራንሃም ኣነውን ምስ ፍቱዋተይ ክራኽብ እደሊ እየ ። ኣነ—ኣነ—ኣብ ስግር እቲ ሩባ ገለ ዝፈትዎም ሰባት ኣለዉኒ” እትብሉ? ምናልባት ክረኽቦም እየ ኢልኩም ቃል ኣቲኹም ነይርኹም ትኾኑ፣ ምናልባት ኣብታ መዓልቲ ኣብቲ ላዕሊ ኣብ መቓብር ንኣደኻ “ደሓን ኩኒ” ምስ በልካያ፣ ምናልባት ንንእሽተይ ሓፍቲኻ “ደሓን ኩኒ” ምስ በልካያ፣ ወይ ንኣቦኻ፣ ወይ ገለ ካብኣቶም ኣብ... እቲ መቓብር፡ ከም እትረኽቦም ቃል ዝኣተኻሎም፡ ነገር ግን ክሳብ ሕዚ ከምኡ ዝበለ ምድላው ጌርካ ኣይትፈልጥን። ሕዚ ክትገብሮ ፅቡቕ ግዜ ኣይመስለካን ድዩ?

ይቕሬታ ኣብ ስምዒት ስለ ዝኣተኹ። ግን፡ ኣንታ ናተይ፡ ኣይትስቆሮን ኢኻ ዓርከይ። እንታይ ምዃኑ ኣይትፈልጥን ኢኻ- እንታይ ዓይነት መስዋእቲ! እዚ ነጥቢ ኣይኮነን፣ ዳርጋ፣ ናይቲ ታሪኽ ህይወት።

134 ክንደይ ካባኻትኩም ሕዚ ተንሲእኹም ኣብዚ ንፀሎት ክትወፁ ትደልዩ፣ “ንዝፈትዎም ሰባት ክራኽብ ደልየ ኣለኹ” ክትብሉ ትደልዩ? ካብ መንጎ ተሳተፍቲ ተንሲእካ ናብዚ ውረድ። ክትገብሮ ዲኻ? ሓደ ሰብ ክሳብ ሕዚ ከምኡ ምድላው ገይሩ ዘይፈልጥ እንተኾይኑ። ኣምላኽ ይባርኽካ ክቡር። ሓደ ብዕድመ ዝደፍአ ፀሊም ሰብኣይ ክወፅእ እርኢ ኣለኹ፡ ካልኦት ክመፁ ይርኢ ኣለኹ። ንስኻ ኣብቲ ላዕሊ ኣብ ሰገነታት ዘለኻ ንነብስኻ ኣንቀሳቕሳ፣ ትኽ ኢልካ ናብቲ መንገዲ ጥራይ ውፃእ ። ወይ ድማ ደው በል ኣንታ ሕዚ ጥራይ ብቃል ፀሎት ክትዝከር ትደሊ። ንሱ እዩ። ልክዕ ብእግርኻ ደው በል። ፅቡቕ እዩ ደው በሉ። ኣታ ከምዚ እትብል “ኣብቲ ላዕሊ ኣቦይ ኣሎ፣ ኣብቲ ላዕሊ ኣደይ ወይ ሓደ ዝፈትዎ ኣለኒ፣ክኸይድ ክርእዮም እየ ዝደሊ። ብሰላም ክረኽቦም እደሊ ኣለኹ።” ክትትንስእ ዲኻ፣ ብእግርኻ ጥራይ ደው በል፣ ኣብ ዝኾነ ቦታ ዘለኹም ተሳተፍቲ። ብእግርኻ ደው በል፣ “ክቕበል ደልየ ኣለኹ” በል።

135 እግዚኣብሄር ይባርኽኪ እመቤት። ኣምላኽ ይባርኽኩም በቲ ድሕሪት ዘለኹም። ኣብ ላዕሊ ዘለኹም ድማ ይባርኽኩም። ኣብዚ ዘለኻ ጎይታ ይባርኽካ ኩቡር። ልክዕ ኢዩ። ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰገነት ዘለኹም ጎይታ ይባርኽኩም። ኣብ ዙርያ ዘለኹም፣ ኣብ ኩሉ ቦታታት፣ መንፈስ ቅዱስ ኣብዚ ኮይኑ ኣብ ልብና እናተንቀሳቐሰ፣ ሰቢርካ ንኽትወፅእ፣ ቃል ፀሎት ንኽህልወካ ሕዚ ብእግርኻ ደው በል።

ትፈልጡ ኢኹም ሎሚ ቤተ ክርስቲያን ዘድልያ ሰቢርካ ምውፃእ እዩ። ናብ ቤት ሰራሒ ሸኽላ ክንወርድ ኣለና። እቲ ተሪር ባዕልና ዝሰራሕናዮ ስነ-መለኮትና ሓደ ሓደ ግዜ ክንድኡ ፅቡቕ ኣይሰርሕን እዩ። እቲ ዘድልየና ከምቲ ናይ ቀደም፣ ሰቢርካ ምውፃእ እዩ፣ካብ ልብና ምንሳሕ ፣ ገፅና ናብ ኣምላኽ ምምላስ እዩ። ሕዚ እዚ ጥራይ ድዩ ደው ክብል ተዳልዩ ዘሎ?

እምበኣር ሕዚ ንፀሎት ርእስና ነድንን።

136 ኦ ጎይታ ኹላትና ብእምነት ምእንቲ ክንፀድቕ ንኢየሱስ ...ካብ ምዉታት ዘተንሳእኻዮ፡ ጎይታ ንእዞም ሕዚ ንዓኻ ክቕበሉኻ ብእግሮም ደው ኢሎም ዘለዉ እልምነሎም ኣለኹ ፡ ይቕርታ ንዓኣቶም ክኸውን እፅሊ ኣለኹ። ከምኡ ውን ኦ ጎይታ ከም መድሓኒኦምን ንጉሶምን ኣፍቃሪኦምን ክቕበሉኻ እፅሊ ኣለኹ፡ ምናልባት ድማ ማማ ወይ ባባ ወይ ዝኾነ ሰብ ኣብቲ ላዕሊ ስግር ባሕሪ ክህልዎም ይኽእል። ሓደ ርግፀኛ ነገር ግን ኣሎ፡ መድሓኒ ረኺቦም። ሓጢኣቶም ይቕረ ክግበረሎም፡ ኩሉ ኣበሳኦም ድማ ክድምሰስ ነፍሶም ብደም ገንሸል ክትሕፀብ፡ ካብ ድሕሪ ሕጂ ድማ ብሰላም ክነብሩ እፅሊ ኣለኹ ።

ኩሉ ምስተወደአ ድማ ሓንቲ ክብርቲ መዓልቲ፡ ኣብ ቤትካ ተኣኪብና፡ ከም ዘይተበታተኑ ስድራቤታት ኣብኡ ክንከውን፡ ምስቶም በቲ ካልእ ወገን ዝፅበዩና እንፈትዎም ሰባት ክንራኽብ። እዚ፡ ንኣኻ ኣሕሊፍና ንህቦም፡ “ልቡ ኣብኡ ንዝፀንዐ ብፍፁም ሰላም ክትሕልዎ ኢኻ” ኢልና ንኣኻ ንህቦም ኣለና። ጎይታ ከምቲ ንሕና ንኣኻ ዝሃብናዮም ሃቦም። ብስም ወድኻ ጎይታ ኢየሱስ። ኣሜን።

137 ኣምላኽ ይባርኽኩም፡ እቶም ሰራሕተኛታት ኣበይ ደው ኢልኩም ከም ዘለኹም ርእዩም ኣለዉ፡ ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ድማ ልክዕ ምሳኻትኩም ክኾኑ ምዃኖም ርግፀኛ እየ።

ሕዚ ድማ ነቶም ናይ ፀሎት ካርድ ክቕበሉ ዘምሰዩ። ቢሊ ኣበይ ኣለዉ ጂንን ሊዮን፡ ንሳቶም ኣብ ድሕሪት ድዮም ዘለዉ? ኣብ ውሽጢ ሒደት ደቓይቕ ጥራይ ናይ ፀሎት ካርድታት ክህቡ እዮም ኣብዚ ዘለዉ። ሓው ንሰማዕቲ ፀልዩ ከፋንዎም እዩ፣ ናይ ፀሎት ካርድታት ድማ ክዕደሉ እዮም። ድሕሪ ቁሩብ ጥራይ ኣብዚ ክንምለስ ኢና፡ ንሕሙማት ክንፀሊ። ፅቡቕ ሓወይ።

www.messagehub.info

Sermons By

William Marrion Branham

"... in the days of the voice ..." Rev. 10:7